
# ወርቃዊ ኢዮቤል

## 50 ዓመት

## 1969 - 2019



## በሐ በልዋ፡ ተሳለምዋ፡
## ዕግትዋ ለጽዮን ወሕቀፍዋ




ፍሉይ ኅታም
ኣብ መበል 50 ዓመት ወርቃዊ ኢዮቤል
ር/ኣድባራት ኪዳነ-ምሕረት ኣሥመራ

ቤት ማኅተም ፍራንቸስካና
ኣሥመራ - ኤርትራ 2020

4. ር.ሊ.ጳ. ፍራንቸስኮስ

5. don Ante vidovic

6. ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም
ሊቀ-ጳጳስት ዘበኣሥመራ

12. ካ. ብርሃነ ደ. ሱራፌል
ሊቀ-ጳጳሳት ዘአዲስ አበባ

13. ኣቡነ ኪዳነማርያም የዕብዮ
ኤጳርቅና ከረን

14. ኣቡነ ፍቕረማርያም ሓጐስ
ኤጳርቅና ሠገነይቲ

15. ኣቡነ ቶማስ ዑስማን
ኤጳርቅና ባረንቱ

16. ኣባ ቶማስ ነጋሽ
መንፈሳዊ ትርጉም እዮቤል

21. ኣባ ግርማይ ኣብርሃ
ታሪክ ቤተክርስትያን ኪ.ምሕረት ኣሥመራ

34. ኣባ ኃይለ ጳውሎስ
ግጥሚ

36. ኣባ ዮናስ ዮሓንስ
ክብረ በዓል ኪዳነ ምሕረት እንታይ እዩ ምሥጢሩ ?
ስለምንታይ'ከ ኪዳነ ምሕረት ንብል ?

40. ኣባ ከሰተ ገብረዮውሓንስ
ሃለዋት ቁምስና


44. ኣባ ኃይለ ጳውሎስ
መንፈሳዊ ኣገልግሎት ቆሞሳትን ውፉያትን

52. መ. ክብሮም ኣብሃም
ግጥሚ

53. አቶ ወልዱ ኣድሓኖም
ግጥሚ

55. ሜሮን ዓንደማርያም
ኣርባዕተ መለለዩ ጠባያት ንጡፍ ካቶሊካዊ

57. ጳብጳብ
መ. ኢዮቤል ቴድሮስ




ክቡራን ካህናት፡ ፍቁራት ኣብ ኣፍሪቃን፡ ኤውሮጳን ኣመሪካን ማእከላይ ምብራቕን ኣውስትራልያን ኒዩ ዘላንድን እትርከቡ ካቶሊካውያን ምእመናን፥

ኣቐዲመም ኣብ ዘሎኹም ኣሊኹም ምስ ቅዱስ ጳውሎስ ኮይነ፣ “ካብ እግዚኣብሔር ኣቦናን ካብ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ጸጋን ሰላምን ንኣኻትኩም ይኹን” (ሮማ 1:2) ብምባል ልባዊ ሰላምታይ ኣቕርበልኩም።

ብምኽኣል ከኣ ብዕለት 24 የካቲት 2020 ዓመታዊ ክብረ በዓል ኣዴና ኪዳነ ምሕረትን ወርቃዊ ኢዮቤል ሕንጻ ቤተክርስትያን ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራን ነብዕል ስለዘሎና ዝኸኣለ ብግንባር ዘይከኣለ ከኣ ብመንፈስ ምሳና ኃቢርኩም ንእግዚኣብሔር ከተመስግኑ ንኣዴና ኪዳነ ምሕረት ክትውድሱ ብስም መላእ ርእሰ-ኤጳርቅና ኣሥመራ ንዕድመኩም።

ስራሕ ጽገና ሕንጻ ቤተክርስትያን ርእሰ ኣድባራት ብናይ ኩልና ጸሎትን ምትሕብባርን እዩ ክፍጸም ተኻኢሉ። ኣብ ወጻኢ ዘሎኹም ብዝከኣለኩም ተሓባቢርኩም ኢኹም። እቶም ዘይፈለጥኩም ወይ ዘይከኣልኩም እውን ከምቲ ኣብ ጊዜ ቅዳሴ እንብሎ፣ “ብዙኅ ኮነ ውሑድ፡ ኅቡእ ኮነ ግሁድ መባእ ዘምጽኡን፣ ነቶም ኪህቡ ዚደልዩ ግን ዚወሃብ ዘይብሎምን፣ ሀረርታኦም ቅቡል ኪኸውን ንተኃዝ ኩሉ እግዚኣብሔር ኣቦ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንለምን” ዝብል ጸሎት ከምእነዕርግ ነረጋግጸኩም።

ስራሕ ሕደሳ ርእሰ ኣድባራት ዳርጋ ኩሉ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ወጻእን ብዝርከቡ ካቶሊካውያን ምእመናን እዩ ተሳሊጡ ክብል ከሎኹ ዓብይ ሓጐስ ይስምዓኒ። ካብ ረስዓ ደኣ የድሕነኒ ኣምበር፣ እተን፥ ይብዛኅ ይውሓድ ብቀጥታ ዘበርከታ ከተማታት ወይ ሃገራት እዘን ዝስዕባ እየን፥ ሮማ፡ ስዊዘርላንድ፡ ሆላንድ፡ በልጁም፡ ሎንዶን፡ በርሚንግሃም፡ ሊድስ፡ ሰፊልድ፡ ኖቲንግሃም፡ ፍርንክፎርት፡ ስቶክሆልም፡ ኦስሎ፡ እስራኤል፡ ካይሮ፡ ካምፓላ፡ ዋሽንግቶን፡ ኣትላንታ፡ ዳላስ፡ ሎስ ኣንጀለስ፡ ኦክላንድ፡ ሲያትል፡ ላስ ቨጋስ፡ ፊንክስ፡ ደንቨር፡ ቶሮንቶ። ብዙኃት ውልቀ ሰባትን ስድራቤታትን ከኣ ዘዝዓቕሞም ዘወፈዩ ኣለው። ኣብዚ ስራሕ እዚ፣ እምነት፣ ጽቡቕ ድላይ፣ ኅብረት፣ እንተሎ፣ ክንደይ ዓብይ ቊምነገር ክግበር ከምዝከኣል ተራእዩ እዩ። ንኹልኹም ባዕላ ኪዳነ ምሕረት ኣዴና ትቀበለልኩም ኣኻዕቢታ ከኣ ተሃብኩም እናበልና ንምርቐኩም።

*ምስ ብዙኅ ሰላምታን ቡራኬን*

*ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም*

*ሊቀ ጳጳሳት ዘመንበረ ኣሥመራ*

APOSTOLIC NUNCIATURE
IN ERITREA
N. 1007/2020

Khartoum, 16th January 2020

Your Excellency,

It is my honor to forward to you the following message:

*The Most Reverend*
*Menghesteab Tesfamariam*
*Archbishop of Asmara*

*His Holiness Pope Francis was pleased to learn of the celebrations marking the fiftieth anniversary of the Cathedral of Asmara, to be held on 24 February 2020, and he sends cordial greetings to you and to all the priests, religious and lay faithful of the Archeparchy on this important occasion. As the faithful reflect on the legacy of faith, worship and Christian witness symbolized by the Cathedral, His Holiness encourages them to renew their commitment to be "like living stones... built into a spiritual house, to be a holy priesthood, to offer spiritual sacrifices acceptable to God through Jesus Christ" (1 Pet 2:5), spreading the Good News, "not only with words, but above all by lives transfigured by God's presence" (Evangelii Gaudium, 259). With these sentiments, the Holy Father gladly impart his Apostolic Blessing as a pledge of joy and peace in the Lord Jesus Christ.*

*Cardinal Pietro Parolin*
*Secretary of State*

With my cordial greetings and best wishes, I remain

Sincerely yours in Christ,

Ante Vidović

don Ante Vidović
Chargé d'Affaires, *a.i.*

---

His Excellency
Mons. MENGHESTEAB TESFAMARIAM M.C.C.J.
Metropolitan Archbishop of Asmara
**ASMARA**



Khartoum, 8 febbraio 2020

Sua Eccellenza Reverendissima
Mons. MenghesteabTesfamariam M.C.C.J.
Arcieparca Metropolita di Asmara
ASMARA

Eccellenza Reverendissima,

con grande gioia ho ricevuto il Suo invito alla celebrazione della Solennità della Madonna del Perpetuo Soccorso (*KidaneMehret*), Patrona della Cattedrale ad Asmara, che quest anno si celebra in modo più solenne, per due motivi: il Giubileo dei 50 anni di esistenza della Cattedrale e l'inaugurazione dei lavori di restauro della stessa chiesa.

Vi faccio le mie più sentite congratulazioni per questo grande Giubileo che celebriamo nella bellissima Cattedrale rinnovata recentemente.Mentre vi auguro ogni bene, vorrei dirvi due parole molto semplici che escono dal mio cuore.

Carissimi fratelli e sorelle,

da quando dai miei Superiori a Roma sono stato destinato alla Nunziatura Apostolica in Sudan ed Eritrea, ovvero, negli ultimi 19 mesi, ho potuto vedere da vicino la vostra grande fede e la ricchezza della vostra liturgia, a quale diverse volte ho partecipato sia ad Asmara che a Khartoum. È una meraviglia sentire le vostre voci durante la celebrazione quando la chiesa si riempie di canti che danno lode al Signore. I vostri inchini con la testa fino a terra sono la preghiera più profonda che io ho mai visto nella mia vita.

Tutto questo sta succedendo anche in questa Cattedrale, della quale celebriamo 50 anni di esistenza. Mi domando: quanti canti, quanti inchini davanti al Signore sono stati fatti qui in questi 50 anni? Noi non sappiamo la risposta, la sa solo il nostro Signore al quale vanno le vostre preghiere. E se noi avolte pensiamo che Lui rimane lontano, che siamo abbandonati nelle nostre difficoltà, vi assicuro che il Signore vi sta benedicendo, e questo vi dico come uno straniero, che vi guarda da fuori che però è diventato uno di voi, vi può dire con tanta sicurezza che siete un popolo benedetto dal Signore. Voi siete diventati "il sale della terra" e "la luce del mondo" (Mt 5,13-14). Per noi nelle Chiesa cattolica siete un popolo, che orgogliosamente possiamo mettere "sul lucerniere", e così fatte "luce a tutti quelli che sono nella casa" (Mt 5,15) che si chiama il mondo.

Durante tanti incontri con voi ho visto anche la vostra fedeltà al successore di Pietro, a Pietro dei nostri giorni, a Papa Francesco. Mentre vi ringrazio per questa fedeltà, vi incoraggio di continuare, vi invito a pregare per lui, e vi assicuro che lui ogni giorno pensa a voi, prega per voi e che vi vuole tanto bene. Così come anche io.

La Cattedrale ad Asmara è la madre di tutte le chiese dell'Archieparchia di Asmara, e visto che questa Chiesa locale è una Chiesa *sui iuris*, possiamo dire che è anche la madre di tutte le chiese cattoliche in Eritrea. Sappiamo bene che cosa vuol dire una madre. Questa chiesa è una madre che fedelmente con le braccia aperte aspetta i suoi figli, quelli che vivono in Eritrea ma anche quelli sparsi in tutto il mondo, e che vi dice "Non dimenticatevi di me, non dimenticatevi dell'Eritrea e non dimenticatevi mai che voi siete  "il sale della terra" e "la luce del mondo" (Mt 5,13-14)."

don Ante Vidović
Incaricato d'Affari *a.i.*
Nunziatura Apostolica in Eritrea

# ግበሩ በዓለ በትፍስሕት


## ወርቃዊ ኢዮቤል ሕንጻ ቤተክርስትያን
## ርእሰ-ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ

ክቡራትን ክቡራንን ሕዝበ እግዚኣብሔር፥

“ካብ እግዚኣብሔር ኣቦናን፡ ካብ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ጸጋን ሰላምን ንኣኻትኩም ይኹን” (1ቆሮ 1:3)። ወርቃዊ እዮቤል ዝብል ስያሜ ካብቲ እግዚኣብሔር ንሕዝቢ እስራኤል “እዛ መበል ሓምሳ ዓመት እዚኣ ዓመት እልልታ ትኹነልኩም”(ዘሌዋ 25:11) ዝበሎም ቃል ዝተበገሰ እዩ። እግዚኣብሔር ነዛ ዓመት ኢዮቤል ወይ ዓመት ዕልልታ እዚኣ ንሕዝቡ ናይ ምስጋና፡ ናይ ዕረፍቲ፥ ናይ ምሕረትን ዕርቅን፡ ናይ ኅልና መርመራን ገምጋምን፣ ናይ ምሕዳስ ነፍስን ሥጋን፡ ናይ ፍትሕን ሰላምን ዘመን ክትኮነሎም እዩ ደልዩዋን መዲቡዋን። ሎሚ ንሕናውን ነዚ ወርቃዊ ኢዮቤል ሕንጸት ቤተክርስትያን ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ከነብዕል ከሎና ብታሕጓስን ብምስጋናን ብዕልልታን ንግበሮ። እምነትናን ተስፉናን ፍቕርናን ነሓድስ፡ ጌጋና ንኣርም፡ ብቤተርክትያንና ንገደስ፡ ግቡእናን መሰልናን ንፍለጥ። ነዚ ዝሰዕብ ገለጻ ጉዕዞ ምሕዳስ ቤተክርስትያንና ከነንብብ ከሎና ድማ ብኃይልና ዘይኮነ ብኃይሊ እግዚኣብሔርን ብኣማላድነት እታ ዘይትጠልም ኣዴና ኪዳነ ምሕረትን ከምዝተፈጸመ ክበርሃልና እዩ።

እዛ ሕጂ ተጸጊናን ተሓዲሳን እንርእያ ዘሎና ሕንጻ ቤተክርስትያን ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ ቀድሚ 50 ዓመት፣ ብዘመነ ጽጽሰና በዓል ጥዑም ዝኽሪ ብፁዕ ኣቡነ ኣብርሃ ፍራንስዋ እያ ተሓኒጻ። ፲፪ ሚያዝያ ፲፱፻፷፩ ዓ.ም. ፣ 20 ሚያዝያ 1969 ዓ.ም.ፈ. ከኣ ተባሪኻ። ካብ እትባረኽ እምበኣር ዝሓለፈ ዓመት ልክዕ ሓምሳ ዓመታ መሊኣ ማለት እዩ። እዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣሳእል ከምዝምስክሮ ኣብዚ ዝሓለፈ ሓምሳ ዓመት ድማ መናድቓ ብንፋስን ብከላ ኣየርን ኣዝዩ ተበላሽው እዩ ነቢሩ።








(እቲ ረሲሑን ጸሊሙን ዝነበረ መናድቕ ሕንጻ ቤተክርስትያን ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት በብመኣዝኑ ክርኢ እንክሎ ብጣዕሚ ኣኽፊኡ ከምዝነበረ ዘመልክት ኣሳእል ምዕዛብ እኹል እዩ።)

በዚ ምኽንያት ከኣ ብዙኅ ሰብ ክስከፍን ክዛረብን ጀሚሩ ። ንኣይ ግን ልዕሊ ኩሉ ዘገዝነኒ ዝነበረ መዓልቲ መጸ “ቀጻሪ ዘይብሉ መንበር ሰዓት” በርባዕተ መኣዝን እንዳ ደወል ክርኢ ከለኹ እዩ ነይሩ። ከምዚ እንጌራ ዘይብሉ ጽቡቕ መሶብ ኮይኑ ይረኣየኒ ነይሩ እንተበልኩ ምግናን ኣይኮነን። በዚ ምኽንያት ሓምሳ ዓመት እትመልኣሉ ጊዜ ከምዝተቓረበ ምስ ፈለጥና እንታይ ንግበር ናብ ዝብል ሕቶ ኣቲና ማለት እዩ።ስለዚ ድማ፡ ነቲ ሕንጻ ከነሐድሶን፡ ነቲ ናይ ሰዓት ጉዳይ ድማ ንወርቃዊ ኢዮቤል ምኽንያት ብምግባር ከነተግብሮ ቍርጽ ፍቓድ ገበርና።

ቅድሚ ኩሉ፣ ዘይነበረ ሰዓትን፣ ምስኡ ዝኸይድ ደወልን ኣምጺና፣ መናድቕ ምቕራፍን ምልሳንን፣ እንደገና ከኣ ሕብሪ ምልካይን ፡ ነቲ ናይ ቀደም ዚንጎ ቀንጢጥካ ሓዲስ ዚንጎ ምልጋብ ኣገዳሲ ምኳኑ ተረዲእና ብዛዕባ እዚ ኩሉ ኣብ ዓዲ ጥልያን ከነጣይቕ ጀመርና። ነቲ ዝልከ ቀለም ብዝምልከት ከኣ ኣብቲ ሕንጻና ሓዳስ ከላ ዝወጸት ካርቶሊና መበገሲ ብምግባር ንዝምልከቶም ሰብ ሞያ ተወኪስና ኣየናይ ሕብሪ ናብ ናይ ቀደማ መልክዕ ይመልሳ ከመይ ዝበለ ቀለምከ እዩ ንርስሓት ዝጻወር ኢልና ድሕሪ ተዋሲእና እዚ ሕጂ ኣወቂብዋ ዘሎ ዓይነት ቀለም ኣብ ዓዲ ጥልያን ከምዝዳሎ ተገቢሩ። ብውሽጥን ብደገን ናይ ኤሌክትሪክ መስመር እንደገና ምዝርጋሕ ከምኡውን ንቤተክርስትያንና ዝግባእ መብራህቲ ምልጋብ ኣገዳሲ ምኳኑ ተረዲእና ከነተግብሮ ተሰማማዕና። ሰዓትን ደወልን ከኣ ኣብ ኡሾ ዝበሃል ጥቓ ከተማ ጀኖቫ ዝርከብ ዓዲ ናብ ትረቢኖ ዝበሃል ውሩይ ስራሕ ሰዓትን ደወልን ክልተ ጊዜ ኬድና እቲ ዝሓሸ ክስርሓልና ተላዚብና ኣዚዝናዮውን ተመለስና። ብተወሳኺ፣ ኣብ ዝኾነ ስራሕ ሕንጻ ብዘይ መደያየቢ ብዙኅ ክግበር ስለዘይከኣል፣ ነዚ ዓብዩ ስራሕ ጽገናን ምሕዳስን ቤተክርስትያንና ዝኾነና ዝኣክል መደያየቢ ሓጻውንን መሳልልን እውን ምስቲ ኩሉ ካልእ ኣድላዩ ኣቕሑት ከነምጽእ ወሰንና። እቲ ዝኸበደ ክፋል ናይ ሕንጻና እንዳ ደወልን ጉልላትን ስለዝነበረ ንእንጂነር በኒቶ ፊከራን ጆመትራ ሳልቫቶረን ኣዝዩ በዳኺ ስራሕ እዩ ነቢሩ። ኣዴና ኪዳነ ምሕረት ወትሩ ምሳና ከምእትኸውን ግን ኣይተጠራጠርናን። ሳላኣ ከኣ ካብ ዝኾነ ከቢድ ሓደጋ ድኂንና ክንብል ንኽእል።

(ንስሉጥን ኣተኣማማንን ስራሕ ተባሂሉ መናድቕ ሸፊንካ ምስራሕ ሓደ ካብቶም ዘመናውያን ኣገባባት ሕንጻ ከም ምዃኖም መጠን ሕንጻ ኣዴና ኪዳነ ምሕረት ከኣ በዚውን ጽቡቕን ብቑዕን ኣርኣያ ኮይና ተረኺባ ። ክኢላታት ከተማ እውን ብዝግባእ ኣመስጊኖም እዮም።)

እንዳ ደወልን ጉልላትን ፍሉይ ትኹረት ዘወሃበን ክፋል ናይቲ ስራሕ ጽገና እየን። ኣብ ርእሲኡ እቲ ጉልላት ብሙሉኡ ብሞዛይክ ዝተለበጠ እምበር ብቀለም ዝተቐብአ ስለዘይኮነ ተወሳኺ ጻዕርን ጥንቃቐን ዝሓትት እዩ። ካብ እንዳ ደወል ነቲ ዝነበረ 5 ደወል ኣውሪድካ ነቲ ሓዲሽ ክትሰቅል እውን ካልእ ፍሉይ ብልሓትን ጥንቃቐን ዘድልዮ እዩ ዝነበረ።





ሓሙሽተ ዝተፈላለየ ክብደትን ድምጽን ዘለዎ፣ብግእዝን ብትግርይናን ድማ ጥቕስታትዝተጻሕፎ ሓደስቲ ደወል ተሰቒሎም ብግቡእ ስርሐን ካብ ዝጅምራ ድሮ ልዕሊ ሓደ ዓመት ኮይኑ ኣሎ።








(ኣብ ላዕልን ኣብ ታሕትን እቶም ተክኒሻን ኣብ እንዳ ደወል ክሰርሑ ከለው ዘመልክት ኣሳእል። ኣረጊት ደወል ክወርድ ሓዲስ ደወል ክሰቀል ከምኡ ከኣ ኣብ ቀጻሪ ሰዓት ንመጀመርያ ጊዜ በርባዕተ መኣዝን ምስ ለገበ ዘርኢ ኣሳእል ንዕዘብ።)





ኣብ ወርኂ ታሕሳስ 2018 ካብ ኡሾ (ጀኖቫ) ትካል ትረቢኖ ዝለኣኾም ክልተ ተክኒሻን መጺኦም ብ10 መዓልቲ ነቲ ዝነበረ 5 ደወል ኣውሪዶም ብሓዲስ 5 ደወል ብምትካእ ሰዓት ከኣ ባዕሉ (ኣውቶማቲክ) ጌዜ ዝቖጽርን ኣብ ሰሰዓቱ፣ ከምኡውን ንግሆን ፍርቂ መዓልትን ምሸትን ብፍሉይ ድምጺ ዝድውልን ጌሮም ሎጊሞም በርባዕተ መኣዝን ኣልጊቦም ብድኃነ ሰላም ንዓዶም ተመሊሶም።

እዚ ሰዓት ወላ ንብዙኅ ሰዓታት ኤለትሪክ እንተ ጠፍአ ምስ መጸ ባዕሉ እዩ ብዙኅ ከይደንጐየ ዝሰተኻኸል። መዛሙር እንተ ኣእቶኻሉ ድማ ብኸምኡ ይድውል። ክሳዕ ሕጂ ሰዓት ሓሙሽተን ሾብዓተን ናይ ምሸት መዝሙር ሉርድስ፡ “ሰላም ሰላም ማርያም” ይቃኒ። እንዳ ደወል ብደገን ብውሽጥን እዩ ተጸጊኑ። ካብቲ ደወል ዘለዎ ዶሮና ንታሕቲ ከይኣትዎ መከላኸሊ ተገይሩሉ ኣብ መጨርሰታ መሳልል ኣውን ማዕጾ ተሰሪሑሉ ኣሎ። ኣብ ጉልላት ዘሎ ሞዛይክ ቀደም ኣብ ሃገርና ዝተሰርሐ (እንዳ ፍንጃል) ስለዝኾነ ኣብ ካልእ ከምኡ ዝበለ ክንረክብ ኣይከኣልናን ብፍላይ ነታ ቅናት ጉልላት። ስለዚ ሓሓሊፍካ ብቸመንቶ ጥራይ ተለሲኑ። ኣብ ዝመጽእ ንእኡ ዝከውን ይፍጠረሉ።

ሽሕኳ ኣቐሑት ምስ ኣተወ ስራሕ ቀልጢፍና ክንጅምር እንተተበገስና ብዝተፈላለየ ምኽንያት ልዕሊ ሓደ ዓመት ጠጠው ክንብል ተገዲድና ኢና። ዝኾነ ኮይኑ መስከረም 2018 ጽባሕ ቅዱስ ዮሓንስ ስራሕ ብዝግባእ ጀሚሩ ብጽቡቕ ቀጺሉስ እንሆ ኣብ መፈጸምታ በጺሑ ብሓጕስ ንዕዘቦ ኣሎና። ስራሕ ጽገና ብእንዳ ደወል እዩ ተጀሚሩ። መጀመርያ ነቲ ናዕናዕ ዝበለ ቶኖኮ ኣሊኻ ኣጽሪኻ ምልሳኑ እሞ ሕብሪ ምቕብኡ ዝብል ሓሳብ እዩ ነይሩና። ድሕሪ ቊሩብ ጊዜ ግን ነቲ ኣረጊት ቶኖኮ ኩሉ ቀሊጥካ ብማይ ሓጺብካ ከምብሓዲሽ ለሲንካ ምቕባእ ይምረጽ ኣብ ዝብል ሓሳብ ወዲእናዮ። ሓደ ካብቲ ነዚ ሓሳብ ክቕበል ዝደረኸኒ ሰብ ኦርቶዶክሳዊ ገባር ሰናይ እዩ ነቢሩ ክብል እውን እደሊ። ንሱ፥ “ኣባታቺን በጃኹም ጽቡቕ ስራሕ ምግባር ይሓይሽ፡ ኣነ ከኣ 100 ኩንታል ቸመንቶ ክሕግዘኩም እየ” በለኒ እሞ ምሉእ ብምሉእ ቀሊጥና፡ ሓጺብና ክንልስኖ መደብና።






መናድቕ መላእ ሕንጻ ቤተክርስትያና ከምዚ ስእሊ ዘርእዮ ምሉእ ብምሉእ ተቐሪፉ፣ ተሓጺቡ እዩ ከም ብሓዲሽ ተለሲኑን ተቐቢኡን። መብዛሕቲኡ መንደቕ ብእምኒ ኮይኑ ሓሓሊፉ መእሰሪ ዝኸውን ቅናት ከኣ ብጡብ እዩ ተነዲቑ።


ነዚ ኩሉ ንምግባርከ መን ከፈሎ ዝብል ሕቶ ክመጽእ ናይ ግድን እዩ። ብወገነይ እንተኮይኑ ቅዱሚ ኩሉ ኣዴና ኪዳነ ምሕረት እያ ከፊላትልና ክብል እፈቱ!!! ኣቑሑት ንምግዛእ ሰራሕተይናታት ንምኽፋል ኣዝዩ ብዙኅ ወጻኢታት እዩ ሓቲቱና። እንተኾነ እታ “ሆይ ማርያም! ሓግዝና!” ዝበልናያ ለጋስ ሰበይቲ ኣየግድዓትናን። በቲ ካልእ ወገን ከኣ እዚ ስራሕ እዚ ከምቲ ክንብገስ ከሎና ዝበልናዮ፡ ኣብ ዓድን ኣብ ወጻእን ዝርከቡ ብዙኃት ደቂ ኪዳነ ምሕረትን፡ ፈተውቲ ኪዳነ ምሕረትን፣ ብዙኃት ለጋሳት ውልቀ ሰባትን ቊምስናታትን ገዳማትን ካልኦት ካቶሊካውያን ትካላት ግብረ ሠናይን፣ ብዝገበርዎ ኣበርክቶ እያ ኣብዚ ክትበጽሕ ክኢላ ዘላ።

ብዕለት 9 ሚያዝያ 2014 ዝቘመ ካብ ቊምስናታት ኣሥመራ ዝተመርጹ ኣባላት ኮሚቴ ምሕዳስ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት፡ ኣብ ክፍልታት ጎሰጓሰን፡ ተክኒክን፣ ቊጠባን  ተወዲቦም ስርሖም ጀመሩ።  ኣብ ርእሰ-ኤጳርቅና ኣሥመራ ዝርከቡ ውልቀ ምእመናንን፣ ቊምስናታትን፡ መንፈሳውያን ማኅበራትን፡  ገዳማት ውፉያት ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን፣ ብለጋስነት ከክእለቶም ከወፍዩ ጀመሩ። ብፍላይ መንፈሳውያን ማኅበራትን ስድራቤታትን ቊምስና ርእሰ ኣድባራት ከምኡውን ኃውትና ግደይ ቅዱስ ኣንጦንዮስ ንሰራሕተይናታት ንምትብባዕ በብጊዜኡ ቊርስን ምሳሕን ደጋጊመን ኣወፍየናሎም እየን። ንኩሎም ነዚ ስራሕ ዕውት ክኸውን ዝተሓባበሩ ኩሎም ብልቢ ነመስግኖም። ኪዳነ ምሕረት ባዕላ ኣኻዕቢታ ትሃብኩም እናበልና ንምርቐም!





መዓጹን መሳኹትን ሕንጻ ኪዳነ ምሕረት እውን ኩሉ ክሕደስ ምኽኑ ካብ መጀመርታ ኣብ ግምት ዝኣተወ እዩ። ናይ መሳኹቲ ዝተፈላለየ ሕብሪ ዘለዎ መስትያት ዝተሰብረ ክትካእ ከምዘለዎ እውን ርጉጽ እዩ። ኣብ ቅድሚ ቤተክርስትያን ዘሎ ሠለስተ መዓጹ እንተ ተዓዚብና፣ ኣብ ልዕሊ እታ ማእከለይቲ ስእሊ ኣዴና ኪዳነ ምሕረት ኣሎ። ኣብ ርእሲ እተን የማነ ጸጋም ዘለዋ መዓጹ ግን ኣሳእል ኣይነበረንን። ሕጂ ግን ብወገን ጸጋም ኣብ ልዕሊ ዘላ ማዕጾ ስእሊ ቅዱስ ጴጥሮስ ሊቀ ሓዋርያትን ሓላዊ ቤተክርስትያንን፣ ኣብ ልዕሊ እታ ብየማን ዘላ ከኣ ናይ ቅዱስ ዮሴፍ ጻድቕ ሓላዊ ስድራቤታት ብሞዛይክ  ኣብ ሮማ ኣሰሪሕና ኣልጊብናለን ኣሎና።




ናይ ቀደም ዚንጎ ተላዒሉ ብሓዲሽ ክትካእ ገለ ሞራለን ቦሎፎንን ዚንጎን ተበላሽውን ተበሲዑን ጸኒሖ። ከምዝግባእ ከኣ ተተኪኡ፡ ስልማት ዘድልዩ ቦሎፎን ከኣ ተሰሊሙ።





ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመታት ንኤውሮጳ ክገይሽ ከሎኹ፡ ብዙኅን ኣዝዩ ዘደንቕን ሕንጻ ኣብያተ ክርስትያን ተዓዚበ። ብፍላይ ኣብ ከተማታት ዓድጥልያንን ፈረንሳይን ጀርመንን ሆላንድን ስፐይንን ዝርከቡ ብዙኃት ሕንጻታት፡ ቅድሚ ብዙኅ ዘመናት፡ ገና ብቑዕ መሳርሒ ኣብ ዘይነበረሉ ጊዜ፡ ከምኡውን ዝበዝሐ ሕዝቢ ኣብ ከቢድ ድኽነት ኣብ ዝነብረሉ ዝነበረ እዋን፡ ከመይ ገቢሮም ነዚ ብዕብየቱን ብንውሓቱን ብጽባቐኡን ብቅርጹን ዘስደምም ሕንጻታት ክሓንጹ ክኢሎም ዝብል ሕቶ ይመጸካ። እታ ዝረኸብኩዋ ዓባይ መልሲ ከኣ ኣብቲ ጊዜ እቲ ዝበዝሑ ሰብ እምነት ነይሮም ነቲ ዝበለጸ ኩሉ፡ ማለት ጊዜኦም፡ ገንዘቦም፡ ጉልበቶም፡ ንእግዚኣብሔርን ንቅዱሳኑን ከወፍዩዎ ጸገም ኣይነበሮምን። ሎሚ ግን ኣብ ኤውሮጳ ቤተክርስትያን ክሰርሕ ደልየ እሞ ሓግዙኒ ካብ ምባል ማይ ክኹዕት ቤት ትምህርቲ ክሰርሕ እንተበልካዮም ዝያዳ ይሰምዑኻ። ኣብ ገለገለ ቦታ ብዛዕባ ዝኾነ መንፈሳዊ ስራሕ ክትዛረቦም እውን ኣይትኽእልን። ገሊኦም “ ሰብ እናጠመየ ከሎ፣ ስለምንታይ ክንድዚ ዝኣክል ገንዘብ ንሕንጻ ቤተክርስትያን ተውጽኡ? ዝብሉ እውን ኣይሰኣኑን እዮም። እዚ ከኣ ናይቲ ተዳኺሙ ዘሎ እምነቶም ምልክት እዩ። ኣነ ብወገነይ“ንስኻትኩም ከማና ድኻታት ከሎኹም ኢኹም ነዚ ዘደንቕ ኣብያተ ክርስትያን ሰሪሕኩም፡ እቲ ምንታይ ኣቦታትኩምን ኣዴታትኩምን ዓብይ እምነት ስለዝነበሮም እዩ” እናበልኩ እየ ዝማጐቶም። እዚ ከኣ ሓቂ እዩ። ቤት እግዚኣብሔር ምስራሕ ናይ እምነት ስራሕ ወይ ጉዳይ እዩ። ንዝጠመየ መግቢ ንዝደንቀረ ትምህርቲ ንዝዓረቐ ክዳን ንዝሓመመ መድኃኒት ምሃብ ከኣ የራጉዶ ። ቤተክርስትያን ምጽጋን ወይ ምስራሕ ናይ እምነት ጥራሕ ዘይኮነ ናይ ተስፋ ስራሕ እውን እዩ። ከምቲ እግዚኣብሔር ንኤርሚያስ ነቢይ ሰብ ናብ ባቢሎን እናተሰደደ እንከሎ፣ ምልክት ተስፋ ምእንቲ ክኾኖም ኣብ ዓዱ ሓዲስ ግራት ክዕድግ ዝኣዘዞ (ኤር 32 ረአ) ከምኡ ከኣ ንሕና ምልክት ተስፋ ክንከውን እዩ ዘተባብዓና። ልክዕ እዩ፣ ኣብዚ ሎሚ እዋን ኣብ ሕንጻ ምውፋር ምስ ጽሉል ዘቕጽር ክመስል ይኽእል ይኸውን፣ እንተኾነ ግን፣ ጉይታ-ታሪኽ፣ መድኃኔ-ዓለም ክርስቶስ እምበር ሰብ ኣይኮነን። ስለዚ ኩሉ ኣብ ኢዱ ገዲፍና ቤተክርስትያን ናይ ኣዴና ኪዳነ ምሕረት ክንጽግንን ከነሓድሰን ተበጊስና። ሕጂ ከኣ ኪዳነ ምሕረት ተሓዲሳን ተኾሊዓን ንዝርኢ ኩሉ ተስፋ ከምዝኾኖ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ብመሠረቱ ክርስትያን ማለት ከኣ ወዲ ወይ ጓል ተስፋ ማለት ምኻኑ ክንርስዕ ኣይግባእን እዩ።





እዛ ብጸጋም ዘላ ናይ ቀደም ካርቶሊና ስእሊ ክንጅምር ከሎና ቀለም ክንመርጽ ዝሓገዘትና እያ። እዛ ብየማን ዘላ ስእሊ ከኣ እዛ ሕጂ ተሓዲሳን ወቒባን እትርአ ሕንጻ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት እያ። ዓሚ ኣብ ዓመታዊ ክብረ በዓል እኖና ኪዳነ ምሕረት ኣብ ትሕቲ እታ ኣብ ግምባር ሕንጻ ዝሰቐልናያ ዓባይ ስእሊ “ሆይ ማርያም! ሓግዝና!” ዝብል ጸሎትን ጭርሖን ጽሒፍና ከምዝነበርና ኩልና ንዝክሮ እዩ። ኪዳነ ምሕረት ከኣ ኣይጠለመትን። እንሆ ከም ቃላ ሓጊዛትናስ ስራሕ ጽገና ብድኃነ ሰላም ፈጺምና ናይ ወርቃዊ እዮቤል በዓላ ብሓጐስ ነብዕል ኣሎና። ብሓቂ ኣብ ኣደ ኢየሱስ ዝተኣመነን ዝተጸግዐን ኣይሓፍርን እዩ። ብእምነት ንዝለመና እትሰምዕን እተሰምዕን ኣደ ኣላትና። እቲ ፍቁር ወዳ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብዝኣተወላ ኪዳን መሠረት ዝለመንናያ ከምእተሰልጥ ርጉጻት ኢና።

ካብቲ ኣብ ምሕዳስ ሕንጻ ቤተክርስትያን ተጸሚድና ከሎና ዝመጸኒ ኣዝዩ ኣገዳሲ ሓሳብ ምግዓዝ ኣስከሬን በዓል ጥዑም ዝኽሪ ብፁዕ ኣቡነ ኣብርሃ ፍራንስዋ ካብ ካቶሊካዊ መካነ መቃብር ጸጸራት ናብ ቀጽሪ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት እዩ። ከም መራሒ ቤተክርስትያንና ይግብኦም ብምባል ጥራይ ዘይኮነ፣ እዛ ቤተክርስትያን እዚኣ ኣብ ግዜኦምን ብተገዳስነቶምን ስለዝተሰርሐትውን ጽቡቕ ኣጋጣሚ ተረኺቡ ኢለ ምስ ጳጳሳትን ካልኦት ኣማኸርትን ብምውሳእ ብዕለት 14 ታኅሣሥ 2019 ኣብ ጸጸራት ሓዲስ ሕንጻ መዓቀቢ ኣስከሬን ድሕሪ ባሪኽና ነስከሬን ብፁዕ ኣቦና ብዓጀብ ኣግዒዝና ኣብ ሓዲስን ዝግብኦምን መቓብር ኣንበርናዮ። እዞም ብመንፈሳውነቶምን ብሊቕነቶምን ተባዕ ምስክር ወንጌል ክርስቶስ  ዝኾኑ ኣቦና ንቤተክርስትያንናን ንሃገርናን ሰላምን ብልጽግናን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ኮይኖም ከምዘማልዱ እምነትናን ተስፋናን ምሉእ እዩ። ኣብዚ ንኣባላት ስራሕ ካቶሊካዊ መዓቀቢ ኣስከሬን ጸጸራት ብፍላይ ከኣ ንእንጂነር ያዕቀብ ብስም ኩልና ከየመስገንክዎም ክሓልፍ ኣይደልን። ሀቦ እግዚኦ ዕረፍተ ዘለዓለም፡ ወይኩን ዕረፍቶ በሰላም!!





"ግበሩ በዓለ በትፍስሕት"! ብርግጽ መናድቕ ቤተክርስትያንና ተሓዲሱ ኣሎ፣ እዚ ግን እኹል ኣይኮነን። እቲ ዝዓበየ ምሉኡ ሕይወትና ምስ ዝሕደስ  ጥራይ እዩ። ናብዛ ተሓዲሳን ወቒባን ዘላ ቤተክርስትያንና ኣብ ምግሳስ እንተ ተቐዳደምና፣ ምስጢራት ብዝግባእ እንተ ተቐበልና፡ ናይ ምሕረት ስራሕን መባእን ምጽዋትን ኣብ ምግባር ለጋሳት እንተኮንና፣ ሕይወትና ይሕደስ።  መዝሙር በዓለ ሆሳዕና፣" ሃሌ ሃሌ ሉያ፣ ኣርእዩነ ፍኖቶ ወንሑር ቤቶ፣ እስመ እምጽዮን ይወጽእ ሕግ፣ ወቃልል እግዚኣብሔር እምየሩሳሌም። ንሳለማ ለመድኃኒትነ በትፍስሕት፣ ተቀበልዋ ለታቦት እስመ ዋካ ይእቲ ወብርሃን"  ካብ ጽዮን ሕጊ ቃል እግዚኣብሔር ከኣ ካብ ኢየሩሳሌም እዩ ዝወጽእ እሞ ንገዝኡ ምእንቲ ክንከይድ መንገዱ ኣርእዩና። ብሓጉስ ነታ መድኃኒትና ንሳለማ፣ ድምቕትን ብርሃንን እያ እሞ ነታ ታቦት ትቐበልዋ! ከምዝብል፣ ኣብዛ ብርሃን ክርስቶስን ምስጋና ኣዴና ኪዳነ ምሕረት ዝመልኣ ቤተክርስያንና ኢና ቃል እግዚኣብሔር ንሰምዕ፡ ሥጋኡን ደሙን እንቕበል፡ ሥርየት ኃጢኣትና እንረክብ፣ ካብኣ ከኣ መሰኻኽር ክርስቶስ ኮይንና ናብ ዓለም እንወፍር። ዚቅ ናይ በዓል ሕንጸታ ንቤተክርስትያን ከኣ - ሰላም በልዋ፣ ተሳለምዋ፡ ንጽዮን ክበብዋን ሕቐፍዋን፣ ኣብ ኃይላ ልብኹም ኣንብሩ፣ ብስሙ ዝተሓንጸት ብደሙ ዝተቀደሰት፣ ብዕንጸይቲ መስቀሉ ዝተዓትበት፣ ኃይሊ እግዚኣብሔር ኣብኣ እዩ ዘሎ እሞ ናብኣ ተጉዓዙ- ብምባል ንቤተክርስትያንን ንኖና ኪዳነ ምሕረትን ብዘሰምዕ መዝሙር ሕይወትና ከነሓድስ ይዕድመና።

በሐ በልዋ፣ ተሳለምዋ፣ ዕግትዋ ለጽዮን ወሕቀፍዋ
ደዩ ልበክሙ ውስተ ኃይላ፣ እንተ ተሓንጸት በስሙ
ወተቀደሰት በደሙ፣ ወተዐትበት በዕፀ መስቀሉ፣
ጊሡ ኃቤሃ እስመ ኃይለ እግዚኣብሔር ላዕሌሃ።

(ዚቅ፡ ዘሕንጼሃ ለቤተክርስትያን)

ምእንቲዚ፣ ኣጀሚሩ ንዘፈጸመና ልዑል እግዚኣብሔር ብዕልልታ ንዘምር!! ምስታ ካብ እንጅምር ክሳዕ መፈጸምታ ዘሰነየትና ኣደና ኪዳነ ምሕረት ኃቢርና ከኣ "ነፍሰይ ንእግዚኣብሔር ተዕብዮ፣ መንፈሰይ ከኣ ብኣምላኸይ በቲ ብመድኃንየይ ባህ ይብሎ" (ሉቃ 1:46-47) እናበልና መዝሙር ምስጋና ነዕርግ ።  "ኣንቲ ውእቱ ተሰፋሁ ለኣዳም፣ ኣመ ይሰደድ እምገነት" ኣዳም ካብ ገነት ክስደድ ከሎ ተስፋ ዝኾንክዮ ንስኺ ኢኺ፣  "ኣማን በኣማን፡ ኪዳንኪ ኢይሃልቅ" ኣማን ብኣምን፡ ኪዳንኪ ኣይውዳእን እዩ፣ እናበልና ንወድሳን ንለምናን።

ኣባ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም
ሊቀ-ጳጳሳት ዘበኣሥመራ

ቤተ ሊቀ ጳጳሳት ዘካቶሊካዊያን
አዲስ አበባ
CURIA ARCHEPISCOPALS METROPOLITANA
CATHOLIC ARCHBISHOP'S HOUSE
P.O.BOX 21903 - ADDIS ABABA,ETHIOPIA TEL. 251 111 11 16 67
FAX 251- 11- 155 13 48 OR 251- 11- 155 31 13
cbce.ecs@gmail.com

ቀን 12. 02. 2020
Date:
ቁጥር ADAA/026/20
Ref:

**GOLDEN JUBILEE OF KIDANEMEHERET CATHEDRAL OF ASMARA**

Your Grace Archbishop Mengisteab, MCCJ,
All the clergy, religious men and women and
The lay faithful of the Archeparchy of Asmara,

God has made wonders for his people in the Archeparchy of Asmara through the evangelization work of the Catholic Cathedral Church of Kidanemehret for the last 50 years and we thank God together with you. We are delighted to be part of this celebration of the 50 years service of the Catholic Church of Kidanemehret to the salvation of souls and conversion of sinners. Many have received the light of faith and received sacraments and Our Lady served her children as a mother. The church served as a refuge for many who suffered personal or communitarian challenges.

It is a joy and privilege for me as Archbishop of Addis Ababa and Chairman of the Catholic Hierarchs of Ethiopia and President of the Catholic Bishops Conference of Ethiopia (CBCE) to be part of this celebration to mark the 50th Anniversary of the solemn dedication of this magnificent Cathedral of Kidanemehret which witnesses the presence of God in the midst of the city of Asmara and the people. I bring you the congratulations and best wishes of the Catholics of Addis Ababa and of Ethiopia who hold the people and the country in our hearts with great affection, esteem and solidarity. The Catholic Church in Eritrea and Ethiopia have been walking together in witnessing the love God to his people and will continue to walk as we are one Church. We have shared together the pains, the joys, and the anxieties of our people and through this we have continued to witness the love of God and that God never abandons his people. God has opened a new future for us and we will pray that this future which is opened for the fraternal solidarity between the Catholic Church in Ethiopia and Eritrea is sustainable and long-lasting.

We are grateful to God for his graces bestowed upon us and upon all those who have dedicated their lives to the Catholic Church in the Archeparchy of Asmara and we remember all those who have labored for the mission of the Church and are now in heaven.

May God bless the Peoples of Eritrea and Ethiopia and may our Mother Kidanemehret keep us safe from every evil through her intercession.

ECC CATHOLIC ARCHDIOCESE OF ADDIS ABABA

+ Cardinal Berhaneyesus D. Souraphiel CM
Metropolitan Archbishop of Addis Abeba
Chairman: Council of Hierarchs of Ethiopia
President of CBCE

50 ዓመት

# ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን

Catholic Eparchy of Keren – Eritrea
P.O. Box 460
Tel. +291- 1 - 401 907; Fax. +291 - 1 - 401 604
Email: debanma@gmail.com

፪ የካቲት ፳፻፲፪
February 10, 2020

**ናብ**
**ብፁዕ ኣቡነ መንግሥተኣብ**
**ሊቀ ጳጳሳት**
**መትሮፖሊታዊ ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን**
**ኣሥመራ - ኤርትራ**

**ርእሰ ነገር፡ ጽንብል መበል 50 ዓመት ሕንጻ ካተድራለ ኪዳነምሕረት ኣሥመራ**

ኣቀዲመ ክርስቶሳዊ ሰላምታይ ኣቅርበልኩም፡፡

ዕንቋዕ ሥራሕ ምሕዳስ ርእሰ እድባራት ካተድራለ ደብረ ኪዳነምሕረት ኣሥመራ፡ ከማኡ እውን ናይዛ ሕንፃ መበል 50 ዓመት ንምብዓል ኣብቀዓኩም እናበልኩ ሠናይ ምዮተይ እገልጸልኩም።

እዛ ሕጂ ዘላ ሕንፃ ርእሰ ኣድባራት ደብረ ኪዳነምሕረት ኣሥመራ ካብ ትሕንጽ መበል 50 ዓመታ ክተብዕል ምብቃዓ ኣምላኽ ዝተመስገነ ይኹን።

ብመሠረቱ ዓመተ ኢዮቤል ዓመተ **ምስጋና፡ ጸብጻብ፡ ንዝመጽእ መደብ ምሕንጻጽ** ኢዩ። ኣምላኽ ዝገበረልና ድማዕ ሓሲብና ክነመስግን ግቡእና ኢዩ፡ ብፍላይ ነዚ ሕንጻ ሰሪሖም ንኣገልግሎት ድልው ገይሮም፡ ኣብዚ 50 ዓመት ዝተረኽበ ጸጋታት ጸብጺብካ ዘይውዳእ ክንድዝኾነ፡ ንኹምዚ ዝኣመሰለ ዕድል ንዓመታት ከምዝቅጽል ዝገበሩ ቀዳሞት ኣቦታትን ኣደታትን ብልቢ ነመስግኖም።

ከማኡ ዓመተ ጸብጻብ ኢዩ፡ ኣብዚ 50 ዓመት ዝተዓመ መንፈሳውን ማኅበራውን፡ ዘጋጠመ ብድሆታትን ጸብጺብካ፡ ካብኡ ትምህርቲ ወሲድካን ንመጻኢ ምእማት ስለዝኾነ፡ እዚ ዕለት እዚ ንምእመናን ርእሰ ኣድባራት ኪዳነምሕረት ዓቢይ ቤት ትምህርቲ ኮይኑ፡ ንዝመጽእ ዘመናት ዝኸውን ፈርያም መደብ ንምግባር ወላዲተ ኣምላኽ ባዕላ ትሓግዝኩም እናበልኩ ብጸሎት ኣሰንየኩም።

✝ ኣባ ኪዳነ

ጳጳስ ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን

ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ሠገነይቲ
ፖ.ሳ.ቍ. 05
ሠገነይቲ-ኤርትራ
ቍ.ስ. 08670005 - ፋክስ 08679314
ኢ.-መይል፡ eparsegen@yahoo.com.

CATHOLIC EPARCHY OF SEGENEITY
P. O.Box 05
SEGENEITY - ERITREA
Tel. 08670005 - Fax 08679314
e-mail:- eparsegen@yahoo.com.

ዕለት 23-02-2020
Date
ቊ. መዝ.
Ref. No

**ናብ ብፁዕ ሊቀ ጳጳሳት ኣቡነ መንግስተኣብ ተስፋማርያም**

**ጳጳሳ ዘመንበረ ኣሥመራ**

ናይ እግዚኣብሔር ኣቦ ፍቕሪ፣ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ጸጋ፣ ናይ መንፈስ ቅዱስ ኅብረትን ሐድነትን፣ ናይ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ረድኤትን ኣማላድነትን፣ ምሳኻትኩምን ምስ ኩሎም ካህናትን ምእመናን ይኹን እንዳበልኩ፣ ልባዊ ትምኒተይን፣ እገልጽ።

ናይ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነምሕረት 50 ዓመት ኢዮቤልዩ ንምብዓል እንቋዕ ኣብቀዓኩም። ዓመተ ኢዮቤል፣ ዓመት ሰላም፣ ዓመት ዕልልታ፣ ዓመት ፍቕሪ፣ ዓመት ዕርቂ፣ ዓመት ዝተኣስሩ ዝፍትሑሉ፣ ኣብ ስደትን መንከራ ዘለዉ ናብ ዓዶም ዝምለሱሉ፣ ዓመት ይቕርታን ምሕረትን፣ ፍትሒ ዝነግሰሉ፣ ዓመጽ ዘብቀዓሉ ዓመት ስለ ዝኾነ፣ ነዛ መበል 50 ዓመት ቀድስዋ፣ ኣብዛ ምድሪ ንዝነብሩ ኹሎም ከአ መለኸት ንፍሑ፣ ሐርነት ከአ ኣውጁ። ኣብዚ ዓመት ኢዮቤል እኖና ኪዳነምሕረት ናብ ፍቑር ወዳ ተማልደልና። እግዚኣብሔር ንሃገርና ሰላሙን ረድኤቱን የውርደልና።

ቤተክርስትያን ርእሰ ኣድባራት ኪዳነምሕረት ተሐዲሳ ግርማ ሞገስ ለቢሳ። ኣዛ ህንጻ፣ ቤት መቕደስ ኣምላኽ ከም ምኳና መጠን፣ ኣምሳል ሰማያዊት ኢየሩሳሌም ኢያ። ምእመናን ዝንስሑላ፣ መነስሒት፣ ማለት ምስ ኣምላኽናን ብጻይናን እንዕረቐላ መተዓረቒት እያ። ምእመናን ክርስቶስ ብሐባር ይኹን ብውልቂ እንጽልየላ መጸለዪት፣ ምሥጢራት ዝዕደለላ፣ መስዋዕተ ቅዳሴ ዝዓርገላ፣ ቃል ኣምላኽ ዝስበኸላ፣ ወፈያ ምእመናን ናብ ኣምላኽ ዝቐርበላ እያ። በዚ ምኽኒያት ካብ ኩሉ ንላዕሊ ህንጻ ቤት መቕደስ ክጽብቐን፣ ብዝበለጸ ኣእማን ክህነጽን ዝግባእ።

ከምቲ ህንጻ ቤተክርስትያን ኪዳነምሕረት ዝተሐደሰት፣ ንሕና እውን ቀጻሊ ክንሕደስ ኣሎና። ከምቲ ቅዱስ ሐዋርያ ጳውሎስ ዝበለና ***“ቤት መቕደስ ኣምላኽ ምዃንኩምን፥ መንፈስ ኣምላኽ ኣባኹም ኃዲሩ ምህላዉንዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም? ቤት መቕደስ ኣምላኽ ቅድስቲ እያ፥ እዛ ቤት መቕደስ እዚኣ ድማ ንስኻትኩም ኢኹም።”1ቆሮ3፡6-17*** ሕያዋን ኣእማን ኮይንና ኣብታ ክርስቶስ ዝመሰረታ ቤተክርስትያን እንህነጽ ኣእማን ኢና። ቅዱስ ጴጥሮስ ከመይ ኮይንና ክንህነጽ ከምዘሎና እንክገልጸልና ***“እምበኣርሲ ንኹሉ ኽፍኣትን ኹሉ ጒርሕን ግብዝናን ቅንኢን ኩሉ ሕሜታን ኣርሕቑዎ። እግዚኣብሔር ሕያዋይ ምኳኑ ካብ ጠዓምኩም፥ ብእኡ ኣብ ድኅነትኩም ምእንቲ ኽትዓብዩ፥ ከምቶም ሕጂ ዝተወልዱ ሕጻናት ነቲ ጽሩይ መንፈሳዊ ጸባ ብሃግዎ። ናብቲ ብሰብ ተናዒቑ ዝተደርበየ፥ ብኣምላኽ ግና ኅሩይን ክቡርን ዝኾነ ሕያው እምኒ፥ ናብ ጐይታ ቕረቡ። ንስኻትኩም እውን ቅዱሳት ካህናት ኮይንኹም ነቲ ሳላ ክርስቶስ ኣብ ኣምላኽ ቅቡል ዝኾነ መንፈሳዊ መስዋዕቲ ምእንቲ ኽተቕርቡ፥ ከም ሕያዋን ኣእማን ኮይንኹም፥ ኣብ መንፈሳዊ ቤት ተሓነጹ” ይብለና። 1ጴጥ2፡1-5*** እምበኣር ከስ ንሕና ኣብዛ ምድሪ ከም ሕያዋን ኣእማን ኣብኣ ተነዲቕና ኢና።

ደጊመ እንቋዕ ናይ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነምሕረት 50 ዓመት ኢዮቤልዩ ንምብዓል ኣብቀዓኩም።

ኩሉ ኽብረ ንቅድስቲ ሥላሴ ይኹን!

+ኣባ ፍቕረማርያም ሐጎስ
ጳጳስ ዘመንበረ ሰገነይቲ

ካቶሊካዊ መንበረ ጵጵስና ዘባረንቱ
ፖ.ሣ. ቁ. 9
ባረንቱ - ኤርትራ
ስልኪ 731010 ፋክስ 731124
ስልኪ(ኣሥመራ) 184697
ኢ-መይል diakoniaba @yahoo.it

Catholic Eparchy of Barentu
P.O.Box 9
Barentu - Eritrea
Tel +291. 1. 731010 Fax +291.1.731124
Telefax (Asmara-Procure) +291.1.184697
E-mail: diakoniaba @yahoo.it

ባረንቱ፡ 13/02/2020

መቕደሰይ ድማ ንዘለዓለም ኣብ ማእከሎም ከም ዝቐውም ክገብርን፡ ምስቶም ክነብር'ውን ኢየ።"(ሕዝ.37,26)

ጥቀ ክቡር ወብፁዕ ኣቡነ መንግሥተኣብ ሊቀ ጳጳስ ኤጳርቅና ኣሥመራ።

ብምኽንያት ወርቃዊ ኢዮቤላዊ ብዓል መበል 50 ዓመት ሕንጸተ ርእሰ ኣድባራት ቤተክርስትያን ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ፡ ኸም ጳጳስ ኤጳርቅና ባረንቱ ምስ ኵሎም መእመናን ኤጳርቅናይ ፍሉይ ደስታ ስለዝተሰምዓኒ፡ ኣምላኽ እንቋዕ ኣብዚ ጽምብል'ዚ ኣብጻሓኩም እናበልኩ፡ ንኣኹምን ንኵሎም መእመናንኩምን (ዕዙዝ) ልባዊ ሓጐሰይ እገልጽ።

ከምዚ ዘበለ ጽምብል ኢዮቤል ክተብዕል ዕድል ምርካብ ዓቢይ ጸጋ ኣምላኽ ኢዩ፡ ስለዚ፡ በዚ ክቡር ዕለተ ዝኽሪ ኃምሳ ዓመት ሕንጸት ቤተ ክርስትያን እኖና ኪዳነ ምሕረት ምሳኹም ኃቢረ ናብ ሰማያዊ ኣቦ ልዑል ጸሎተ ምስጋናይ ኣዕርግ።

ብምኽንያት'ዚ ኢዩቤላዊ ጽምባል ናይ ርእሰ ኣድባራት ምሕዳስ ዚገበርኩምዎ ዓቢይን ዘይሕለል ጻዕርን ዘይርሳዕ ኢዩ። ኵሉ በዲህኩም ብዓወት ዛዚምኩም ብምድማዕኩም ምሳኹም ኃቢረ ደጊመ ኣብ ኣምላኽ ሞሳዊ ምስጋናይ ኣቅርብ።"ንቤት መቅደስ እቲ ዚግባእ ክብሪ ሃባ" (2 መቀ. 14,15)ዝብል ውዳሴ ይብጻሕኩም።

ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ከም ብሓዲስ ትኾሊዑ ጸጋ-ብርሃንን መልክዕን ለቢሱ፡ ንኵሉ ከባቢኡ ብቅዱስ ብርሃን ትርኢት ኬተኵርዕ ይርከብ ኣሎ። ንውዳሴ ኣምላኽን፡ ንክብሪ ቤተክርስቲያንን፡ ንመልክዕን ሓበንን ኵላ ኣሥመራ ይግበሮ ፈጣሪ ኵሉ እግዚኣቢሔር።

ቤተክርስቲያን ኪዳነ ምሕረት ርእሰ ኣድባራት ኣሥመራ ኮይና ኣብዘን ኃምሳ ዓመት፡ ቤተ መቅደስ ኣምላኽን ቤተ ጸሎት ምእመናንን ኮይና፡ ኣብ ማእከል ሕዝቢ ቀይማ፡ ኣብ መንጎ ከተማ ተደኲና (ሰፈራ) ብዚተረኽበትሉ ጊዜ፡ ቅድስቲ ኣደ ምእመናን ኮይና ዘበርከተቶ ብርሃን ጸጋ፡ ዘቃለሓቶ ብስራተ ወንጌል፡ ዘጽንዓቶ እምነት፡ ዚዓደለቶ ሕድገተ ኃጢያት፡ ዘማለደቶ ምሕረት ኣምላኽ፡ ዘምጸኣቶ ዕርቂ፡ ዘንነጸፈቶ ጽድቅን እንተዚግመት፡ ዘርዚርካ ዚጽብጸብ ኣይኮነን።

ቤተክርስቲያን ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ ናይ ቀዳመይቲ ካቶሊካዊት ኤጳርቅና ርእሰ ኣድባራት ኮይና ብዝቆመትሉ ጊዜ ክንደይ ሃብቲ ምስጢራት ዘየካፈለት፡ መዓርገ ክህነትን ጵጵስናን ዘየርኣየት። ሰሲና ድማ ኣብዘን ኃምሳ ዓመት ህላዌኣ፡ በብእዋኑ ሠለስተ ኤጳርቅና ፈረየት፡ ሎሚ ድማ፡ ኣምላኽ ፈቒዱዎ፡ ብኣተን ደሚቃ፡ ብጳጳሳተን ተዓጂባ ቅዱስ ኢዮቤላ ክተብዕል በቕዐት።

እኖና ኪዳነ ምሕረት ኣደ መድኃኔ ዓለምን እኖ ኵሎም ኣመንቲ ወዳን ዚኾነት፡ ከምቲ ክሳብ መዓልቲ ሎሚ ከቢራ ካብቲ ቅዱስ ደብራ ኲይና ሃብተበረከትን ጸጋን ለጊሳ ካብ ምፍሳሳ ዘይተቆጠበት፡ ከማኡ ድማ ንዚመጽእ ዘሎ ጊዜ ካብቲ ዙፋን ኣምላኽ ዚኾነ ቤት መቅደሳ ንሃገርናን ሕዝብናን ሰላምን ፍትሕን፡ ራህዋን ሠናይ ለውጢን ካብ ልዑል ወዳ ተማልደልና።

+ Thomas Osman

+ ኣቡነ ቶማስ ዑስማን ማ.ን.ኣ.ካ.

ጳጳስ ካቶሊካዊት መንበረ ኤጳርቅና ባረንቱ

# መንፈሳዊ ትርጉም

# ኢዮቤል

በዚ ብእምነት ኣቦታትና ንዝኾኑ ሕዝቢ እስራኤል ዝተዋህበ መምርሒ ተተባቢዕና፡ ነዚ ናይ ህንጻ ቤተክርስትያን ር/ኣድባራት ኪዳነምሕረት ኣብ እነብዕለሉ ዘሎና ጊዜ፡ ብዛዕባ ትርጉም ኢዮቤልን፡ ኣገዳስነት ህንጻ ቤተክርስትያንን ከነስተንትን ግቡእ ኢዩ።

## መሰረት ቃል ኢዮቤል

ኣብ ዕብራዊ ቅዱስ መጽሓፍ፡ ኢዮቤል (ዮቤል/ዮቬል)፡ ማለት ቃል ንቓሉ፡ "ቀርኒ ድዑል" ወይ ድማ ባህላዊ "መለኸት" ማለት ኢዩ። ኣብ ቋንቋና እውን እንተኾነ ንመለኸት፡ "ቀርኒ" ኢዩ ዝብሎ። ምኽንያቱ ኣብቲ ጥንታዊ ዘመን፡ ብቀርኒ ኢዩ ኣዋጃት መንገሪ ድምጺ መለኸት ዝንፋሕ ዝነበረ። ስለዚ ሓደ ሰብ ነዚ መለኸት እዚ ክነፍሕ ከሎ ኩሉ እስራኤል ይሰምዕ እሞ፡ ነቲ ብመሰረት ቅዱስ መጽሓፍ ኣዚዩ ኣገዳሲ ቦታ ዘለዎ ዓመት እልልታ (ዓመት ኢዮቤል) የብዕሉ ነበሩ። ዓመት ኢዮቤል ንእስራኤላውያን ኣዚያ ፍልይትን ብልጽትን ኢያ ዝነበረት። ንክርስትያን ሎሚ'ኸ፧

## ባህርያት ዓመት ኢዮቤል

በዚ ሎሚ ጊዜ፡ ናይ ዝተፈላለዩ መንፈሳውያን ኮኑ ዓለማውያን ኣገደስቲ ፍጻመታት ኢዮቤል ምብዓል ዝውቱር ልማድ ኢዩ። ኣብ መበል 25 ዓመት ዝብዕል 'ብሩራዊ ኢዮቤል' ዝበሃል፡ ኣብ መበል 50 ዓመት ዝብዕል 'ወርቃዊ ኢዮቤል' ዝበሃል፡ ኣብ መበል 75 ዓመት ዝበዓል ኣልማዛዊ ኢዮቤል ዝበሃል ጽንብላት ምህላዉ ንፈልጥ ኢና። እቲ ናይ ቃል ኣምላኽ መምርሒ ኣብ ኩሉ መዳያት ሕይወት ኣመንትን ዘይኣመንትን ክንጸባረቕ ምኽኣሉ መርኣያ ናይቲ ኃያል ጽልዋ እምነት ቅ.መጽሓፍ ኣብ ሕብረተሰብ ዓለም ኢዩ። ከመይ መሰረት እዚ ኢዮቤል ንእስራኤላውያን ዝተዋህበ ሕጊ እግዚኣብሔር ኢዩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ 50 ዓመት ድማ ኢዩ ዝብዕል።

"ሾብዓተ ሳዕ ሾብዓተ ዓመት ቁጸር፡ ድምሩ ኣርብዓን ትሽዓተን ዓመት ይኹነልካ። ብዓሰረይቲ መዓልቲ ናይ ሳብዐይቲ ወርሒ፡ ብመዓልቲ ኅድገት ኃጢኣት፡ ኣብ ብዘላ ሃገርኩም መለኸት ንፍሑ። ነታ መበል ኃምሳ ዓመት ቀድስዋ፡ ኣብታ ምድሪ ንዝነብሩ ኩሎም ከኣ ሓርነት ኣውጁ። እዚኣ ዓመት እልልታ ትኹነልኩም። ዝኾነ ዝተሸጠ ንብረት ናብ ናይ ቀድም ዋናኡ ይመለስ። ከም ባርያ ዝተሸጠ ሰብ ድማ ናብ ስድራኡ ይመለስ። . . . እዚኣ ዓመት እልልታ ስለ ዝኾነት ቅድስቲ ትኹነልኩም።" (ዘሌ 25፡8-12)።

እዚ መምርሒ ምጽንባል ዓመት ኢዮቤል ብጥቕላሉ ኣብ ሰለስተ ዓበይቲ ኣርእስቲ ክንጥቕልሎ ንኽእል። ሰብኣዊ ሓርነት፡ ምምላስ ንብረት፡ ገርህይና ናብራ።

1. ሰብኣዊ ሓርነት

ብመሰረቱ እታ መበል 50 ዓመት፡ ዓመት ሓርነት ንኹሉ ኢያ። ማለት እቲ ምኽንያት እልልታ እቲ ሓርነትን ዕረፍትን ኢዩ። እዚ ሓርነት እዚ ንዘይብጽሖ ማንም የለን። ብዝበዝሕ ነዚ ንባብ እዚ ድሕሪ ምንባብ እቲ ዓመት ኢዮቤል፡ ብፍሉይ ነቶም ተገዚኦም ወይ ተዓዲዮም ዝነበሩ ጥራይ ከም ዝምልከት ናብ ምድምዳም ገጽና ንቃረብ። እንተኾነ ንሃገር ምሉእ ዝእወጅ ምዃኑ ምዝካር ኣገዳሲ ኢዩ። ሓቂ ኢዩ፡ ንሳቶም እቶም ቀንዲ ተረባሕቲ ናይታ ዓመት ምዃኖም ርዱእ ኢዩ። ምኽንያቱ ካብቲ ዝነበሮም ዕዳ ብግሁድ መንገዲ ይመሓሩ ኣለዉ፡ ዝዓበየ ድማ ካብ ናይ ገዛእ ርእሶም ባርነት ሓራ ይወጹ ኣለዉ። እንተኾነ፡ እቲ ቀንዲ ሓርነት ውሉድ ኣምላኽ ምዃንካ ምዝካርን፡ ምስ ኩሉ ድማ ወዲ እታ እግዚኣብሔር ዝንግሳ መንግስቲ ምዃንካ እናዘከርካ ብሕውነት ክትነብር ምኽንያት እትህብ ሕርይቲ ዓመት ኢያ። ስለዝስ እቲ ኣዋጅ ሓርነት ንኹሉ ኢዩ።

2. ምምላስ ንብረት

ዓመት ኢዮቤል፡ ዓመት ፍትሒ እውን ኢዩ። ምኽንያቱ፡ ብሰበብ እቲ ኢዮቤል ትኽክለይና ዋጋ ናይ መሬትን ንብረትን ይሕሎ ኢዩ። ነኣብነት፡ "ካብ ብጻይካ መሬት ክትሻየጥ ከሎኻ፡ ክሳዕ እታ እትመጽእ ዓመት እልልታ ዘሎ ቀጺርካ ተሻየጥ። ንሱ ድማ ብመጠን እታ ምድሪ እተፍርየለን ዓመታት ይሸጠልካ።" (ዘሌ25፡15) መምርሒ ኣሎ። ከምኡ እናበለ ብዛዕባ መሬት ጥራይ ዘይኮነ ብዛዕባ ቤትን ካልእ ጥሪትን እውን ተመሳሳሊ ሕጊ ኢዩ ዘሎ።

ቀዳማይ ዕላማ ናይዚ ሕጊ'ዚ ባዕሉ እግዚኣብሔር "ምድሪ ናተይ ኢያ፡ ንስኻትኩም ከኣ ኣብ ምድረይ እትነብሩ ጓኖት ኢኹም እሞ፡ ምድሪ ንሓዋሩ ኣይትሸየጥ" (ዘሌ25፡23) እናበለ ገሊጽዎ ከም ዘሎ፡ ኣብዚ ምድሪ'ዚ ፍጹማን ዋናታት ከም ዘይኮና ንምዝካር ይመስል። ምኽንያቱ ሓደ ሓደ ጊዜ፡ ኣብ ምድሪ እንተስ ብረሃጽና፡ እንተስ ብውርሲ እንውንና ንብረት እዛ ዓለም ስለ ዘስክረና፡ ዋናታት ኩሉ ንብረትን ሕይወትን እውን ከይተረፈ ኮይንና ይስማዓና ኢዩ። ስለዚ ኣብዚ ኩሉ እንደገና ከም ፍቓድ ኣምላኽ ዝሕደሰሉ፡ ሕይወት ከም ብሓድሽ እትጅምረሉ ዓመት ኢዮቤል፡ ነዚ ጥንታዊ ርድኢት ናይ ፍጹም ዋንነት እግዚኣብሔር ኣብ ልዕሊ ኩሉ ምእንቲ ክንርዳእን ከነስተማቕርን፡ ካብ ገዛእ ርእስና ወጺና እውን ኩልንትናና ናብቲ ከኣል ኩሉ ኣምላኽ ክንድርቢ ብዝብል ዕላማ ኢዩ ዘለዎ።

ካልኣይን ቀንድን ዕላማ ናይዚ ሕጊ ግና፡ ነቲ ኣብ ጉዕዞ ታሪኽ ድኅነት ብሰሪ ኃጢኣት መልክዑ ዝቐየረ ኩሉ ነገር ናብ ናይ ቀድም መሰርዑ ምምላስ፡ ኩሉ ዓይነት ባርነት ኃጢኣት ምእላይ፡ ኡነተይና ሓርነት ደቂ ኣምላኽ ምምጻእ፡ ኮታስ ከምቲ

ኣብ ሮሜ 8፡18-22 እንረኽቦ፡ ነቲ ቀድም ዝተኸሰረ ሕጂ ድማ ሃረር እናበልናዮ እንነብር “ካብ ባርነት ጥፍኣት ፡ ናብ ሓርነት ክብሪ ደቂ ኣምላኽ ሓራ” (ሮሜ8፡21) ናይ ምውጻእ ምጅማርን ቅድመ ምስትማቻርን ኢዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ነቲ ኢየሱስ ኣብ ቤት ጸሎት ናዝሬት ኣትዩ ፍጻመኡ ባዕሉ ምዃኑ ዝኣወጀ፡ “ንድኻታት ከበስሮም ስለ ዝቐብኣኒ፡ መንፈስ እግዚኣብሔር ኣብ ልዕለይ ኣሎ፡ ንምሩኻት ምምላስ፡ ንዕዉራት ምርኣይ፡ ንግፉዓት ምውጻእ ሓራ ከበስር፡ ሕርይቲ ዓመት እግዚኣብሔር ክሰብኽ ለኣኸኒ” ዝብል ቃላት ትንቢት ኢሳይያስ ሥጋ ዘልበሰ ሕጊ ኢዩ። (ኢሳ61፡1-3, ሉቃ4፡18-19)።

ሕርይቲ ዓመት እግዚኣብሔር ዝብል ቀጽል እምበኣር ነዛ ዓመት ኢዮቤል ኣጸቢቑ ዝገልጸ ኮይኑ ንረኽቦ። ሓርነት ዝእወጀላ፡ ዓመጽ የኣክል ዝበሃለላ፡ ብፍቕርን ይቕሬታን ምሕረትን ነሓድሕድካ እትደጋገፈላ፡ ፍትሒ ብኣዋጅ መለኸት (ኢዮቤል) ዝነግሰላ ዓመት ኢያ። “መዓይይቲ ኣምላኽ ከም ምዃንና መጠን፡ ጸጋ ኣምላኽ ንኸንቱ ከይትቕበሉ ንምዕደኩም ኣሎና። ብምሸእቲ ሰዓት ሰማዕኩኻ፡ ብመዓልቲ ምድኃን ረዳእኩኻ ከም ዝብሎ፡ እንሆ እታ ምሸእቲ ሰዓት ሕጂ ኢያ፡ እንሆ እታ መዓልቲ ምድኃን ሕጂ ኢያ” (2ቆሮ6፡ 1-2) ዝብል ቃል ኣምላኽ እምበኣር ቀንዲ መለለዪ ናይዛ ዓመተ ኢዮቤል ኢዩ ማለት ኢዩ። እወ፡ ዓመተ ኢዮቤል፡ ንዕርቂ ዝወሃብ ኣዚዩ ምሹእ ጊዜ ኢዩ። “ኣምላኽ ንዓለም ምስ ርእሱ ክዓርቃ ከሎ፡ ብክርስቶስ ገይሩ ኢዩ፡ በደሎም ኣይኃዘሎምን፡ ነኣና ከኣ መልእኽቲ ዕርቂ ሃበና። ስለዚ ንሕና ናይ ክርስቶስ ኣምባሳደራት ኢና፡ ኣምላኽ ከኣ ብኣና ገይሩ ይዕድም ኣሎ። ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ኮይንና ድማ ‘ምስ ኣምላኽ ተዓረቑ’ እናበልና ንልምነኩም ኣሎና።” (2ቆሮ5፡19-20)። እዚ ኢዩ እቲ ዓመተ ኢዮቤል ዝበሃል።

3. ገርህይና ንብረት

ዓመተ ኢዮቤል፡ ከም ድላይ እግዚኣብሔር መጠን ዓመት ገርህይና ናብራ ኢያ ክበሃል ይከኣል። ገርህይና ናብራ ዝበሃል፡ እምነትካ ኣብ ኣምላኽ ኣውዲቕካ፡ ብቅልል ዝበለ መንገዲ፡ ገፋሕፋሕን ረኣየለይ ስምዑለይ ዘይብሉን ናብራ ማለት ኢዩ። ኣብ ዘሌ25፡11 “. . . ኣይትዝርኡ፡ እቲ ባዕሉ ኣብኣ ዝበቖለ ከኣ ኣይትዕጸዱ፡ እቲ ዘይተጠጠፈ ወይኒ ድማ ኣይትቐንጥቡ” ይብል እሞ ቀጺሉ ኣብ 25፡18-22 “ሕግታተይን ትእዛዛተይን ሓልዉ፡ ኣብታ ሃገር ድማ ብሀድኣት ክትነብሩ ኢኹም፡ እታ ምድሪ ከኣ ፍሪኣ ትህብ እሞ፡ በሊዕኩም ትጸግቡ፡ ኣብኣ እውን ብደኃን ትነብሩ። እንተዘይዘራእናን ፍረ ድማ እንተዘየእተናን ደኣ በታ ሳብዐይቲ ዓመት እንታይ ክንበልዕ ኢና፤ ትብሉ ትኾኑ። በታ ሳድሰይቲ ዓመት በረኸተይ ክእዝዘልኩም ኢየ፡ ምድሪ ከኣ ንሰለስተ ዓመት ዝኸውን ፍረ ከተፍርየልኩም ኢያ።” ይብሎም። ስለዚ በታ ሳድሰይቲ ዓመት ምስ ዘርኡ፡ ዓመት ጸቒጦም በታ ሳምነይቲ ዓመት ኢዮም ዝዘርኡ። ንክልተ ዓመት ድማ ነባር እምበር ሓዲስ እኽል የብሎምን።

ንኽልተ ዓመት ዝኣክል እኽሊ ከየእተኻ ክትነብር ቀሊል ከም ዘይኮነ ምርዳእ ኣይጽግመናን ኢዩ። ስለዚ ኣብዘን ክልተ ዓመታት እዚኣን ገርህይና ኣነባብራ ከዘውትሩ ክቕሰቡ ኢዮም። እግዚኣብሔር ነዚ ሕጊ'ዚ ክህቦም ከሎ፡ መጀመርያ ነታ ዓመት ኢዮቤል ከም ሰንበት (ሻብዐይቲ ዕለት) ክኽብርዋ ስለ ዘለዎም ኢዩ። ማለት ካብ ጻዕሪ ከዕርፉ ክግደዱ ኢዮም። ከም ሓቂ እንተረኣናዮ እውን እዛ መበል ኃምሳ ዓመት ሾብዓተ ሳዕ ሾብዓተ ዓመት ምስ ቆጸርካ እትመጽእ ዓመት ኢያ። ድሮ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሾብዓተ ዓመት ንኽብሪ እግዚኣብሔር የዕርፉን፡ የምልኹን ነይሮም ኢዮም። ብካልኣይን ቀንድን ደረጃ ግና፡ እግዚኣብሔር ነዚ ትእዛዝ'ዚ እንክህቦም፡ “በረኸተይ ክእዝዘልኩም ኢየ!” ዝብል ተስፋ ስለ ዝሃቦም ኢዩ። “እንታይ ክንበልዕ ኢና፤” ንዝብል ሻቕሎቶም መልሱ፡ ኣብ እግዚኣብሔር ምእማን፡ ብቃሉ ተስፋ ምግባር ከም ዝኾነ ክርድኡ ኢዩ እዚ ትእዛዝ እዚ ዝተዋህቦም። ን.ኢ.ክ. “ ሰብ ካብ ኣፍ ኣምላኽ ብዝወጽእ ቃል ኩሉ ደኣ እምበር፡ ብእንጌራ ጥራይ ኣይነብርን ኢዩ” (ማቴ4፡ 4) እንክብል ዝመለሶ ቃል ከነስተውዕል ዝገብረና ምስጢር ኢዩ ምስጢር ኢዮቤል። ከምኡ እውን እዚ ቃላት እዚ ነቲ ኢየሱስ ባዕሉ “ እንታይ ክንበልዕ ኢና፤ እንታይ ክንሰቲ ኢና፤ እንታይ ክንሰቲ ኢና፤ እንታይ ክንክደን ኢና፤ ኢልኩም ኣይትጨነቑ። . . .እዚ ኩሉ ከም ዘድልየኩም ናይ ሰማይ ኣቦኹም ይፈልጥ ኢዩ። ንስኻትኩም ቅድም መንግስቲ ኣምላኽን ጽድቁን ድለዩ፡ እዚ ኩሉ ድማ ክውሰኸልኩም ኢዩ።” (ማቴ6፡32-33) ዝበሎ ትምህርቲ የዘኻኽረና። ስለዚ ዓመተ ኢዮቤል፡ ዓመተ ገርህይና ናብራ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ዓመተ ምሕዳስ እምነት እውን ኢዩ ክበሃል ይከኣል። በዚ “ኢንሹራንስ” ዝብል ቃልን ሥነ-ሓሳብን ዓብሊሉሉ ዘሎ ዘመን፡ ኣብ እግዚኣብሔር ጥራይ ዝተሰፋኡ ምእመን ኮይንካ ምንባር ቀሊል ኣይኮነን። እግዚኣብሔር ዝጠልቦ ዓይነት ሕይወት ግና ንሱ ኢዩ።

## ቤተክርስትያን

ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ፡ ብሕልፊ ድማ ኣብ ሓዲስ ኪዳን፡ ክርስትያን ተኣኪቦም ዘምልኹሉ ቦታ “ቤተክርስትያን” ተባሂሉ ክጽዋዕ ኣይንርእን ኢና። ኣብ ጊዜ ምድራዊ ሕይወቱ፡ ብፍላይ ብጊዜ ተልእኮ ስብከተ ወንጌሉ፡ ኢየሱስ ነቲ ቦታ ኣምልኾ ዝኾነ ቤት መቕደስ ኣዚዩ ዓቢይ ግምት ይህቦ ከም ዘይነበረ እውን ንርኢ(ዮሐ2፡13-24ረአ)። እዚ ማለት ግን፡ ኢየሱስ ዋላ ደኣ ካብቲ ናይቶም ናይ ዘመኑ ኣመንቲ፡ ብፍላይ ከኣ ፈሪሳውያን ርድኢትን ኣተሓሳስባን ብዝተፈለየ ኣተና ይኹን እምበር፡ ኣብቲ ምዱብ ጊዜ ንግደት ናብ ቤት መቕደስ ኢየሩሳሌም፡ ዕለታዊ ድማ ኣብ ዝኣተዎ ዓዲ ናብ ዝርከብ ኣብያተ ጸሎት ኣይሁድ ይጋሰስ ከም ዝነበረ ወንጌል ብግሁድ ዘጊብዎ ዘሎ ሓቂ ኢዩ። እቶም ተኸተልቱ እውን እንተኾነ ከም ናቱ ኣተና ብዘለዎ ዝንባሌ ናብ ቤተመቕደስን ኣብያተ ጸሎትን ምግሳስ ፈጺሞም ኣየቋረጹን። እኳ ደኣ እቲ ኣብቲ ዛንታ ጥንታዊት ቤተክርስትያን ዝነግረና መጽሓፍ ግብረ ሓዋርያት ብኢድ ሓዋርያት ዝግበር ዝነበረ ተኣምራታትን፡ ዝወሃብ ዝነበረ ምስክርነታትን ኣብ ቤተመቕደስ ኢየሩሳሌምን ኣብያተ ጸሎት ኣይሁድን ኢዩ ዝነበረ።

እዚ እቲ ሓፈሻዊ ዝንባሌ ናይ ኢየሱስን ቀዳሞት ክርስትያንን ክኸውን ከሎ፡ ድሕሪ ፍጻመ ጸራቅሊጦስ ዋላ'ኳ ናብ ቤትመቕደስ ኣብቲ ውሱን ሰዓታትን ዕለታትን ይኸዱ እንተነበሩ፡ ብመሰረት ትእዛዝ ጎይታ ክፍጽምዎ ንዝነበሮም ምቑራስ እንጌራ ኣብ ኣባይቶም ይእከቡ ስለ ዝነበሩ፡ በብቑሩብ ንኣባይቶም ቦታ ኣምልኾ ክቕይርዎ ጀሚሮም። “ኣብ ጸጽባሕ ኣብ ቤተመቕደስ ከየቋረጹ ብሓብረት ጸኒዮም ይእከቡ ነበሩ። ኣብ ኣባይቶም እንጌራ እናቖረሱ ከኣ ብታሕጓስን ብግሩህ ልብን ኣብ መኣዲ ይሳተፉ ነበሩ።” (ግ.ሐ.2፡46)። እምበኣር ከምቲ ማእምራን ቅ.መጽሓፍ ዝትርጉምዎን ቤተክርስትያን

ድማ ብወግዒ እትርድኦን፡ እቲ "ምቑራስ እንጌራ" ተባሂሉ ዘሎ ምስራዕ ቅ.ቁርባን እንተኾይኑ ብርግጽ እዞም ክርስትያን ንኣምልኾ ኣብ ኣባይቶም ይእከቡ ከም ዝነበሩ ነረጋግጽ። እዚ ኣባይቲ እዚ ናይ ውልቀሰባት ኣባይቲ ኢዩ ዝነበረ፡ ነኣብነት ዝኣክል፡ "ናብታ ከተማ ምስ ኣተዉ ከኣ ናብታ ዝቕመጡላ ዝነበሩ ላዕለወይቲ ደርቢ ደየቡ" (ግ.ሐ.1፡13)። "ኣቂላን ጵርስቅላን ምስታ ኣብ ቤቶም እትእከብ ቤተክርስትያን ኮይኖም ብጎይታ ብዙኅ ሰላም ይብልኹም ኣለዉ" (1ቆሮ16፡19)። "ናብቶም ኣብ ቤት ፊልሞና ዝእከቡ ክርስትያን" (ፊል2፡2)። ካብዚ ጥቕስታት እዚ ንርድኦ ነገር እንተሎ፡ ክርስትያን ቅ.መጽሓፍ ንኣምልኾን ንቃል ኣምላኽን ኣብ ኣባይቲ ውልቀሰባት ይእከቡ ከም ዝነበሩ። እዘን ገዛውቲ ከኣ ፍሉጣት ደኣ እምበር ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ ዝቀያየራ (ብብተራ) ከም ዘይኮና ኢዩ።

ኣብ ቅ.መጽሓፍ ቤተክርስትያን ክበሃል ከሎ ዝተፈላለየ ትርጉም ኣለዎ። እቲ ቀንድን ቀዳማይን ትርጉም "ጉባኤ" ወይ ድማ "ኣኼባ ሕዝቢ" ማለት ኢዩ። ኣብቲ ናይ ሎሚ ትርጉሙ እንተመጻእና ድማ ነቶም ብስም ኢየሱስ ኣሚኖም፡ ተጠሚቖም፡ ብሕብረት ዝነብሩ ኣመንቲ የመልክት። እንተኾነ ምስ ጊዜ እቲ ቦታ ኣምልኾ ኮይኑ ዘገልግል ዝነበረ ኣባይቲ ቀዳሞት ክርስትያን እውን ካብ መጀመርያ ክርስትያን ኣትሒዙ በዚ ተመሳሳሊ ስም ክጽዋዕ ከም ዝጀመረ ንፈልጥ። ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ በዚ ካልኣይ ዕላማ'ኳ እቲ ቃል እንተዘይተዘውተረ፡ ኣብ ዝተፈላለየ መልእኽታት ጳውሎስ ከም እንንብቦ ን"ቤተክርስትያን" እትብል ቃል ምስተን መእከቢ ኣባይቲ ኣተሓሒዙ ክጥቀመላ ንርኢ። "ነቶም ኣብ ሎዲቅያ ዘለዉ ኣኅዋትን ንኒምፋስን ነታ ኣብ ቤታ ዘላ ቤተክርስትያንን ሰላም በሉለይ። ነዛ መልእኽቲ እዚኣ ኣብ ቤተክርስትያን ሎዲቅያ ከም እትንበብ ግበሩ" (ቆሎ4፡15-16)። እዚ ብገሊኡ ነቲ ማሕበር፡ ብገሊኡ ድማ ነቲ ቤት ዘመልክት ቃል ይመስል። "እቲ ነኣይ ከም ጋሻ ዝተቐበለ፡ እታ ቤተክርስትያን ድማ ኣብ ገዝኡ ክትእከብ ዝፈቐድ ጋይዮስ፡ ሰላም ይብለኩም ኣሎ።" (ሮሜ16፡23)። ነቲ ጉባኤ ምስቲ መእከቢ ቤት ኣተሓሒዝካ ናይ ምጥቃስ ዝውታረ እምበኣር ኣብ ቅ.መጽሓፍ ኣሎና። እዚ ድማ ኣብቲ መበቀላዊ ቋንቋ ቅ.መጽሓፍ "ገዛ-ቤተክርስትያን" (Domus Eccelssiae/ House Church) ኢዩ ዝብል።

ኪኖ ቅ.መጽሓፍ፡ ኣብ ታሪኽ ቤተክርስትያን እንተተመልከትና፡ ብመሰረቱ ዝጠንተወ ሕንጻ ቤተክርስትያን ናይ ከባቢ 201-213 ዓ.ም. ምዃኑ ናይ ታሪኽን ሥነ-ጥንትን ተመራመርቲ የረጋግጹልና። ኣብ ኤደሳ ዝነበረት "ቤተክርስትያን ናይቶም ክርስትያን" (Ecclessia of the Christians) (ህንጻ) ብ 201 ዓ.ም. ብህቦብላን ውሕጅን ከም ዝዓነወት ዝነግር ታሪኻዊ ሰነድ ኣሎ። ኤደሳ እታ ንመጀመርታ ጊዜ ንክርስትና ወግዓዊ ናይታ ዞባ ሃይማኖት ጌራ ዝተቐበለት ኢያ። ንጉሳ ብ 206ዓ.ም. ከም ዝተጠምቀ ይዝንቶ። ካልእ ብዝያዳ ዝተኣማምን ብስራሕ ኩዕታ ሥነ ጥንቲ ዝተረኽበ ኣብ "ዱራ ኤውሮጶስ" ዝተባህለ ቦታ፡ ኣቐዲማ ተራ መንበሪት ዝነበረት እሞ፡ ድሒራ ተማሓይሻ ኣብ ከባቢ 232ዓ.ም. ንኣገልግሎት ቤተክርስትያን ዝወዓለት ይንገር። ር.ሊ.ጳ. በነዲክቶስ መበል 16 ከም ዝብልዎ፡ እታ "ገዛ-ቤተክርስትያን" ኣትብል ቃል ነቲ መእከቢ ተመልክት ከም ዝነበረት ምስ ጊዜ ግና ንኣሕጽሮት ተባሂላ "ቤተክርስትያን" ዝብል ቃል ክጥቀሙ ከም ዝጀመሩ ኢዩ። ቅ.ቄርሎስ ዘኢየሩሳሌም ድማ " እወ፡ ቤተክርስትያን ተባሂላ ክትስመ ግቡእ ኢዩ። ምኽንያቱ ንኹሎም ሰባት እትእክብን፡ እተጋብእን ኢያ" እናበለ፡ በቲ ጊዜኡ ዝውታረ ናይዚ ስምን፡ ልምዲ ምሕናጽ ኣብያተክርስትያንን ልሙድ ተግባር እናኾነ ከም ዝመጸ ይምስክረልና። በዚ ኮይኑ በቲ፡ ክርስትያን ቦታ ኣምልኾ ዝኾኖም ፍሉይ ኣባይቲ ምህናጽን፡ "ቤተክርስትያን" ብዝብል ስም ምጽዋዕን ካብ መጀመርታኡ ኣትሒዞም ከም ዘዘውተርዎ ምርዳእ ይከኣል።

## ሕንጻ ቤተክርስትያን ኣድላዩ ዲዩ፧

" 'ኣቦታትና ኣብዚ እምባ'ዚ ሰገዱ ንስኻትኩም ግና እታ ክሰግዱላ ዝግባእ ሥፍራ ኣብ ኢየሩሳሌም ኢያ ኢኹም እትብሉ' በለቶ። ኢየሱስ ከኣ 'ኣቲ ሰበይቲ፡ ኣብዚ እምባ'ዚ ወይ ኣብ ኢየሩሳሌም ነቦ ዘይሰግዱሉ ጊዜ ከም ዝመጽእ እመንኒ። . . . እንተኾነ እቶም ብሓቂ ሰገድቲ ነቦ ብመንፈስን ብሓቅን ዝሰግዱላ ሰዓት ክትመጽእ ኢያ፡ ንሳ ከኣ ሕጂ ኢያ። ኣቦ ከኣ ከምዚኦም ዝበሉ ሰግድቲ ኢዩ ዝደሊ፡ ከመይ ኣምላኽ መንፈስ ኢዩ፡ እቶም ዝሰግዱሉ ከኣ ብመፈስን ብሓቅን ኪሰግዱሉ ይግባእ' በላ።" (ዮሐ4፡20-24)። እዚ ቃላት እዚ ንኣድላይነት ነቲ ሎሚ ከም ኣገዳሲ ክፍሊ ክርስትና ዝውሰድ ቦታ ኮነ ሕንጻ ቤተክርስትያን ዝትንክፍ ኣገዳሲ ቃላት ኢዩ። ከመይ ኣይሁድ ኮኑ ሳምራውያን፡ ብዛዕባ ንእግዚኣብሔር ዝግበር ኣምልኾ ዘይኮነስ ብዛዕባ እቲ ቦታ ኣምልኾ ዝያዳ ዝተገደሱ ይመስሉ። ኢየሱስ ድማ ነዚ ከምዚ ዝበለ ርድኢት ምእንቲ ክእርም፡ እቲ ዘገድስ፡ ብመንፈስ ምምላኽ ደኣ እምበር ሕግዚ ኢየሩሳሌም ወይስ ሕጊ ገረዚም ምፍጻም ኣይኮነን ብዘስምዕ ቃና ነዛ ሳምራዊት ሰበይቲ ክእርማ ንርኢ። ብሓቂ እውን ኢየሩሳሌም ብ 70ዓ.ም. ምስ ዓነወት፡ ካብ ሽዑ ጀሚሮም እስራኤላውያን ንኣማኢት ዓመታት ኣብ ኢየሩሳሌም ከምልኹ ኣይከኣሉን። በቲ ናቶም ርድኢት እንተኾይኑ ክሳዕ እታ ናብ ኢየሩሳሌም ዝተመልሱላ ጊዜ (1947) ኣምልኾ ዝበሃል ኣይተገብረን ክንብል ማለት ኢዩ። እንተኾነ እዚ ትኽክል ከም ዘይኮነ ኢየሱስ ብትምህርቱ የርኢ።

እሞ'ሽ እዚ ሓሳብ'ዚ ቤት ኣምልኾ ዝኾነ ቤተክርስትያን ንምህናጽ ኮነ ንምውናን ዝኽልክል ዶ ኢዩ፧ ር.ሊ.ጳ. በነዲክቶስ መበል 16 ከምዚ ዝስዕብ ይብሉ "ዋላ እቶም ኣዚዮም ኣኽሪረቲ ጸረ ቅዱስ ነገራት፡ ኣብዚ ናይ ሕጂ ኣርእስትና ድማ ጸረ ቅዱስ ቦታታት ዝኾኑ ሰባት፡ ክርስትያን ተኣኪቦም ከምልኹሉ ዘለዎም ፍሉይ ቦታ ወይ ህንጻ ከም ዘድልዮም ኣይክሕድዎን ኢዮም።" በዚ ኣገባብ ድማ ንሕንጻ ኣብያተክርስትያን በቲ ዓለማዊ (ጥቕማዊ) ወገኑ ጥራይ ይርእይዎ'ሞ ኣድላዩ ምዃኑ ድማ የኣምኑሉ ማለት ኢዩ። እምበኣር እቲ ቀዳማይን፡ ንኹሉ ግሉጽን ዝኾነ ምኽንያት እዚ ጥቕማዊ ምኽንያት ኢዩ። ንኽተምልኽ ፍሉይ ቦታ ኣምልኾ የድልየካ። ከመይ ንኹሉ ፍጻመታት ሕይወት ነናቱ መልክዕን መንፈስን ዘለዎ ቦታ የድልዮ ኢዩ።

ካልኣይ ኣገዳሲ ምኽንያት፡ እቲ ክርስትና ምስ እምነት ኣይሁድ ዘለዎ ጥቡቕ ምምልላእ ኢዩ። ከም ወዲ ዳዊት፡ ኢየሱስ ኣይሁዳዊ ኢዩ። ኩሉ ሕጊ ኣይሁድ እውን ፈጸመ። ተኸተልቱ እውን ከምኡ ኩሉ ሕጊ ኣይሁድ ፈጸሙ። ባዕሉ ከም ዝመስከሮ "ንሕጊ ሙሴ ኮነ ንነቢያት፡ ክፍጽሞም ደኣ እምበር ክስዕሮም ዝመጻእኩ ኣይምሰልኩም። ሰማይን ምድርን ክሳብ ዝሓልፍ፡ ኩሉ ሕጊ እውን ክሳብ ዝፍጸም፡ ካብ ሕጊ የውጣ ወይ ሓንቲ ሕንጻጽ ከም ዘይትሓልፍ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ።" (ማቴ17-

18) ይብል። ስለዚ ምፍጻም/ምጽራይ ደኣ እምበር ምስዓር ኣይኮነን እቲ ዕዮ ኢየሱስ ዝነበረ። ነዚ ክገልጹ መምህራን ሥነ መለኮት "ተማላላእነትን/ተፈላላይነትን" = (Principle of continuity and of discontinuity) እናበሉ ይገልጽዎ። በዚ ምኽንያት፡ ሉዊ ቡየ (Louis Bouyer) ዝተባህለ መምህር ብመጽናዕቲ ኣሰንዩ ከም ዝገልጾ፡ "እቲ ዝጠንተወ ሕንጻ ቤተክርስትያን እቲ ናይ ጥንታዊ ሶርያዊት ቤተክርስትያን (Old Syrian Churches) ኢዩ። እቲ መልክዑ ድማ ክርስትያናዊ መንፈስ ዝሓዘ ቤተጸሎት ኣይሁድ ክትብሎ ዘድፍር ኢዩ። እንተኾነ ካብቲ ቀንዲ ዝፈላልዮም ነገራት እንተኣስተውዓልካ፡ ቤት ጸሎት ኣይሁድ ኣብ ዝተሰርሐ ተሰሪሑ ናብ ኢየሩሳሌም ገጹ ኢዩ ዝህነጽ፡ እዚ ጥንታዊ ኣብያተክርስትያን ግና ናብቲ ጂኦግራፋዊ ምብራቕ ኢዩ ዝጥምት።" እናበለ፡ ክሳብ ክንደይ ምስቲ ኣይሁዳዊ ልምዲ ዝተተሓሓዘ ምዃኑ ይምስክር።

ልዕሊ ኩሉ፡ ቅዱስ ተግባር፡ ቅዱስ ሰብ፡ ቅዱስ ንብረት ወዘተ ንኣኡ ኣብ ዝተቐደሰ ቤት ክቕመጥ ወይ ክጽንበል ግቡእ ኢዩ። ኣቐዲምና እውን ከም ዝረኣናዮ፡ ሓደ ካብቲ ንኣይሁዳዊ ቤት ጸሎትን፡ ክርስትያናዊ ህንጻ ኣምልኾን ዘመሳስሎም እቲ ናይ ቃል ኣምላኽ ምእዋጅ ተግባርን፡ መአወጂ ቃል ኣምላክ ፍሉይ ቦታን ኢዩ። እዚ "መንበር ሙሴ" እናበሉ ይጽውዕዎ ነበሩ። ከመይ ቃል ኣምላኽ ምእዋጅ እቲ ቀንዲ ዕማም ቤትጸሎት ኣይሁድ ኢዩ፡ እንትኾነ፡ ኣብያተክርስትያን ፍሉይ ዝገብረን ዝያዳ ኣሎ። ንሱ ከኣ መሥዋዕቲ ቅ.ቁርባን ዝፍጸመሉ ምሥዋዕ ('መንበረታቦት')። ስለዚ እቲ ቅዱስ ተግባር ምእዋጅ ቃል ኣምላኽ፡ እቲ ዝለዓለ መሥዋዕቲ ቅ.ቁርባን ዝሰረዓሉን ቤት፡ ካብቲ ካልእ ኣባይቲ ዝተፈልየ ክኸውን ናይ ግድነት ግድነት ኢዩ። ቃል ኣምላኽ ብፍሉይ ዝእወጀሉ ምቹእ ወይ ብሉጽ ጊዜ ኣብ ሊጡርግያዊ ሥርዓት ዝፍጸመሉ ሰዓት፡ ዝያዳ ኩሉ ድማ ኣብ ጊዜ መሥዋዕተ ቀዳሴ ምዃኑ ቤተክርስትያን ብንጹር ትምህር። (መዝ.ሃይ. 1100)።

መዝ.ሃይ. 583-586 ጽቡቕ መግለጺ ናይቲ ኢየሱስ ምስ ቤትመቕደስ ዝነበሮ ርክብ፡ ብእኡ መጠን ድማ ንሕና ከም ክርስትያን ነቲ ፍሉይ ቤት ኣምልኾን፡ ቤት ትምህርቲ ቃል ኣምላኽን ዝኾነ ሕንጻ ቤተክርስትያን ዘሎና ኣኽብሮት ክዓቢ ከም ዘለዎ ይእንፈተልና። "ቅድሚኡ ዝነበሩ ነቢያት ከም ዝገበርዎ፡ ኢየሱስ እውን ንቤትመቕደስ ኢየሩሳሌም ዝነበሮ ዓሚቑ ክበሬታ ገለጸ። ኢየሱስ ናብ'ቲ ቤትመቕደስ ዝኸይድ ዝነበረ፡ ምስ እግዚኣብሔር ንዚግበር ርክብ ፍሉይን (ቅዱስ) ምቹእን ቦታ ስለ ዝኾነ ኢዩ። ንኢየሱስ እምበኣር፡ እቲ ቤትመቕደስ ቤት ኣቦኡ ኢዩ፡ ቤት ጸሎት ኢዩ። ብድሕሪ ትንሳኤኡ፡ እቶም ሓዋርያቱ ነዚ ዝነበሮ ኣኽብሮ ቤትመቕደስ ቀጺሎም ሓለውዎ። ኢየሱስ እምበኣር ፈጺሙ ተጻይ ቤትመቕደስ ኣይነበረን. . ."።

ካብዚ ተበጊሳ ቤተክርስትያን ንነዊሕ ዘመናት ዕዮ ህንጻ ቤተክርስትያን ከም ኣገዳሲ ክፋል ሕይወታ ትወስዶ። ብፍላይ ኣብ ጊዜ ማእከላይ ዘመን፡ ሥነጥበብ ኤውሮጳ ዝለዓለ ጥርዙ ኣብ ዝበጽሓሉ ጊዜ ዝተሓንጹ ኣብያተ ክርስትያን እተረኣና ናይዚ መትከል እዚ ግሁድ ምስክር ኢዩ። ነዚ ከምዚ ዝበለ ተግባር "ቅዱስ ሥነጥበብ" ዝብል ስያሜ ይወሃቦ። ከመይ ሥነ-ጽባቐ ኣገዳሲ ክፍሊ ናይ ኣምልኾ ኢዩ። "እኖና ቤተክርስትያን ኩሉ ጊዜ ናይ ሥነ-ጥበባት ኣፍቃሪት ኢያ። ነቲ ዝለዓለ ኣገልግሎቶምን፡ ብፍላይ ግን ንኹሎም እቶም መለኮታዊ ኣገልግሎት ዝተዋፈሩ ነገራት ክቡራትን ጽቡቓትን ምልክታት ናይ መልዕልተ ባህርያውያን ነገራት ክኾኑ ወትሩ ድላያ ኢዩ።" (ቅዱስ ጉብኤ 122)። ኣብ ሕገ ቀኖና ምብራቓውያን ኣብያተክርስትያን እውን ብሥርዓት እዚ ኣርእስቲ ናይ ሕንጻ ቤተክርስትያን ተጠቒሱ ንረኽቦ። "ቤተክርስትያን፡ (ሕንጻ) እንኪበሃል፡ ብሥርዓት ቀድሶት ወይ ቡራኬ፡ ንመለኮታዊ ኣምልኾ ብሕቱ ዝተመደበ ሕንጻ ኢዩ" (CCEO 869)። ምስኡ ዝኸይድ፡ ንኽብርን ዕቃበን ቀዳሴን ኣብያተክርስትያን ዝምልከት ተወሳኺ ሕግታት እውን ኣብዚ ሕጊ እዚ ተጠቒሱ ንረኽቦ። ስለዚ ሎሚ፡ ሕንጻ ቤተክርስትያን ምውናን ጥራይ ዘይኮነ፡ ብወግዒ ምብራኹን (ምቕዳሱ)፡ ኣብኡ ዝህሉ ቅዱስ ኣሳእልን ንዋያትን እውን ኩሉ ኣካል እምነት ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ።

*መደምደምታ*

## እዚኣ ዓመት እልልታ ትኹነልኩም


ዓመተ ኢዮቤል ዓመተ እልልታ ኢዩ። እልልታ ድማ ናይ ሓጎስ ምልክት ኢዩ። ኣብ ሓዘን ትበኪ፡ ኣብ ሓጎስ ድማ ትዕልል። ምኽንያት ሓጎስ ብዙሳ ክኸውን ዝከኣል ኢዩ። ኣብ ዓመተ ኢዮቤል እቲ ቀንዲ ምኽንያት እልልታን ሓጎስን ክኸውን ዝድለ ግና እግዚኣብሔር ኢዩ። ቅ.ጳውሎስ "ብጎይታ ኩሉ ሳዕ ተሓጎሱ፡ ደጊመ ተሓጎሱ እብል ኣሎኹ። ለውሃትኩም ኣብ ኩሉ ይፈለጥ። ጎይታ ዝመጸሉ ቀረባ ኢዩ። ድሌትኩም ዘበለስ ብጸሎትን ልማናን ምስ ምሥጋና ኣብ ኣምላኽ ይፈለጥ እምበር ብገለ'ኳ ኣይትጨነቑ" (ፊል4፡4-7) እናበለ ምኽንያት ሓጎስናን እልልታናን ኣብ እግዚኣብሔር ዘሎና ተስፋን እምነትን ክኸውን ከም ዝግባእ የዘኻኽረና። "እግዚኣብሔር ንምሩኻት ጽዮን ምስ መለሶም፡ ከም ሓለምቲ ነበርና። ሽዑ ኣፍና ብሰሓቕ፡ መልሓስና እውን ብእልልታ መልአ። ኣሕዛብ ድማ 'ነዚኣቶም እግዚኣብሔር ዓቢይ ግብሪ ገበረሎም' ተባሃሃሉ። እግዚኣብሔር ዓቢይ ግብሪ ገበረልና፡ ንሕና'ውን ተሓጕስና" (መዝ 126፡3)። እዚ መዝሙር'ዚ እስራኤል ካብ ስደት ምስ ተመለሱ ዝዘመርዎ ኢዩ። እቲ ቀድማይ ካብ ስደት ምስ ተመለሱ ዝገበርዎ ግብሪ ድማ ቤት መቕደስ ከም ብሓዱሽ ምስራሕ ኢዩ ዝነበረ። ቂሮስ ንጉስ ብትእዛዙ ነቶም ሕዝቢ እግዚኣብሔር ናብ ዓዶም ሓራ ክሰዶም ከሎ፡ "እግዚኣብሔር ኣምላኽ ሰማይ መንግስታት ኩላ ምድሪ ሃበኒ፡ ንሱ ድማ ኣብታ ኣብ ይሁዳ ዘላ ኢየሩሳሌም ቤት ክሰርሓሉ ኣዘዘኒ" (2ዜና36፡23፣ እዝራ1፡2) እናበለ ኢዩ ዘፋነዎም። ንሳቶም እውን ነቲ ምልክት ናይቲ እምነቶም፡ ቅድሚ ዝኾነ ይኹን ካልእ ስራሕ ሕንጻ ቤተመቕደስ ኣቐደሙ። እቲ "ሰማይ ዙፋነይ ኢዩ፡ ምድሪ ከኣ መርገጽ እግረይ ኢያ፡ እቲ ንስኻትኩም እትሰርሑለይ ቤት ደኣ ከመይ ዝበለ ኢዩ፧" (ኢሳ66፡1) ዝበለ ኣምላኽ፡ ናይ ህላወ ኣብ መንጎ ሕዝቡ ምልክት፡ ቦታ ኣምልኾን ምእዋጅ ቃሉን ክኸውን ቤትመቕደስ ክሰርሕ ንሰሎሞን ኣዘዞ። ብጊዜ ስደት ባቢሎን ምስ ዓነወ ድማ እንደገና ብዘመን ነህምያ ተሓዲሱ ተሰርሐ። ኣብቲ ቀዳማይ ስራሑ ኮነ ኣብቲ ካልኣይ ምሕዳሱ ድማ ምኽንያት ሓጎስ ሕዝቢ ኣምላኽን፡ ምኽንያት ምሕዳስ ኪዳን ምስ እግዚኣብሔርን፡ ምኽንያት ዳግም ድህሰሳ ቃል እግዚኣብሔር ኮነ። (2ዜና7, እዝራ6፡13-18)። ካብኡ ንደሓር ድማ ቤትመቕደስ ኢየሩሳሌም ብዝኾነ ምኽንያት ምስ ዝረክስ፡ ንምንጻሑ ዘድሊ ዘበለ ይግበር ነበረ (2ዜና29, 1መቃ4, 2መቃ10)። እንተኾነ እዚ ምሕዳስን ምንጻሕን ወትሩ ብዳግመ ምእዋጅ ሕጊ እግዚኣብሔር ኢዩ ዝስነ ዝነበረ።

"እምበኣርሲ ንዅሉ ክፍኣትን ኩሉ ጕርሕን ግብዝናን ቅንእን ኩሉ ሕሜትን ኣርሕቕዎ። እግዚኣብሔር ሕያዋይ ምዃኑ ካብ ጠዓምኩም፡ ብእኡ ኣብ ድኅነትኩም ምእንቲ ክትዓብዩ ከምቶም ሕጂ ዝተወልዱ ሕጻናት ነቲ ጽሩይ መንፈሳዊ ጸባ ብሃግዎ። ናብቲ ብሰብ ተናዒቑ ዝተደርበየ፡ ብኣምላኽ ግና ኅሩይን ክቡርን ዝኾነ ሕያው እምኒ፡ ናብ ጎይታ ቀረቡ። ንስኻትኩም'ውን ቅዱሳን ካህናት ኮይንኩም ነቲ ሳላ ክርስቶስ ኣብ ኣምላኽ ቅቡል ዝኾነ መንፈሳዊ መሥዋዕቲ ምእንቲ ከተቕርቡ፡ ከም ሕያዋን ኣእማን ኮይንኩም ኣብ መንፈሳዊ ቤት ተሐነጹ።" (1ጴጥ2፡1-5)። እቲ ቀንዲ ሕንጻ ንሕና እቶም ብቐንዱ "ቤተክርስትያን" ኢና። እምበኣር በዚ ኢዮቤል ህንጻ ር/ኣድባራት ኪዳነምሕረት ምኽንያት፡ እዚ ዓቢይ ቤተክርስትያን ብብዙኅ ጻዕርን ረሃጽን፡ ብረድኤት ኣምላኽን ክሕደስ ከሎ፡ ማዕረኡ ድማ ናይቲ ውሳጣዊ ምሕዳስ እቶም ኣብኡ ዘምልኹ ኣመንቲ ክኸውን ድላይ ኣግዚኣብሐር ኢዩ። እዚ ምልክት እምነትና፡ ኣርማ እምነትና ዝኾነ ሕንጻ ቤተክርስትያን ተሓዲሱ ኢዮቤል ከብዕል እንከሎ፡ ከምቲ እስራኤላውያን እንደገና ሓድሽ ሕይወት ዝጀምሩ ዝነበሩ ኣብቲ ቀንዲ እምኒ መኣዝን ዝኾነ ኢየሱስ ተሰሪትና ክንሕደስ፡ እምነትና ከነሐድስ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኢዩ።

"የሃበነ ፍሥሐ ጽድቅ፡ ወሰላም በዲበ ሰላም፡ ዘይክል ኩሎ ወአልቦ ዘይሰአኖ!!!"

ኣባ ቶማስ ነጋሽ





## ታሪኽ

# ቤተክርስትያን ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ



1917 - 1962

1965 - 2020

ኣባ ግርማይ ኣብርሃ ዘማኅበረ ሲታውያን

ብታሪኽ ከምዚፍለጥ መንግሥቲ ኢጣልያ ነዚ ኸባብ'ዚ ግዝኣቱ ከምዝኾነ ብምእዋጅ፣ "ኤርትራ" ዚብል ሓድሽ ስም'ውን ዘውጽኣሉ ብ1890 ዓ.ም.ፈ. እዩ። በዚ እዋን'ዚ እቲ ዋና ማእከል መንግሥቲ ጣልያን ኣብ ወደብ ባጽዕ ነበረ።ኢጣልያውያን እምበኣር በብቑሩብ ፍሕኾ እናበሉ ናብ ከበሳታት ብምድያብ፣ ብቕድሚ ንጣልያን ኪወግኡ ዝመጽኡ ብራእሲ ኣሉላ ዝተመርሑ ሠራዊት መዓስከሮም ገይሮምዎ ንዝነበሩ ኣሥመራ፣ ዋና ኸተማኦም ክትከውን መደቡ።

እዚ "ኤርትራ" ዚብል ስም'ውን ብርግጽንዓጾምን ታሪኾምን ዜንጸባርቕ ካብ ኢጣልያ ዝመጽአ ዘይኮነስ፣ ነዚ ሠፊሕ ባሕሪ ብዜመልክት፣ ቀዳሞት ጸሓፍትን ኵለልትን ግሪኻውያንን ላቲናውያንን ዜውጽኡሉ ስም እዩ። "ኮሎንያ ኤሪትረያ" [Colonia Eritrea]ብዚብል ቅጽል ኪሰምዩዎ ከለዉ "ኤርትራዊ ግዝኣት" ወይ ኣብ ገማግም ባሕሪ ኤርትራ ዚርከብ ግዝኣት ማለቶም ነበረ። እቲ Eritreaዚብል ቅጽል በብቑሩብ ስም ኮይኑ።

"ኣሥመራ" ዚብል ስም'ውን እንተኾነ፣ ካብ'ቲ "ኣርባዕተ ኣሥመራ" ዚብል፣ተማህሊለን ዲየን ወይስ ጠሪዔን ንዘሰመዓ ኣዴታት ዜመልክት እዩ፣ ሕጂ ሓደ ክፋልናይዛ ከተማ ብዚጽወዓሉ ስም ተሰምያ ኪበሃል ይከኣል።እዛ ሕጂ ኣሥመራ ተባሂላ ዘላ ካብ ጽፍሒ ባሕሪ 2347 መተር እትርከብ ዓባይ ከተማ፣ ወተሃደራት ጣልያን ዝኣተዉዋ ብ2 ነሓሰ ናብ 3 ነሓሰ ኣብ ዜውግሕ ለይቲ ናይ 1889 እዩ፣ ስለዚ ዝሓለፈ ነሓሰ መበል 130 ዓመትእዩ፣እቲ መራሒ ሰራዊት ጣልያን ጀነራል ኣንቶኒዮ ባልዲሰራ ኣብቲ ሕጂ ከባቢ ቤትጽሕፈት ዕዮ "ኡፊቾ ላቮሮ" ዘሎ መዓስከር ራእሲ ኣሉላ ዝነበረ እዩ ሰፊሩ። ምምራሽ ሰራዊት ጣልያን ካብ ባጽዕ ዝተረድኡ ራእሲ ኣሉላ ሃዲሞም ንዓድዋ ሰጊሮም ነይሮም'ዩ ዚበሃል። ብ16 መስከረም 1889 ድማ ኣብዚ ሕጂ እንዳ ዜና ዘለዎ በሪኽ ቦታ ቤትመኻእ፣ ባንዴራ ጣልያን ከምተንበልብል ገበሩ። ብ15 ነሓሰ ናይ 1893 ድማ ብወግዒ መዓስከር "ፎርተ ባልዲሰራ" ተባሂሉ ተመረቐ። ክሳብ 1991 ድማ ካብ ወተሃደራዊ ምምሕዳር እንግሊዝ ክሳብ ደርጋዊት ኢትዮጵያ ወተሃደራዊ መዓስከር ኮይኑ ጸንሐ። እቲ ኣብ [ምጽዋዕ] ባጽዕ ዝነበረ ሲቪላዊ ምምሕዳር መንግሥቲ ጣልያን ብ1897 ብወግዒ ናብ ኣሥመራ ገዓዘ። ቐዳማይ ሲቪላዊ ኣመሓዳሪ ግዝኣት ጣልያን "ኤርትራ" ኮይኑ ዝተሸመ እቲ ውሩይ ሰናቶረ ፈርዲናንዶ ማርቲኒ ነበረ። ንሱ ከኣ እዩ ካብ ባጽዕ ናብ ኣሥመራ ዘግዓዞ። ነዞም ናይ መንግሥቲ ኢጣልያ ሓለፍትን ጸሓፍትን ብመንፈሳዊ መዳይ ዚግደሱ ካህናት ብኡ ብኡ ኣብ ኣሥመራ ከምዝሰፈሩ ኪግመት ይከኣል።

ካቶሊካውያን ደቀባት ህላዌኦም ኣብዛ ከተማ ዘመዝገቡ ካብ 1896 ኣቢሉ ከምዝኾነ ይግመት። እዚኣቶም ድማ ናይ መንግሥቲ ጣልያን ሲቪል ሰራሕተይናታት ኮይኖም፣ በቲ ግዜ'ቲ ካቶሊካውያን ብብዝሒ ይርከቡሉ ካብ ዝነበሩ ወገናት ኤርትራ መጺኦም፣በብቑሩብ ዝተዋሃለሉ እዮም። ሠፈሮም ድማ ኣብ'ዚ ሕጂ ከባቢ ገዛ ኸኒሻ ዚበሃል ዝነበረ ይመስል። በዚ እዋን'ዚ ናይ ካቶሊካውያንደቀባት ምምሕዳር ቍምስናታት ኣብ ኣርባዕተ ይምደብ ነበረ።

1. ባጽዕ ምስ እምኩሉ ሓደ ምምሕዳር፣
2. ዓሊቴና ንኸባቢኣ ዝነበራ ገለ 3-4 ቁምስናታት፣
3. ኣኸሩር ካብ ሺመዛና ክሳብ ዓተከሌዛን ዝነበረ ነቑጣ ታትን ቍምስናታትን (18) እተመሓድር፣
4. ከረን ከኣ ከባቢኣን ንዝነበራ ተማእክል ነበረት።

ኣሥመራ እምበኣር ኣብ ትሕቲ'ቶም ኣብ ኣኸሩር ዝነበሩ ሓለቓ ስለዝኾነት፣ ኣብ ኣሥመራ ንዝነበሩ ካቶሊካውያን ደቀባት ደሃዮም ኪፈልጡ ሃለዋቶም ኪግንዘቡ ካብ ኣኸሩር ተላኢኾም ዝመጽኡ ኣባ ኪዳኑ ወልደጊዮርጊስ ዚበሃሉ ካቶሊካዊ ካህን እዮም። ንሶም ኣብ'ዛ ሕጂ ኣብ ጥቓ ዓባይ ወንጌላዊት ቤተክርስትያን እትርከብ ቦታ ንእሽቶይ ቤት ንፈለማ ጊዜ መሥዋዕተ ቅዳሴ ከም ዝፈጸሙ ይንገር። እታ ቤት'ቲኣ መን ይፈልጥ ተመሓይሻ ትኸውን ቦታኣ ግን ክሳብ ሎሚ ቤትጸሎት ኮይና ትቕጽል ኣላ። እዛ ቤትጸሎት መድኃኔ ዓለም ዝተሰምየት እያ።[ሥእሊ ረአ]

ቀዳመይቲ ቤትጸሎት [ጥቓ ወንጌላዊት ቤተክርስትያን ዘላ]



ምስ'ዚ ማዕረ-ማዕረ ወይ'ውን ኣቐዲሙ ኪኸውን ይኽእል፣ ኣብ'ዚ ሕጂ "ካተድራል" ዘለዎ ቦታ፣ "ሚስዮነ ካቶሊካ" ተባሂሉ ምእመናካህኑ ሓበሻን ጸዓዱ ኢጣልያውን ያንን እተገልግል ቤተክርስትያን ተሓኒጻ ነበረት። እዛ ቤተ-ክርስትያን'ዚኣ ብ02 ጥቅምቲ 1897 ብኣባ ሚካኤል በዓል ካርቦናራ ተባሪኻት። ምስዛ ቀዳመይቲ ቤተክርስትያን፣ ቤት ደናግል ቅድስት ሓና እውን ተሓንጸ። እቲ ፈላሚ ስማ'ውን "ቤተክርስትያን ቅዱስ ማርቆስ" ዚብል ነበረ። እዛ ቤተክር-ስትያን ንእሽቶይ ከምዝነበረት ዜመልክት ገለ ናይ ቀደም ኣሣእል ኣሎ። ትንኣስ ደኣ'ምበር ዓበይቲ በዓላትን ተራ መዓልትን ኪኸውን እንከሎ፣ ሓበሻኡም ጸዓዱኡም ኩሎም ኣብ'ዛ ቤተክርስትያን'ዚኣከምዚግልገሉ፣ ብርኪ ከም ዝነበሩ እዩ ዚፍለጥ። በብተራ እናተገልገሉ፡ ሓደ መዓልቲ ጸዓዱ ካልእ መዓልቲ ድማ ደቀባት ብቛንቋኦምን ብሊጡርግያኦምን ይጽልዩ ይዝምሩ ነበሩ። እዚ ግን እቲ [ሓበሻ ነቲcampo cintato ዚበሃል ("ኮምቡሽታቶ") ንደቀባት ክይተኸልከለ ከሎ ኪኸውን ኣለዎ።

ቤተክርስትያን ቅዱስ ማርቆስ [ሎሚ "ካተድራል" ሮዛርዩም]



ከምዚ ኢሉ ሓያሎይ ዓመታት (ዳርጋ 20 ዓመት) ምስቀጸለ ቤተክርስትያን ቅዱስ ማርቆስ ኣዝያ ንእስቲ ስለዝነበረት ንኽልቲኡ ወገን ይትረፍስ ንሓደ'ኳክትበቕዕ ዘይትኽእል ምዃና ግልጺ ኮነ። እቶም ኣቡን ኣብ ኵሉ ንሕዝቢ ኮነ ንቤተክህነት ብዚርኢ ነቶም ደቀባት ቀዳምነት ኪህቡ ተራእዩ። ኵነታት ዘርኣክህነት ዘመሓየሹ፣ ንደቀባት ዚኸውን ፈላሚ ኣብያተ ትምህርቲ ዘሕነጹ'ውን ንሶም እዮም።

ስለ'ዚ ኸኣ ሽው ዝነበሩ ጳጳስ ኣቡነ ዮሴፍ ሓዳስ ቤተ-ክርስትያን ንምስራሕ መደቡ፤ ንኽልቲኡ ወገን ንጣልያንን ንደቀባትን ነናቶም ኬስርሑ እንኪሓስቡ፣ ቀዳምነት ዝሃብዎ ግን ነቲ ናይ ደቀባት እዩ። "እዞም ደቀይ ካቶሊካውያን ደቂሓበሻ፣ ኣነ ንሥርዓት ሃገሮም ኣጸቢቐ እፈቱ እየ'ሞ ከም ሥርዓት ዓዶም በብዓይነቱ ጸሎታት ዚገብሩላ፣ ንበይኖም እትኾኖም ቤተክርስትያን ክሰርሓሎም እየ" ከምዝበሉ ኣብ ታሪኽ ተመዝጊቡ ኣሎ። [ ኣቡነ ዮሴፍ ካሚሎ ካራራ]



ምእንት'ዚ እቶም ካቶሊካውያን ደቀባት ብናጽነትን ብምሉእ ርእሰ-ተኣማንነትን ጸሎቶም ምእንቲ ኪገብሩ ዚግባእ ናይ ማኅሌትን ካልእ ናይ በዓላት ሥርዓታትን ከበሮን ጸናጽላትን ምእንቲ ከዘውትሩ ተባሂሉ ዝተመደበ እዩ። በይኖም ባዕሎም ከምዚኽእሉ ደኣ ይገበር'ምበር ፈጺሞም ኪርሕቁ ካብ'ታ ምቕማጥ ጳጳስ ዝኾነት ቤተክር-ስትያን ቅዱስ ማርቆስ (ደሓር ካተድራል "ሮዛርዩም") ብዙሕ ኪርሕቁ ኣይተደልየን።

ምእንት'ዚ ከኣ ንቤተክርስትያን ጥራሕ ዘይኮነስ፣ወላ እውን ኣብ ዙርያኡ ኪሰፍሩ ንዘለዎም ደቀባት ካቶሊካውያን ስድራቤታት ኪሓቍፍ ዚኽእል ሰፊሕ ቦታ ኪወሃቦም ንመንግሥቲ ሓተቱ። ልክዕ ከምቲ ኣብ ካልእ ዓዳትን ገጠራትን ቤተክርስትያን ኣብ ማእከል ኮይና ዙርያኣ ገዛውቲ ዓዲ ዚኸባ ከምኡ ኪስራዕ መደቡ።

በዚ መሠረት'ዚ ከኣ ነዚ ስራሕ ኪመርሑን ባዕላቶም እውን ኣብኡ ኪነጥፉን ንኽልተ ኣባላት ማኅበር ካፑቺን ኢጣልያውያን መዘዙዎም፣ በዚ እዋን'ቲ ይስራሕ ዝነበረ ኣብያተ ጸሎትን ቤተክርስትያናትን ቀንዲ ሃንደስቱን ሓነጽ-ቱን እዞም መነኮሳን ካፑቺን ነበሩ፣ ንኣብነት'ኳ ሕጂ ብሓደስቲ ቤተክርስትያን ተተኪኣን ዘለዋ፡ ቀዳሞት ኣብያተ ክርስትያን ሔቦን ሚዔላን ባዕሎም ኢጣልያውያን መነኮሳን ካፑቺኒ ተዓጢቖም ኪነድቁ ከምዝረኣዩ ዜዘንትዉ ሰብ ዕድመ ኣበው ነይሮም። ስለዚ ብሓሳብን ብመደብን ጥራሕ ዘይኮነስ ብረሃጽን ብድኻምን ነዛ ቤተክርስትያን ሃገርና ንምቛም ዝገበርዎ ጻዕሪ መሠረታዊ እዩ።

እዚ ጥራሕ ዘይኮነ'ውን ነዚ ሕንጻ'ዚ ዚኸውን መስርሒ ገንዘብ ኣብ ኢዶም ስለዘይነበሮም ኣብ ኤርትራ በቲ ጊዜ'ቲ ዝነበሩ ካቶሊካውያን ኵሎም ዘዝዓቕሞም ከዋጽኡ ተነጊርዎም፣ በሓቂ ከኣ ኣወንታዊ ምላሽ ከምዝሃቡ ስማቶምን ኣበርክቶኦምን ዓዳቶምን ከይተረፈ ዚነግርን ዚዝርዝርን ሓበሬታ'ውን ኣሎ። ሓሳቡ ከኣ "ኣሥመራ ኣውራ ኸተማ ብምዃና ናይ ኵሉ እያ። ኹሉ ሰብ በብጕዳዩ በብሓጀቱ ነሥመራ እንኪመጽእ ናብ'ዛ ብሓገዝ ኹሉ እትሕነጽ ናይ ኵሉ ዝኾነት ቤተክርስትያን

ኣተዩ ብምስጋድ ምእንቲ ኪጥቀም ተባሂሉ እዩ። እዛ ሓዳስ ቤተክርስትያን እዚኣ ናይ ብኤርትራኡ መስገዲትን ናብ ኣምላኽ መለመኒትን ክትከውን እያ ተሓሲባ። ብዝተረፈ ናይ ኤርትራ ካቶሊካውያን ደቂ ሃገር ኣብዛ ናይ ኤርትራ ዓይነተይና ከተማ ኣብ ዝኾነት ኣብ ኣሥመራ ናይ በይኖም ጽብቕቲ ቤተክርስትያን እንተደኣ ኣላትሎም እዙ ነገር'ዙይ በሓቂ ንሳቶም ዚኾርዑሉን ዚሕብሩሉን ነገር እዩ". . .። እዛ ቀዳመይቲ ናይ ደቀባት ካቶሊካውያን ብዝተሓንጸትሉ እዋን፣ ኣስታት 500 ኤርትራውያን ካቶሊካውያን ኣብ ኣሥመራ ተቐመጥቲ ከምዝነበሩ ካብ ናይ ሽዑ ጽሑፍ ዝረኸብናዮ እዩ።

እቶም ኣቐዲምና ከም ነደቕቲ ዝጠቐስናዮም ክልተ ፈለስቲ ካፑቺንን ኣባ በርናርዲኖስ በዓል ደሲዮ፣ ኣባ ሄሮኒሞስ በዓል ኮለፓርዶ ዝተባህሉ እዮም። ኣብ ካልእ ስራሕ መንደቕ ዝነጠፉ'ውን ሰሙያት ኣባ ካርሎ በዓል ኢንዛጎ፡ ኣባ ሲሮ በዓል ብራምቢላ ነበሩ። ብወርሒ ጥቅምቲ ናይ 1917 ዓ.ም.ፈ. ከኣ መሬት መዳሚዶም መሠረት ኹዒቶም ሽዑ ሽዑ መንደቐም ጀመሩ። መናድቕ ሕንጻ ኣብ ሾመንተ ወርሒ ተዛዚመ፣እቲ ስራሕ ሕንጸት እናሰጐመ፡ መንድቒ እናተመመ ኪኸይድ ዝረኣዩ ሓለፍቲ መንገዲ፣"እዚሕንጻ'ዝስተዛዚሙ ተኸዲኑ ምስ ኣብቀዐሰ ክንደይ ዚግርም ኮን ኪኸውን'ዩ!!" እናበሉ ክሎ ጋና ከይተፈጸመ ከድንቕዎ ተረኺቡ ይበሃል። ኣብዛ እተዓቢ ዝነበረት ከተማ ካብ ዝነበረ ሕንጻ ቤተኣምልኾ በቲ እዋን'ቲ ብዘመናውነቱን ብዕቤቱን ካልእ መወዳድርቲ ዝነበሮ ኣይመስልን። እቲ ካልእ ዓበይቲ ኵሉ ድሕሪኡ ዝተሰርሐ እዩ።

ናይ ሕንጻ ቤተክርስትያንንናይ'ቲ ድሕሪኡ ስዒቡዝተሓንጸ ቤትትምህርትን ንድፊ ዘቕረቡ፣ እንጂኔረ ፓውሎ ረቪልዮ [Paolo Reviglio]እዮም።እዛ ቤተክርስትያን ተኸዲና ምስተዛዘመት፣ኣርባዕተ መኣዝን ኹርናዓት ዘለዋ፣ ኣዝያ ምልክዕትን ግርምትን ኮነት፣ ቁመታ 19 እመት፣ ንውሓ 51፣ ግፍሓ 23 ኮነ። ኣብ ውሽጢ ናብ ሠለስተ ወገን (ማይቤት) ዝተመቓቐለት ነበረት። ነዚ ወገናት'ዚ ዚፈላሊ ዓንዲ-ሑጻ ነይርዎ።ማእከለይቲ 14 ብ45 እመት (ግፍሓን ንውሓን) እያ። መንበረ ታቦት ኣብ'ዛ ወገን'ዚኣ ተደኲነት፣ እተን የማን ጸጋም ዝነበራ ማይቤታት ነፍስወከፈን ሸሸዱሸተ እመት ግፍሒ፥44 እመት ከኣ ንውሒ ዝነበረን እንኪኾና፣ እዚኣተን'ውን ኣብ መወዳእታ ጫፈን መመንበረ ታቦተን ዚሕዛ ነበራ።

ንስራሕ ሕንጻ ቤተክርስትያን ዝወጽአ ገንዘብ ከይተረፈ ንጹር ተዘርዚሩ ኣብ መዝገብ ታሪኽ ሰፊሩ ኣሎ። እቶም ክኢላታት ፈለስቲ ካፑቺኒ ጕልበቶምን ፍልጠቶምን ብናጻ ዘወፈዩ እንኪኾኑ፣ ንመጋበርን ንኻልኣት ሰራሕተይናን ዝወጸ ገንዘብ 29,500 ፈረንካ ነበረ፣(29 ሽሕን 5 ሚእትን ፈረንካ)።



ቤት ፡ ክርስቲያን ፡ ኪዳነ ፡ ምሕረት ። አሥመራ ።

ብ18 ጥቕ 1910 [1917] ዓ.ም.ግ. ድማ ተባሪኻ ታቦት ኣተዋ። በዚ ዕለት'ዚ ኣብ'ታ ናይ ሓባር ዝነበረት ንእሽቶይ ቤተክርስትያን ቅዱስ ማርቀስ ብሥርዓት ግእዝ ድሙቕ ማኅሌት ተገብረ፣ ካብ ካልእ ወገን ኤርትራ ነቲ ጽንብል ኪብል ብዙሕ ሰብ ስለዝመጽአ፣ቤተክርስትያን ቅዱስ ማርቀስ ፍጹም ጸቢቡ፣ እቲ ማኅሌትን ጸሎታትን ኪፍጸም ክሎ ዚበዝሕ ሰብ ኣብ ግዳም ነበረ።

ድሕር'ዚ ኵሉ ሰብ እንኻብ ቤተክርስትያን ቅዱስ ማርቀስ ወጺኡ፣ ብመልክዕ ዑደት ናብ'ታ ሓዳስ ቤተክር-ስትያን ገጹ ተጓዕዘ። መራሕቲ ዑደት ናይ ማርያም ጽዮን ሥእሊ ዝሓዙ ነበሩ። በዚ ግዜ'ዚ መዘምራን ሊቃውንቲ "ወኣንቲኒ ታቦት፡ እምኅበኒ መጻእኪ ወኀበኒ ተሐውሪ፣ መድኃኒተ ኩኒ፣ ታቦተ ሕጉ ለንጉሥ ዓቢይ" (ኣቲ ታቦት ኣምላኽ!! ነቲ እተሓድግዮ ዘሎኺ ኮነ፡ ነቲ እተኣትውዮ ዘሎኺ ቦታ፣መቕደዊቱን መድኃኒቱን ኩኒ) እናበሉ ነታ ቐዳመይቲ ቤተክርስትያን ቅዱስ ማርቀስ ኮነ፣ ነዛ ሓዳስ ቤተክርስትያን ቡራኬ ተመነዩን ጸለዩን። ኣንስቲ ብዕልልታ ሕዝቢ ከኣ ብሆታ ዚግባእ ዓጀብን ማዕረግንሃበ። ብመልክዕ ዑደት ናብ'ዛ ሓዳስ ቤተክርስትያን ምስበጽሑ፣ ኣቡነ ዮሴፍ ብኻህናት ተዓጂቦም ቡራኬ ሓዳስ ቤተክርስትያን ፈጸሙ። ብግዳማ ብማይጸሎት ዝጀመርዎ ቡራኬ፣ ኣብ ውሽጢ ቤተክርስትያን ቀጺሉ፣መንበረታቦት'ውን ባረኹ። ድሕርዚ ብኣቡነ ዮሴፍ ሠራዒነት ጳጳሳዊ መሥዋዕተ ቅዳሴ ዓረገ። ድሕሪ ንባብ ወንጌል፣ ናይ ዕለቱ መልእኽቲ ቃል-ኣምላኽ ብኽቡር ኣባ ፍራንቸስኮስ በዓል ባሳኖዝተዋህበ ስብከት ተኸተለ ።

> "እተፈቶኹም ኣኅዋተይ! እዛ ማሕለፍያ ቤተክርስትያን እዚኣ፣ በቲ ኅሩይ ናይ ኣቦና ልቦና እተሓለነት፣ በቲ ጽኑዕ ፍቓድዎ ንቐደም ዝበለት፣ ቃሕታና ማለት ድላይና ዘሰነያ፣ብመባኣትኩም ዝተሓገዘትን በቲ ዘየቋርጽ ናይ ሰባኻያን (ካፑቺን) ድኻምን ስራሕን ተደጊፋ ዝቐመት፣ እነሆትለይ ሎሚ ኣብ መዥመርያ መዓልታ፣ ከም ፍቕረይና ኣደ ኮይና ኣብ ሕቝፎኣ ትእክበኩም ኣላ" (ካብ ስብከት ኣባ ፍራንቸስኮስ)

ድሕር'ዚ ኣቡን ታቦት ማለት ቅዱስ ቁርባን ሒዞም ንመላእ'ቲ ኸባቢ ቤተክርስትያን ዘሎ እናዓወዱ ባረኹ። ቀጺሉ ግእዛዊ ዜማ ቕዳሴ ተቐዲሱ፣ ኣብ መንን ድማኣብ ከረን መምህር ዘርኣክህነት ዝነበሩ ኣባ ተኽለማርያም ካሕሣይ ቃልኣምላኽ ኣስምዑ፣

"ቀደስ ማኅደሮ ልዑል፡ እዛ ተአኪብናላ ዘሎና ገዛፍን ጽብቕትን ሕንጻ ስራሕና'ያ፣ ጉይታና ኣቡነ ዮሴፍ ጳጳስና ሓሰቡዋ፣ ኣርድእትና ነደቑዋ፣ ንሕና ኸልና ገንዘብ ሓገዝና፣ እሞ እዞም ኸልና ተሓጋጊዝና እንታይ ስራሑ ኢና ዝገበረና? ካቶሊካዊት ሃይማኖት ኣብ ኣሥመራ እትፍልጠሉ ሕንጻ ገበርና"።

ስለ'ዚ እታ ቐዳመይቲ ቤተክርስትያን ኪዳነምሕረት ተሓኒጻ ካብ እትባረኽ እነሆ መበል 102 ዓመታ ዛዚማ ናብ 103 ኣትያ ኣላ። ብኸመይ ከምዝተቐየረት ደኣ ኣይፍለጥን እዩ'ምበር፣ እቲ ፈለማ ክትባረኽሲ ታቦት ማርያም ጽዮን ኣትዩ ተባሂሉ ኣሎ። መኣስ ኪዳነ ምሕረት ከምዝተባህለት ግንኪጸናዕ ዘለዎ እዩ።

ኣብ 1921 ዓ.ም.ፈ. ኣባ ያዕቆብ ገብረኢየሱስ ቀሞስ ቤተክርስትያን ኪዳነምሕረት ኮይኖም ምስተመዘዙ፡ ብሕሉፍ ኣገባብራን ትግሃትን ንጽባቐ ሕንጻ ቤተክርስትያን ኣብ ፍጽምና ከብጽሕዎ ጸዓሩ።

እቲ ፈለማ ስራሓታ መንደቕ ጥራሕ ነበረ፤ ንሶም እምበኣር ንፋዓትን ሰብ ሓቦን ንዝኾኑ ሕዝቢ ኣሥመራ ብምልዕዓል ንኸተማ እትበቅዕ ቤተክርስትያን ገበርዋ፤ ፕላፎን ኣገበሩላ፡ ላዕላያን ታሕታያን ኩሉ ኣሸለምዋ፣ ናይ ምድርቤታ ሕጡብ ኣልዮም ብማቶኔላ ተውላሕላሕ[1]ኣበልዎ፣ ኣብ ላዕሊ መንበረ-ታቦት ዘሎ ዓቢይ ሥእሊ ኪዳነምሕረት[2] ኣብ ዓዲ ጣልያን ኣሥኢሎም ኮፍ ኣበሉላ። ፍጹም ሉቸ-ኤሌትሪክ ዘይነበሮ ብኽንደይ ጻዕርን ድኻምን ኣእቲዎም ኣብ ኸሉ ወገናታ ብርሃን ኣግበሩላ። ኣብ ባይታ ዝነበረ ደወል'ውን፣ እንዳ ደወል ኣሰሪሖም ላዕሊኣሰቀልዎ። ከምኡ ብዝበለ ብዙሕ ካልእማልእ ሸላለምዋ።[ካብ ናይ ሸዑ ጽሑፍ]


ብወገን መንፈሳዊ ምንቅስቓሳት ድማ እዞም ትጉህ ቀሞስ ዘካየድዎ ናይ ቤተክርስትያን ኪዳነምሕረት ንጥፈታት ብዙሕ እዩ። ደቂ ቅዱስ ሉዊጂ ደቂ ማርያም ዝተሰምዩ ማኅበር ሕፃናት ሠሪዖም ብፍጹም ኣዓንበብዎ፡ ሰናብቲ መወድስን መዝሙራትን ብሥርዓት ከምዚቕወማ ገብሩ፣ንሕዝቢ ዜደንቕን ዜሓጉስን ማኅሌት ይቕወም ነይሩ ይበሃል።

ሕዝቢ ክርስትያን ንታቦቱን ቤተክርስትያኑን ከምዚሓሊ፣ ኣብ ወወርሒ ዜዋጽኡ ዚሰልዑ ሸማግለ እናኣዘዙ ንዚኣቱ ኸሉ ብንጹር ጸብጻባት እናሰነዩ፣ ጽቡቕ ኣመሓ-ዳድራ ቤተክርስትያን ኣርኣዩን ኣምሃሩን፣ ዝኸፈለን ዘይከፈለን ፍርቂ ዝገበረን እናበሉ ኣብ ቤተክርስትያን ጸብጻብ ብምሃብ፣ እቲ ዘንጊዑ ዝጸንሐ ወገን ስሙ ብጉደሎ ንኸይለዓልን ንስለኒሕንብኡብኡ ከምዚኸፍል ብምግባሮም ቤተክርስትያን ኪዳነ-ምሕረት በብቑሩብ ርእሳ ከምትኽእል ገበሩ። ኣብ ቅድሚታ ቤተክርስትያን ዝነበረ ጸድፊ ዚመስል ገደል ብውሕሉል ክእለትን ገንዘብን ተነዲቑ ንቤተክርስትያን ግርማ ዚውሰኸሉ ኮነ። በዚ ግዜ'ዚ ንቤተክርስትያን ኪዳነ ምሕረት ንምግራም ዝቖሙ ማኅበራት ምእመናን፣- 1. ማኅበር ንስሓ ቦታ 2. ማኅበር ቅዱስ ሚካኤል 3. ማኅበር ኪዳነምሕረት 4. በዓለ ማርያም 5. ቅዱስ ጊዮርጊስ 6. ቅዱስ ዮሴፍ 7. መድኃኔ ዓለም 8. በዓለ እግዚኣብሔር.

1.ማሕማሕ ኣበልዎ ማለት እዩ።

2.እዚ ሥእልዚ እቲ ኣብዛ ዓባይ ቤተክርስትያን ኪዳነምሕረት ዘሎ እዩ።

. .።ሕዝቢኣብ መማኅበሩ በብ12 ሰብ ከምዚሰራዕ ዝተገብረሉ ነበረ። ንኣወዳትን ኣዋልድን ኣካዳሚ ቀለም ዚምህር ቤት ትምህርቲ እውን ኣብ ቀጽሪ'ዛ ቤተክርስትያን ተተኽለ[3]።



## ሓዳስ ቤተክርስትያን "ካተድራለ"

እታ ሓደ እዋን ንኹሎም ሓበሻን ጸዓዱ እተገልግል ዝነበረት ቤተክርስትያን ቅዱስ ማርቀስ ጸባብ ብምንባራ ዝዓበየትን ዝጸበቐትን ክትሰራሕ ብማለት ብ1923 ኣፍረስዋ። ብኡብኡ ከኣ ብናይ ሰሜን ኢጣልያ "ሎምባርዲያ" ንዝተባህለ ቅዲ-ሕንጻ ብምኽታል፣ ብፈለስቲ ካፑቺኒ ብኢዶም ነዲቖምዋ ተሓንጸት፣ ብ14 ጥቅምቲ 1923 ከኣ ብኢድ ኣቡነ ካሚሎ ካራራ ተባረኸት። እታ ብሸመንተ "ኮንስርት" ከምተድምጽ ዝተገብረት ደወልን እንዳ ደወልን ከኣ ብ1925 ተመረቐት፣ ኣብ ውሽጢ ቤተክርስትያን ዘሎ ንዝኽሪ ኣቡነ ካራራ ዝተገብረ እምነበረድ ብ1927 ተሰርሐ። ብየማን ዘሎ መንበሪ ፈለስቲ ብ1926፣ እቲ ሕጂ ካቶሊካዊ ቤትጽሕፈት ሰበኻ ኣሥመራ ዘሎ፡ ናይ ሸዑ መንበረ ጵጵስና ድማ ብ1927 ተሓንጸ። ቤትማኅተም ፍራንቸስካና"ቤትትምህርቲ ሓናፍጽ" ከኣ ብ1932 ተሓንጸ። ሕንጻ ቤተክርስትያንን ኩሉ ምስኡ ዝተኣሳሰረ ወገናትን ሃንዳሲኡ ማሪዮ ማሴቲ እንኪኸውን ነደቕቲ ድማ ከም ወትሩ ፈለስቲ ካፑቺኒ እዮም።

3 እዚ ቤትትምህርቲ ኪዳነምሕረት ክሳብ 1982 ድሕሪ ሰሪሑ፣ ብመንግሥቲ ኢትዮጵያ ተወሪሱ። ደሓር ግን ነቲ ናይ ቤተክርስትያን ዓውደምሕረት ንምስፋሕ ኣብ ዝተገብረ መደብ፣ ብግዜ ኣቡነ ዘካርያስ እቲ ቤትትምህርቲ ከምዚፈርስ ተገብረ፣ ምስ መንግስቲ ብዝተገብረ ስምምዕ፣ ንሱ ተዓጽዩ ኣምሳያኡ ብናይ ቤተክርስትያን ደገፍ ኣብ ቤትትምህርቲ ሞዴል [ጥቓ ኢናይል] ክንዳኡ ዚኸውን ሕንጻ ተሰሪሑ ተዋህበ።



ቀደም ቤተ ክርስትያን ቅ.ማርቆስ ዝነበረ ኣፍሪሶም፣ እዚ ተሃንጸ ቅ. ማርያም ዘሮዛርዩም ተባሂለ፣ ካተድራል ወይ መካነ መንበር ከኣ ኮነ። ካብ 1996 ንደሓር ብልማድኳ "ካተድራለ እንተተባህለ ብሥርዓት ግን መካነመንበር ምኳን ኣቋሪጹ እዩ።

## ቤተክርስትያን ኪዳነ ምሕረት ኣብ ታሪኽ


### ካቶሊካውያን ኤርትራ

እዛ ቤተክርስትያን'ዚኣ ብብጹዕ ጳጳስ ኣቡነ ዮሴፍ ክትሕሰብን ክትሕጾን ከላ ጀሚሩ ንዅሎም ካቶሊካውያን ኤርትራ ከተገልግል ተባሂሉ ከምዝነበረ ኣብ ዝቐደመ ወገን'ዚ ጽሑፍ ተገሊጹ ኣሎ። በዚ ዝተባህለ ሓሳብ መሠረት ይኹን፣ወይስ ኣብ'ታ ኣውራ ኸተማ ብምርካባ ይኹን እምበኣር፣ ብኡብኡ ናይ ዅሎም ክትከውን ንዅሎም ካቶሊ-ካውያን ዚርኢ ታሪኻዊ ፍጻሜታት ዚፍጸመላን ቤተክር-ስትያን ንምኳን በቕዐት።

በዚ መሠረትዚ እታ ቤተክርስትያን ቅዱስ ማርቆስ ነበር፣ ናይ ሥርዓት ላቲን ቀንዲ ማእከል ወይ ምቕማጥ ኣቡን [ካተድራል] እንክትከውን እዛ ናይ ደቀባት ቤተክርስትያን ድማ፣ ፊለማ ምስ ኣቡን ኮይኖም በቲ ንደቀባት ቤተክህነት ዜድሊ ጉዳያት ኪዝትዩ ዝተመደቡ ካህናት ደቀባት ኣሕሉቕ ምቕማጦም ኮነት፣ ጽንሕ ኢላ ድማ መንበረ ጳጳስ ኤዛርቅና ቀጺላ መንበረ ኤጳርቅና፣ ሕጂ ኣብ መወዳእታ ድማ ብ2014 መትሮፖላዊት መንበረ ሊቀጳጳስ ንምኳን በቕዐት። ኣብ መወዳእታ ከኣ ብ1995/96 ናይ ባረንቱን ከረንን ሰበኻታት ኣብ ዝተተኸለሉ፣ ወያ ናይ ላቲን ዝነበረት መንበረ ጳጳስ ምኳና ኣብቀዐ። ኣብዛ ቤተክርስትያን ኪዳነምሕረት ዝተራ-እየ ታሪኻዊ ፍጻሜታት እቲ ፈፍሩዩ እዚ ዚስዕብ እዩ፦

1. ምብጻሕ ሊቀጳጳሳት ሄንሪ ለፒሴር (1927)
2. ምቕማጥ ሊቀካህናት (ደቀባት)
3. ምቕባል ሓድሽ ጳጳስ ወዲሃገር ኣቡነ ኪዳነማርያም ካሣ፣ መንበረ ጳጳስ(1930)።
4. ምቕባል ሓድሽ ጳጳስ ኣቡነ ያዕቆብ ገብረኢየሱስ፣
5. ምቕባል ሓድሽ ጳጳስ ኣቡነ ኣሥራተማርያም፣
6. ሥርዓት ሲመት ጵጵስና ኣቡነ ኣብርሃ ፍራንስዋ

ብ1927 ዓ.ም.ፈ. ሓደ ዓቢይ ጋሻ ንሃገርና ተላኢኾም ነበሩ። ንሶም ናይ ማኅበር ኣግብርተ ማርያም ኣባል ዝኾኑ ማእምረሥነ-መለኮት ሊቀጳጳሳት ኣለክሲዩስ ሄንሪ ማሪያ ለፒሲየር ይበሃሉ። ናብ ሃገርና መምጽኢኦም ድማ "ሓዋርያዊ በጻሒ ተሠይሞም ካቶሊካውያን ሃገርና ቤተክህነቱን ምእመናኑን ኣበየናይ ደረጃ ይርከቡ፣ ከመይ ዝበለ ዕብየት ከምዘመዝገቡ፣ ኣብ ኸመይ ዝበለ ግድላት ከምዝተረኽቡ ኵሉ ብቐረባ ተዓዚቦም ንቤተክህነትን ምእመናንን






[1]ሓቲቶም ተወኪሶም ንውሳኔ ዚኸውን ምኽርን ሓሳብን ናብ ቅድስት መንበር ንኸቕርቡ ዝተመዘዙ ነበሩ። ናብዚ ውሳኔ'ዚ ዘብጽሐ ድማ ካብ ነዊሕ እዋን ኣብ መንጎ'ቲ ናይ ደቀባት ጉጅለ ቤተክህነትን፣ ኣብዚ ዚሰርሑ ብሓላፍነትን'ውን ዝተመዘዙ ልኡኻነ ወንጌል ደቂወጻእን ዝነበረ ናይ ሓሳብን ኣገባብን ኣከያይዳን ዘይምርድዳእ እዩ። ሊቀጳጳሳት ለፒሲየር ነዚ መደቦም ከንቀሳቕሱ ከለዉ (ኣስታት ሠለስተ ወርሒ ዝወሰደ) ቤተክርስትያን ኪዳነ ምሕረት እታ ቐንዲ ማእከል ምእመናንን ቤተክህነትን ደቂ ሃገር ነበረት።



1 ኣሳእል፡ 1.ሊቀጳጳስ ለፒሴር ምስ ቆሞስ ኣባ ያዕቆብን ገለ ምእመናንን 2. ኣባ ያዕቆብ ቆሞስ ምስ ደቂ ቁምስና ሕጻናት ቅዱስ ሉዊጂ 3. ኣቡነ ኪዳነማርያም ካሣ 4. ንኣቡነ ኪዳነማርያም ኪቕበሉ ዝመጽኡ ካህናት ሰበኻ

ከም ውጽኢት ምብጻሕ ለፒሲየርን ናይ ገምጋሞም ፍሬ'ውን ኪበሃል ዚከኣል ድማ፣ ብኡብኡ ንካቶሊካውያን ደቂሃገር ዚመርሕ ኤጲስቆጰስ ከምዝሠየመት ቅድስት መንበር ኣፍለጠት። ናይ'ዚ መበል 20 ምእተዓመት ቀዳማይ ጸሊም ኣፍሪቃዊ ጳጳስ ኮይኖም ድማ ኣቡነ ኪዳነማርያም ካሣ ተሠይሙ። እዛ እንዛረበላ ዘሎና ቤተክርስቲያን ኪዳነ ምሕረት ከኣ መንበሮም ክትከውን በቕዐት። ከም'ቲ ልሙድ እቶም ውፉያትን ክኢላታትን መነኮሳን ካፑቺኒ



ድማ ነዚ ክሳብ ሎሚ ዘሎ ኣረጊት ሕንጻ ቤተጳጳስ ባዕላቶም ሰሪሖም ንሓዲሽ ጳጳስ ኣረከቡዎም። ኣብ ሮማ ሥርዓት ሢመት ጵጵስና ተፈጺሙሎም ብ1930 ንሃገሮም ኪኣትዉ ከለዉ፣ ኹሉ ብዘይሌላን ጉሌላን ከምዝተቐበሎም ከምዝዓጀቦም'ዩ



ዚንገር፤ ስለ'ዚ ከኣ ብወግዒ ብሥርዓት፣ ናብዛ ቤተክርስትያን ኪዳነ ምሕረት መንበር ጵጵስናኦም ኣተዉ። ኣብኣ ኮይኖም ኣብ መላእ ኤርትራ ንዚርከቡ ካቶሊካውያን ደቅሃገር መርሑ፤ ድሕሪ ምውጻእ ኢጣልያ ካብ ኢትዮጵያ፣ [ ኢ ጣ ል ያ ው ያ ን ] ሓለፍትን ቤተክነትን ካብ ኢትዮጵያ ምስ ተፋነዉ ጣልያን ካብ ኢትዮጵያ ምስወጽኡ) ድማ ኣቡነ ኪዳነማርያም፣ ኣብ ናይ ኣሥመራ መንበሮም ወኪሎም ሓዲጎም፣ ካብ 30 ዘይውሕዱ ካህናት ሒዞም ብምኻድ፣ ኣብ ማእከልን ደቡብን ኢትዮጵያ ዝነበረ ስራሓት ስብከተወንጌል ንኸይቋረጽ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኮይኖም መርሑ።


ብ19 ጥቅምቲ 1950 ዓ.ም.ፈ. ድማ ነቶም ብሕማም ተወጺያም ዝነበሩ ብጹዕ ኣቡነ ኪዳነማርያም ካሣ ንኺትክኡ፣ ክቡር ካህን ኣባ ያዕቆብ ገብረኢየሱስ ከም ዝተሠይሙ ተኣወጀ። ኣባ ያዕቆብ ኣብ ቤተክርስትያን ኪዳነምሕረት ን13 ዓመታት ብሉጽ ክህነታዊ ኣገልግሎት ዘበርከቱ፡ ከም መጠን ቀሞስ ጽፈትን ንጥፈትን ውሕልነትን ምስ ዓሚቑ መንፈሳውነትን ዘርኣዩን ዘወፈዩን ነበሩ። (ብ23 ሚያ. 1943)01/05/1951ምስ ኣቡነ ኃይለማርያም ካሕሣይ (ናይ ዓድግራት) ኣብ ሮማ ማዕርገ ጵጵስና ለበሱ፣ (ብ9 ሓምለ 1943 ግእ) 17/7/1951 ናብ ከተማ ኣሥመራ ኣትዮም፣ኣብ'ዛ ቤተክርስትያን ኪዳነምሕረት፣ ንቑሕን ብቑዕን ቀሞስ ኮይኖምኣብ ዝሰርሑላ ቤተክርስትያን መንበሮም ሓዙ። ካብ መዕረፍ ባቡር ምድሪ ኣሥመራ (ፌሮቪያ) ክሳብ ኪዳነምሕረት ሕዝቢ ተሰሪዑ፣ ኹሉ ጉደናታት ናብኣ ዘቕንዐ ኮይኑ ተራእየ። ላቲናዊ ጳጳስ ኣቡነ ማሪኖኒ፣ጳጳስ ኦርቶዶክስ ኣቡነ ቄርሎስን ማእለያ ዘይብሎም መኳንንትን ሕዝብን ኣሰንዮም ናብ ኪዳነምሕረት ኣእተዉዎም። ኣብ ቅድሚ መኳንንትን ቤተክህነትን ሕዝብን ከኣ ወረቐት ሢመቶም ተነበበ።

ዑደት በዓል ኪዳነምሕረት ኣብ 1952



ብ1956 ዓ.ም.ፈ. ድማ ብቕድስቲ መንበር ከም በጻሒ ኮይኖም ዝተላእኩ ብፁዕ ኣቡነ ሉዶቪኮ ማታያስ[ሊቀጳጳሳት ማድራስ መልያፖረ ህንዲ]እዛ ቤተክርስትያን ኪዳነ ምሕረት ከም ርእሰ ኣድባራት ኮይና ተቐበለት።

ብወርሒ ሠነ ናይ 1958 ዓ.ምፈ ኣቡነ ኣሥራተማርያም የምሩ ናይ ኣሥመራ ኤዛርቃ ተሠይሞም፣ ኣብ ልደታ ኣዲስኣበባ ብኢድ ኣቡነ ኃይለማርያም ካሕሳይ ተቐቢኦም (ብ19/27 ሓምለ 1950/1958 27 ሓምለ]]ናብ ኣሥመራ ብምእታው ኣብ'ዛ ቤተክርስትያን ኪዳነምሕረት መንበሮም ሓዙ። በዚ ዕለት'ዚ ንዝነበረ መልክዕ ቤተክር-ስትያን ኪዳነምሕረት ኣልዒሉ መጽሔት ብርሃን (ሲታውያን) ከምዚ ዚስዕብ ጸሓፈ፣ "ቤተክርስትያን ኪዳነምሕረት ብግዳማ ጥራሕ ዘይኮነስ ብሕልፊ ኣብ ውሽጣ ቅጭን ክትመስል ብእልፊ ሃሪታትን መብራህታትን ዕንባባታትን ተሸሊማ ጸንሐት"። ኣብ'ዛ ቤተክርስትያን እምበኣር ልኡኽ ር.ሊ.ጳ. ኣቡነ ዮሴፍ መክግዩ ንኣቡነ ኣሥራተ ማርያም ሥልጣን ኣረከብዎም።



ኣብ ኪዳነምሕረት በብግዜኡ ካብ ዘገልገሉ ካህናት
ካብ ጸጋም ደው ዝበሉ፣ ኣባ ኃደራሚካኤል ሞሳዝጊ[ደግራ]፣
ኣባ ዮሓንስ ገ/እግዚኣብሔር [ሔቦ]፣
ኮፍ ዝበሉ ካብ ጸጋም    ኣባ ኪዳነማርያም ካሳ [ሔቦ]፣
ኣባ ያዕቆብ ገብረ ኢየሱስ [ሔቦ]።



ብፁዕ ኣቡነ ኣሥራተማርያም የምሩ ውሑድ ዓመታት እዮም ኣብ ኣሥመራ ዝመርሑ። ብዘመነ ጵጵስናኦም ሓዳስ ቤተክርስትያን ምስራሕ ዚብል ሓሳብ እናደፈአ መጽአ። ምኽንያቱ ካቶሊካውያን ኣሥመራ ብተዓጻጸፈ በዚሐም፣ ምስኡ ድማ ቤተክርስትያን ኪዳነምሕረት ምችማጥ ጳጳስ [መካነመንበር ወይ ካተድራል] ብምኻና ነዚ ማዕረጋ ዘበቅዕ ሕንጻ፣ ብኹሉምሉ ንሕዝበ ክርስትያን ብቑዕ ኣገልግሎት ኪህብ ዚኽእል ዘመናዊ ኮይኑ ኪሕነጽ ኣድላዪ ምኻኑ ተኣምነሉ። ስለዚ እውን ምስ ሮማ ዜድሊ ምዝርራብ ተገይሩስ መደብ ምውጻእ ተጀማሚሩ ነበረ።

ከምኡ'ውን ብወርሒ ጥሪ 23 1959 ካብቶም ናይ እዋኑ ዓበይቲ ካርዲናላት ሓደ ካርዲናል ኤውጀንዮ ቲሰራን ኣብ ኣሥመራ ንዝተሓንጸ ናይ ኤጳርቅና ዓቢይ ዘርኣክህነትን ኣብ ዓዲግራት ንዝተሠርሐ ዓቢይ ዘርኣክህነትን ብስም ር.ሊ.ጳ. ኪምርቑ መጺኦምሉ ኣብ ዝነበሩ ጊዜ ብ20 ጥሪ 1959 ኣብ ቤተክርስትያን ኪዳነምሕረት በጽሑ። ካብ ኵሉ ኣውራጃታት ዝመጽኡ ካህናትን ኣሕሉቕ ማኅበራትን ሕዝብን ከኣ ብዓጀብ ኣብዛ ቤተክርስትያን ተቐበልዎም፣ ንሶም ናይ ር.ሊ.ጳ. ቡራኬ ኣሳተፉዎም።



እዞም ዚረኣዩ ካህናት ብ1952 ዓ.ም.ግ. ናይ ሓምሳ ዓመት ክህነቶም ብ23 መጋቢት እንከኽብሩ እዮ። ንሳቶም ብ23 መጋቢት 1902 ዓ.ም.ግ. ኣብ ዓደን ክህ ነት እንኪቕበሉ 10 ነበሩ። ዘገርም ኣጋጣም ብ1972 ዓ.ም. ግ. ድማ ኣብ ኣሥመራ ገዳም ሲታውያን በታ ዕለት እቲኣ ካልኦት 10 ክህነት ምቕባሎም እዩ፣ ኣብ 70 ዓመቶም ማለት እዩ።

እዚ ሥእልዚ ንውሽጣዊ ሃለዋት ቀዳመይቲ ቤተክርስትያን ዜርኢ እዩ። እቲ ዓቢይ ሥእሊ ኪዳነምሕረት ኣባ ያዕቀብ ዘሥኣልዎ፣ እዚ ሕጂ ዘሎ እዩ።


## ጵጵስና ኣቡነ ኣብርሃ ፍራንስዋ

ብድሕርዚ ቤተክርስትያንኪዳነምሕረት ዝረኣየቶን ዘርኣየቶን ዝዓበየ ናይ ታሪኽ ፍጻሜ ናይ ብፁዕ ኣቡነ ኣብርሃፍራንስዋ ሢመት-ጵጵስና እዩ። እቲ ኣብ ታሪኽ ካቶሊካውያን ሃገርና ብዙሕ ዘበርከተ መጽሔት ብርሃን [ሲታውያን] "ተራእዩ ዘይፈልጥ ሥርዓት" ኣብ ትሕቲ ዚብል ኣርእስቲ፣

"....ኣቦታትና ኪምነዩዎ ጥራሕ ዘይኮነስ ኪሓስብዎ እውን ዘይከኣሉ፣ብ 28መስከረም 1954 ዓ.ም.ግ. ብበዓል ብፁዕ ገብረሚካኤልሰማዕት ኣብ ቤተ-ክርስትያንኪዳነምሕረት ኪፍጸም ተራእዩ..... እዙ ሥርዓት


ብርሃን
ተራእዩ ዘይፈልጥ ሥርዓት

ዝተፈጸመሉ መዓልቲ በዓል ብፁዕ ገብረሚካኤል ሰማዕት፣[1]ምእንቲ ሃይማኖቶም ናይ ዝሞቱ ኣቦና ዕለት እዩ። እቲ ሥርዓት ዝተፈጸመሉ ቦታኪዳነምሕረት ከኣ ቀዳሞትኣቦታትና ምእን ቲ ሃይማኖቶም ዝተገርፉሉ[2] ስፍራ እዩ፣ ኣቲ ዝተዋረድናሉ



ቦታን ዕለትን ኣብ ናይ ክብሪ ስፍራን ዕለትንተለዊጡ ክንርእዮ ከሎና ዚስመዓናታሕጓስወሰን የብሉን.... ይብል[ብርሃንጥቅ.ኅዳ.፲፱፻፶፬ 1961]




## ሓዳስን ዓባይን ቤተክርስትያን

በዚ ዓይነት'ዚ እዛ ንኣስታት 44 ዓመታት ንካቶሊካውያን ምእመናን ኣደ ኮይና ዘገልገለት ቤተክርስትያን ኪዳነ ምሕረት እቲ ዝለዓለ ዘውዲ ወይ ኣኽሊል ናይ ታሪኻን ህላዌኣን ኣብዚ ናይ ኣቡነ ኣብርሃ ሢመት ተራእዩ ወይ ተበጺሑ ኪበሃል ይከኣል። እዞም ኣብዛ ቀዳማዊት ቤተክርስትያን ኪዳነምሕረት ሢመተ ጵጵስና ዝተፈጸመሎም ኣቡነ ኣብርሃ ድማ ነቲ ናይ ህዝቢ ባህግን ናይ ታሪኽ ምዕባለን ጠለብን ተረዲኦም፣ ንሕንጻኣ ብኻልእ ዝገፈሐን ዝማዕረገን ሕንጻ ኪትክኡ፣ ንታሪኽ ብታሪኽ ከሓድሱ ብምብጋሶም እዛ ቀዳመይቲ ቤተክርስትያን ፈሪሳ፣ ኣብ'ቲ ፍርስራሳ ግን ዝሓደሰትን ዝደልደልደለትን ኣዝያ ጸብለል ዝበለት፣ ናብ'ቲ ሓዲስ ዘመን ገጻ ዝተወንጨፈት ሓዳስ ቤተክርስትያን ኪዳነምሕረት እትሕንጸሉ እዋንን መድረኹን ከምዝበጽሐ ኣበሠሩ።




ስለዚ ብወርሒ መስከረም 1955 [1962] ኣብ ዓመት ጵጵስናኦም ንኣቡነ ኣብርሃ ፍራንስዋ ሕንጻ ቤተክር-ስትያን




1 ዕለቱ ብግእዛዊ ኣቈጻጽራ 28 መስከረም እዩ። ዕለት 23መስከረም በዓል ብጹዕ ገብረሚካኤል ኪኸውን ዝነበሮ፣ ንሰንበት ስለዝተሰጋገረ እዩ።

2 እዚ ተገሪፎምሉ ዚበሃል ቦታን ዛንታን ብዙሕ ብዛዕባኡ ዚፍለጥ የልቦን፣ እንተኾነ ግን፣ ብጊዜ ራእሲ ኣሉላ፣ ኣብ ከረን ዘርአክህነት ዝነበሩ ካህናትን ተመሃርትን ብምሉኣቶም ብሰራዊት ራእሲ ኣሉላ፣ ተወሲዶም ኣብዚ ኣብ ኣሥመራ ንቑሩብ ጊዜ ከምዝተሓበሱ፣ እቶም ካህናት ብዙሕ ግፍዒ ከምዝወረዶም ይንገር እዩ፣ ሰፈር ራእሲ ኣሉላ እዚ ሕጇ ጣባ ዚበሃል ወገን ኣሥመራ እንተደኣ ነይሩ፣ እቶም ካብ ከረን ከም እሱራት ኮይኖም ዝመጽኡ ኣብ'ቲ ባዶ ዝነበረ፣ [ሕጇ ቦታ ኪዳነምሕረት] ዝጸንሑ ይመስል። እቲ ኣዘራርባ ከኣ ነዚ ደኾን የመልክት። ብዝኾነ ግን ብዛዕባ'ዚ ኣፍልጦ ኣሎኒ ዚብል እንተሎ ብደስታ ከምንቕበሎ ነፍልጥ።

ኪዳንምሕረት ናይ ምጅማር ሓሳብ፣ ኣብ ግብሪ ዝተሰጋገገረሉ ጊዜ ነበረ። ሽዑ ዝወጽአ መጽሔት ብርሃን [ሲ.ታውያን] ከምዝጸሓፎ “ቤተክርስትያን ኪዳንምሕረት ምሕናጽ ካብ ዚሕሰብ፣ ነዊሕ እዋን ኮይኑ፡ ብብዙሕ ምኽንያት ግን ቅድሚ ሎሚ ኪጅመር ኣይተኻእለን” ይብል። ስለዚ እቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ፣ ብግዜ ኣቡነ ኣሥራተ-ማርያም ዝተበጋገሰ ሓሳባት ከምዝነበረ ርግጽ ይመስል። ኣቡነ ኣብርሃ እውን ናይ ኣቡነ ኣሥራተማርያም ህየንተ-ጻጳስ ብምንባሮም ዚፈልጥዎ ጉዳይ እዩ ኣብ ጠረጴዛ ዝጸንሖም። ከምዚቕጽልዎ ከኣ ፍሉጥ እዩ።

በዚ ግዜዚ ብዙሓት ጣልያን መሃንዲሳት ነናቶም ንድፌ ሕንጻ ከምዘቕረቡ ይንገር። እዚ ኣብ ግብሪ ዝወዓለ ንድፌ ሕንጻ፣ እቲ ኤንጂኔር ካርሎ ማሴቲ፡ እንጂኔር ብሩኖ ማሴቲ ምስ ጂኦመትራ ማርዮ ሮሴቲ ኮይኖም ኣጽኒዖም ዘቐረብዎ ንድፌ እንኪኸውን፣ ካልኦት ዘቐረቡ’ውን ነይሮም፣ ንሳቶም፣ 1. እንጂኔር ማሴቲ ምስ ጂኦመትራ ዲማውሮ፣ 2. እንጂኔር ኮቱኞ ምስ ጂኦመትራ ኣልፋኖ፣3. እንጂኔር ካስታልዲ ምስ ጂኦመትራ ዲ-ዲዮሮሶ ነበሩ።




ሓዲሽ ቤተክርስትያን ኪሕዞ ዘለዎ ቅርጽን ዓቐንን ብዚርኢ መጽሔት ብርሃን ንመሃንዲሳት ተወኪሉ ዘቐረቦ ጸብጻብ ከምዚመልክቶ፣ ንውሑ 46.60 መተር፣ ግፍሑ 37.80 መተር፣ ንላዕሊ ቍመቱ [ክሳብታ ላዕሊ ዘላ መስቀል፣]31 መተር እዩ። ቍመት እንዳደወል 35 መተር እዩ። ንናይ ላቲን ካተድራል ደወል ብ6.50 መተር ይነውሖ ማለት እዩ። ዓቢይ መንበረ ታቦት ምስ መጋረጃኡ ዚሕዞ ስፍራ 5 መትሮ ብ 3.50 መትሮ እንኪኸውን፣ ቤተክርስትያን ዚሕዞ ስፍራ ምስናይ መንደቑ ሓደ ሺሕ ትርብዒት[ስኰየር] መተር እዩ፣ እቲ ሰብ ኪቐመጦ ዚኽእል ከኣ 700 ትርብዒት መተር ይበጽሕ። ስለዚ ተጸቓቒጦም ክልተ ሺሕ ሰባት ይሕዝ። ብወገን ድሕሪት ኣርባዕተ ክፍሊ ገዛ ኪህልዎ እዩ። ገሊኡ ቤትጽሕፈት ቀሞስ ገሊኡ ከኣ፣ መቐመጥ ኣቕሑን ናይ ጽሬት መጋበርታትን እዩ። ናይ ቤተክርስትያን ውሽጣዊ መናድቑ ካብ መሬት ክሳብ ሓደ መትሮ ፈረቓን ብእምነበረድ ኪሸፈን እዩ።

[ቡራኬ እምነ መሠረት ቤተክርስትያን ኪዳንምሕረት]



ድሕርዚ ኣብቲ ዓመታዊ በዓል ኪዳንምሕረት[1955/1963] ብፁዕ ኣቡነ ኣብርሃን ኣብ ኣዲሳበባ ዝነበሩ ልኡኽ ርእሰሊቃነጳጳሳት ኣቡነ ዮሴፍ ሞዮሊ ኮይኖም እምነ መሠረት ሕንጻ ቤተክርስትያን ባሪኾም ኣውደቑ። እዚ ኣገባብዚ ኪፍጸም ከሎ ብወገን መንግሥቲ ፊተውራሪ ተስፋዮሓንስ በርሀ ምክትል ኣመሓዳሪ፣ ጀነራል ተድላ ዑቕቢት ኣዛዚ ፖሊስ፣ ፊተውራሪ ሓረጎት ኣባይ ከንቲባ ከተማ ኣሥመራ ነበሩ። ናይ ሕንጻት ቤተክርስትያን ምጅማር ዘበሠረ ወግዓዊ ኣገባብ ስለዝነበረ፣ ናይ’ቲ ዓመትበዓል ኪዳንምሕረት ኣብ ኩሉ ሕዝቢ ፍሉይ ጦብላሕታ ኣሕደረ። ንካልኣት’ውን እዚ ፍጻሜ’ዚ ከበሥር ተባሂሉ፣ ናይ ፕላስቲክ ኲዓሳሉ [ባሎን]ናብ ሰማያት ከተማ ኣሥመራ ተዘርጊሑ ከምዝዘንበየ’ሞ በቲ ጊዜ’ቲ ንትንግርቲ ከምዝነበረይዝንቶ። ድሕርዚ ኣብ ነሓሰ 1955[1963] ዝወጽአ መጽሔት ብርሃን ከም ዘመልክቶ፣ ብፁዕ ኣቡነ ኣብርሃ ንዝቐደመን ንዝደሓረን ቤተክርስትያን ኪዳንምሕረት ኣብ ምሕናጽ ንዝተሓባበሩ ኣሕዋት ደቂ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ብወግዒ ኣመስጊኑ፣ ኣገባብ ሕንጸት ብኸመይ ከም ዚሰላሰል ኣመልከ ቱ። ኣብ መልእኽቶም ከምዚ ይብሉ

. . . . ዓዲ ክንተክል ከሎና፣ እገሌ ዋልታ ሰማይ ይኹኖ ንዓድና ቢልና ታቦት ነእቱ። ኣጎዋት ምሉእ ሥምረት ሃይማኖት ምስ ዘይህልዎም እውን፣ታቦት ነፍስወከፍ፣ ጽላል ምሉእ ዓዲ፣ ዑቕባ ኵሎም ኣጎዋት እዮም ዚብልዎ። ከምኡ ክንድዝኾነ ከ|ኣ ብታቦት ዝመጽአ ሕዝብና ተረዳዳእን ተኸባባርን ኮይኑ ይርከብ



ኣሎ። ነዙይ መሠረቱ ከኣ ኣምላኽና ሓደ፣ መድኃኒና ሓደ፣ ጥምቀትና ሓደ ክንድዝኾነ እዩ።

ደጊምስ ሓምሳ ዓመቱ ተቓሪቡ፣ ኣቦታትና ታቦት ኪዳነምሕረት ኪተኽሉ ምስ መደቡ፣ ታቦትኩም ታቦትና እዩ ቢሎም ኣኅዋቶም ተዋህዶ ቀለትዎም። ሳላ ሓገዝ ኣኅዋት ከኣ ቀዳማይ ቤተክርስትያን ኪዳነምሕረት ተሰርሐ። ኣብዚ መንጎ እግዚኣብሔር ባሪኹና ተባዛሕና፣ ቤተክርስትያን ኣቦታትና ከኣኣ ምእካል ሰኣነ እሞ፣ ንእኖና ኪዳነምሕረት ዚበቅዕ ሓዲሽ ቤተክርስትያን ክንሰርሕ መሃዝና። መሠረትና ዝኾነት መንበረ ጴጥሮስ መተባብዒ ኪኾነና ክልተ ሚእቲ ሺሕ ቅርሺ ንሓገዝ ለኣኸትልና። ነቲ ዝተረፈ ሠለስተ ሚእቲ ሺሕ ቅርሺ ዝለበስናዮ እንከ ሓገዝ ዚውለዱናን ንውለዶምን ኣኅዋትና ኣሚንና ኢና እምበር፣ እንምከሓሉ ሃብቲ ኣልዩና ኣይኮነን። ከምዝተተስፎናዮ ከኣ ኮይኑልና ኣሎ። ስራሕ ኪዳነምሕረት ምስተጀመረ፣ ኣስርሑና ኪብሉ ንዝመጽኡ ኣኅዋትና ተዋህዶ፣ ንሕና ኣኅዋትኩም ዓቢና ንኡስና፣ ሃብታምና ድኻና፡ምሳሕ ኪዳነምሕረት ደሞዝ ወርሒ ተሰሊዕና ኣሎና’ሞ፡ ነኣና መሲልኩም እተዉና ቢልና ብዝለመናዮ፣ ኪዳነምሕረት ነኣኹም ኣይትቐርበኩም፡ ነኣና ኣይትርሕቐና ቢሎም፣ ፈትዮም ሓገዞም ኣወፍዮምልና ኣለዉ። ኣመስጊንና ኣሎና። ኪዳነምሕረት ከኣ ኣመክዒባ ተሃቦም። [ኣባ ኣብርሃ ዘበመንበረ ኣሥመራ]

**እዚ መልእኽቲ ብፁዕ ኣቡነ ኣብርሃ ኣብ ታሪኽ ዚምዝገብ ክልተ ዓበይቲ ነገራት የመልክት። በቲ ሓደ ብቐጥታዊ መንገዲ ታሪኻዊ ስጉሚ ስራሕ ሕንጻ ዜርኢ መስትያት እንኪኸውን በቲ ካልእ ድማ፣ ሕዝብና በጺሕዎ ዝነበረ ክርስትያናዊ ብስለትን ሕውነትን ኣጕሊሁ ዜርኢ፣ ነቲ ጥዑምን ሠናይን ግዜ ኣቦታትና በጺሖምዎ ዝነበሩ ናይ ስኒትን ሕውነትን ግዜ ከም ንናፍቕ ዚገብረና፣ መጠን ክንደይ ከኣ ንድሕሪት ከም ዝተመለስና ዜርኢ እዩ።**



[እዚ ሥእል’ዚ ብጊዘ ጉባኤ ቫቲካን ኣቡነ ኣሥራተማርያም ኣቡነ ኃይለማርያም ናይ ዓድግራት፣ ኣቡነ ኣብርሃ ምስ ጳውሎስ 6ይ]

**ሕንጻ ቤተክርስትያን ቀጺሉ እምበኣር ብጽቡቕ እናተሰላሰለ ከደ፣ንጉሠ ኃይለ መንሰዓይ ዚበሃል፣ ብሓገዝ ኣቡነ ኣብርሃ ኣብ ኪዳነምሕረት ተጸጊዑ ዚመሃር ዝነበረ መንእሰይ ዘጋጠሞ ነገር የዘንቱ። እዚ ስራሕ ሕንጻ ቤተክር-ስትያን እናተኻየደ ከሎ፣ እቶም ዓመት መጽኣ ኣስተርእዮ ንባጽዕ ዚወርዱ ዝነበሩንጉሥቀዳማዊኃይለሥላሴ ብማዕዶ ምስረኣዩዎ “እንታይ’ዩ እዚ ዚረኣየና ዓቢይ ሕንጻ?” ኪብሉ የኣዩ ሓቲቶም፣ እቶም ዜሰንዩዎም ዝነበሩ ከኣ “ቤተክር-ስትያን ካቶሊኽ እዩ” በልዎም። ሽዑ ወዮም ንጉሥ ሃንደበት ብዘይመደብ፣ “በሉ ንኺድ ንርኣዮ” ዚብል ትእዛዞም ኣመሓላለፉ’ሞ፣ ናብኡ ተጠውዩ።ናይ ንጉሥ ምምጻእ ኣሰደሚ-ሙዎም ሓነጽቲ፣ንኣቡን ጸውዑ ተባህለ፣“ጃንሆይ መጺኦም”ዝበልዎም ኣቡነ ኣብርሃ ተገረሙ፣ ንጉሥ ዚኣክል ብዘይ መደብ ከይተነግረ ምቅርራብ ከይተገብረ ደኣ... በሉ፣ ብዝኾነ ከዱ’ሞ፣ ንጉሥ ውሽጢ ቤተክርስትያን ኣትዮም ኪርእዩ ከለዉ ኣርከብዎም። ንዝተረፈ’ውን ኣብ ምርኣይ ኣሰነዩዎም። ድሕርዚ ኣብ ምዝዛሞም፣ “ግሩም እዩ፣ እዚ ኹሉ ክትገብሩ ከሎኹም ግን ንምንታይ ዘይትነግሩና እጃምና ክንሕግዝ” በሉዎም ንጉሥ። ኣቡነ ኣብርሃ ድማ “ደሓን ዝዓቕምና ንፍትን’ሞ፣ ሓገዝ ምስ ተደልየ ንነግር... “በልዎም፣ ድሕርዚ ተፋናንዮም ንጉሥ ናብ መደቦም ከዱ። ንጉሠ ኃይለ ይሰምዕ ስለዝነበረ፣ “ስለ ምንታይ ሕራይ ዘይትብልዎም ጐይታና፣ ሓገዝ ተረኺቡስ ይጽላእ ዲዩ...?” በሎም ንኣቡን። ሽዑ ኪምልሹሉ ከለዉ፣ “እዚኣቶም በጃኻ፣ ንእሸቶይ ፈይ ኣቢሎም፣ ጃንሆይ ዘሰርሕዎ ቤተክርስትያን ኢልኩም ጸሓፉሉ. . . ይብሉኻ” በልዎ።**

**ኣብ በዓል ኪዳነምሕረት የካቲት ፲፱፻፷፬** [1964] **ሕንጻ ቤተክርስትያን ስለ ዘይተዛዘመ፣ ኣብ ዓውደምሕረት ቤተክርስትያን ዳስ ተሰሪሑ ንቕዳሴ ከምዜገልግል ተገብረ። ኣብ ዓመቱ፲፱፻፷፭** [1965] **ግና ዳርጋ ተዛዚማስ ኣብ ሓደ ንበዓል ኪዳነምሕረት ዜርኢ ናይ መጽሔት ብርሃን** [**ሲታውያን**]

ጸብጻብ፣ ከምዚ ይብል፣

“ናይ ሎምዘመን ኣበዓዕላ ሕሉፍ ኮይኑ ዝተራእየ፣ ብኽልተ ምኽንያት እዩ። መጀመርያ ኣብ ርእሲ እቲ ዓመታዊ በዓል ናይ ሓዲሽ ቤተክርስትያን ምብራኽን ናይ መንበረ ታቦት ምቕባእን



ስለዝነበረ እዩ። ካልኣይ ብሕልፊ እዚ ዓመትዚ፡ እቶም ብስም ክርስቶስ ዝተጠምቁ ክርስትያን፣ ኣኅዋት ምዃኖም ተረዲኦም፣ነቲ ኣብ ማእከሎም ዘሎ ፍልልይ ዕርዲ ኣፍሪሶም ....ናብ እኖና እግዝእትነ ማርያም ቀሪቦም ብሓደ ሓቢሮም ኪኽብሩዋን ኪልምኑዋን ስለ ዝተረኽቡ እዩ”፣

ድሕሪኡ፣ ምሸት ብድሮኡ ዋዜማ [ሰኑይ]ድሕሪ ተኻዩዱ፣ ብፁዕ ኣቡነ ኣብርሃ ፍራንሱዋ ነቲ ሕንጻ ቤተክርስትያን ባረኹዎ። ንጽባሒቱ ሠሉስ ድማ ማኅሌት ብዚግባእ ድሕሪ ተገይሩ፣ ብፁዕ ኣቡነ ኣብርሃ ብኽልተ ጳጳሳት፣ ናይ ላቲን ኣቡነ ዘኖን ተስታን፡ ኣቡነ ኃይለማርያም ናይ ዓዲግራትን ተሰንዮም፣ ካብ ኵሉ ኣውራጃታት ብዝመጹ ካህናት ተዓጂቦም፣ ነቲ ዓቢይ መንበረ ታቦትን ሓዲሽ ቤተክርስትያን ባረኽዎን፣ ከምቲ መጽሓፍ ጳጳስ ዚእዝዞ ቀብኡዎን። ድሕሪኡ ጳጳሳዊ መሥዋዕተ ቅዳሴ ዓሪገ ዑደት’ውን ቀጺሉ።

ኣብ ሥርዓት ዑደት ዝተሳተፉ፣ ካብ መንፈሳውያን መራሕቲ ናይ ደብረ ቢዘን ኣበምኔት ምስ መሰነይቶም፣ ናይ ወንጌላዊት ቤተክርስትያን መራሒ ቀሺ ገብረሥላሴ ሃብቱ እንኪነብሩ፣ ካብ ሰበሥልጣን መግሥቲ ከኣ፣ ፊተውራሪ ተሰፋዮሓንስ በርሀ ምኽትል እንደራሴ፣ ፊተውራሪ ሓረጎት ኣባይ ናይ ኣሥመራ ከንቲባ፣ ፊተውራሪ ፍሥሓጽዮን ኃይለ፣ ክቡራን ደገዝማቲ ተድላ ባይሩ፣ ደገዝማቲ ዘርኦም ክፍለ፣ ደገዝማቲ ሓድጉ ጊላጋብር፣ ደገዝማቲ በራኺ ሀብትዝጊ፣ ብሪጋዴር ጀነራል ዘርእማርያም ኣዛዝን ካልኦት ዲረክተራትን መኳንንትን ነበሩ።



## ኣብዛ ሓዳስ ቤተክርስትያን ናይ 50 ዓመት ታሪኻዊ ፍጻሜታት

1. ምቕባል ሓጋዚ ጳጳስ ኣቡነ ዘካርያስ ዮሓንስ
2. ሥርዓት ሢመት ኣቡነ ሉቃስ ሚለዚ ኣቡነ ተስፉማርያም ብዶሆ፣
3. ሥርዓት ሢመት ጵጵስና ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፉ ማርያም
4. ሥርዓት ሢመት ጵጵስና ኣቡነ ፍቕረማርያም ሓጎስ

ድሕር’ዚ እዛ ንቕያ ዘበለት ቤተክርስትያን ኪዳነምሕረት ኣብ ሕንብርቲ ከተማ ኣሥመራ ኮይና፣ ንኸተማ ዓቢይ ግርማን ድምቀትን እናሃበት፣ ኣብ ናይ ካቶሊካውያን ኤርትራ፣ ብፍላይ ከኣ ናይ ከተማ ኣሥመራ ካቶሊካውያን ቊምስና ኮይና ንነዊሕ ዓመታት ኣገልጊላ። ብዙሕ ሢመታት ማዕርገ ክህነት ኣብኣ ኪፍጸም ርእያ፣ መብጸዓታት ደናግል ኣእንጊዳ። ዓመት መጽአ ሚሮን መጀመርያ ቅዱስ ቊርባን ዚገብሩ ናይ ምሉእ ኣሥመራ ሕፃናት ካብ 500/ 600 ዘይውሕዱ ኣብ’ዛ ኣደ ኵሉ ዝኾነ ደብር ኪእከቡን ካብኣ ኪዝርግሑን ተራእዮም።

ብ1976 ዓ.ም.ፈ. ብፁዕ ኣቡነ ኣብርሃ ፍራንሱዋ ብዝመደብዎ ኣገባብ፣ እተን ከም ቤትጸሎት ጥራሕ ኮይነን ዜገልግላ ዝነበራ ናይ ገዳማት ኣብያተ ክርስትያን ብወግዒ ቊምስናታት ከምዝኾና፣ ብቤተክርስትያን ገዳም ሲታውያን ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት፣ ገጀረት መድኃኔ ዓለም፣ እምባጋልያኖ ደብረ ጽንሰታ፣ በኣታ ገዛባንዳ ኵለን ቊምስናታት ምስ ተሰይማ፣ ስራሕ ደብረ ኪዳነምሕረት ኣዝዩ ተቓሊሉ ተረኽበ።

በዚ ዓመትዚ [1976] ኪኸውን ኣለዎ፣ ብብፁዕ ኣቡነ ኣብርሃ ብዝተገብረ ተበግሶ፣ ሓደ ናይ ሥእሊ-ሞዛይክ ክኢላ ኣርቲስት ካብ ግብጺ ኣምጺኦም፣ ነቲ እኖና ኪዳነምሕረት ምስ ተሰዓቱ ቅዱሳንን፣ ምስ ኣቡነ ሰላማን ንጉሥ ካሌብን ዜዘኻኽር ኣብ መፍለዩ መንበረታቦትን ሕዝብን “ኢኮኖስታዚስ”ዘሎ ኣስኣልዎ። ብሓቂ ከኣ ንቤተክርስትያን ግርማ ዚህቦ፣ ምሥጢር ክርስትናን ታሪኹን ኣብ ሃገርና ዘንጸባርቕ ኮይኑ ተረኺቡ ኣሎ።

# ጵጵስና ኣቡነ ዘካርያስ ዮሓንስ



ብ1981 ዓ.ም.ፈ. ናይ ኣዲስ ኣበባ ካተድራል ልደታ ቀሞስ ዝነበሩ ኣባ ዘካርያስ ዮሓንስ ፣ ናይ ኣሥመራ ተራዳኢ ጳጳስ ተሠይሞም፣ ኣብቲ ዘገልገሉሉ ቤተክርስትያን ብብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣቡነ ጳውሎስ ጻድዋ ሢመተ ጵጵስና ተፈጺሙ-ሎም ኣብ ወርሒ ሓምለ [በዓል ሓዋርያት ጴጥሮስን ጳውሎስን]ኣሥመራ ኣተዉ።

ከም ሓጋዚ ኮይኖም ድሕሪ ጸኒሖም፣ ኣብ 1985/86 ዓ.ም.ፈ. በዓል ምሉእ ሥልጣን በዓል መንበር ኮይኖም ተመዚዞም። ንሶም ብፍላይ ንቤተክርስትያን ኪዳነምሕረት ንሓደ ኣባ ዳማዞ ዝተባህሉ ወዲ ማኅበር ካፑቺኒ ፈላሲ ካብ ሚላኖ ኢጣልያ ኣጸዊያም፣ ኣብ ዙርያ መንበረ ታቦት ዘሎ ናይ ቅድስት ሥላሴን መድኃኔ ዓለምን ኣሣእል፣ ብሓፈሻኡ ንታሪኽ ድሕነትና ዜንጸባርቕ፣ዜዘኻኽር ኣሣእል፣ ከምኡ'ውን ብካልእ ሸልማትን ከምትውቀብ ገበሩ።

ከምኡ'ውን ቅርዓት ቤተክርስትያን ኣዝዩ ጸቢብ ብምንባሩ ኣብኡ ዝነበረ ብመንግሥቲ ተወሪሱ ዝነበረ ቤትትምህርቲ ከምዚግዕዝ ብምግባር፣ ንቤተክርስትያን ዜማዕርግ ጉልጉል ኪርከብ ተኻኢሉ። እዚ ኣብኡ ዝነበረ ቤትትምህ ርቲ ብ1910 ዓ.ም.ግ. [1917] ንደቀባት ተባሂሉ ምስታ ሽው ዝተሃንጸት ቤተክርስትያን ዝቐመ ቤትትምህርቲ እዩ። ብ1982 ዓ.ም.ፈ. መንግሥቲ ደርግ-ኢትዮጵያ ኣብ ከተማ ኣሥመራ ንዝነበረ ኣብያተ ትምህርትን ገዳማትን ካቶሊኽ ኪወርስ ከሎ እዚ ከኣ ተወርሰ። ስለዚ ኣብ ዓውደምሕረት ቤተክርስትያን እሞ ቤተክርስትያን ዘይተካይዶ ቤተክር-ስትያን ዝኾነ ጠቕሚ ስለ ዘይነበሮ፣ ምስ ናይ ሚንስትሪ ትምህርቲ ሰበሥልጣን ምርድዳእ ተበጺሑ፣ ጽበት ቦታ ንምፍታሕ ክንድኡ ዚኸውን ቤትትምህርቲ ሰርሑልና ስለ ዝተባህለ፣ ጥቓ ሆስፒታል ኢናይል-ነበር ኣብ ዘሎ ቤትትምህርቲ ብሓገዝ ቤተክርስትያን ቤትትምህርቲ ተሃኒጹ። ወዮ ኣብ ኣፍደገ ኪዳነምሕረት ድማ ከምዘቋርጽን ከም ዚፈርስን ተገብረ።

ብድሕር'ዚ ነቲ ቦታ ብምምሕያሽ ሰፊሕ ጉልጉልን ንሕንጻ ሓዲሽ መንበረ-ጳጳስ ዚኸውን ቦታ ተረኺቡ፣ እቲ ሓዲሽ ሕንጻ መንበረ ጵጵስና ብጊዜ ኣቡነ ዘካርያስ ምስ ምስ ተወሰኾ ከኣ ኣጸቢቑ ገሪሙን፣ ኣገሪሙን ይርከብ።



ብ1996 ዓ.ም.ፈ. ክልተ ሓደስቲ ሰበኻታት ባረንቱን ከረንን ምስ ቆማ፣ እቶም ነዚኣተን ኪጓስዩ ዝተመዘዙ ጳጳሳት ብፁዕ ኣቡነ ሉቃስን ብፁዕ ኣቡነ ተስፋማርያምን ኣብዛ ዓባይ ደብረ ኪዳነምሕረት በቶም ካብ ኢትዮጵያ ዝመጽኡ ካብ ዓሥርተ ዘይውሕዱ ጳጳሳት ተሰንዮም፣ብፁዕ ካርዲናል ኣቡነ ጳውሎስ ሢመተ ጵጵስና ፈጸሙሎም። ብፁዕ ካርዲናል ኣብ ዝሃብዎ ሰብከቶም፣ "ሰማይና ዜብርሁ ክልተ ከዋኽብቲ እኒሀዉ....." በሉ። "ኣብ ግርማዊት ኪዳነምሕረት ዝተፈጸመ፣ተራእዩ ዘይፈልጥ ግርማ" ኪብል ከኣ መጽሔት ብርሃን ጸሓፈሉ።


ድሕርዚ ብ2001 ዓ.ም.ፈ. ንብጹዕ ኣቡነ ዘካርያስ ኪትክኡ ዝተመዘዙ ብፁዕ ኣቡነ መግሥተኣብ ተስፋማርያም እውን ኣብዛ ሕጂ ባዕሎም ዜሓደስዋ ዘለዉ ቅብኣተ ጵጳስና



ተፈጸመሎም። ቀባኢ ኣቡነ ዘካርያስ ብኽልተ ጳጳሳት ኣቡነ ሉቃስን ኣቡነ ተስፋማርያምን ተሰንዮም ነበሩ።

ኣብ መወዳእታ ድማ ኣብ 2012 ወርሒ ግንቦት እቶም ቀሞስ ኪዳነምሕረት ኮይኖም ኬገልግሉ ዝጸንሑ ክቡር ኣባ ፍቕረማርያም ሓጎስ ናይታ ሓዳስ ሰበኻ ሠገነይቲ ጳጳስ ምስ ተሠይሙ፣ ኣብ'ዛ ዘገልገሉላ ዓባይ ደብረኪዳነምሕረት

ብኢድ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ብብፁዓን ጳጳሳት ኣቡነ ቶማስን ኣቡነ ኪዳነ የዕብዮን ተሰንዮም ሢመተ ጵጵስና ተፈጺመሎም። ብድሕሪኡ ብወግዒ መንበሮም ሒዞም ነዛ ሓዳስ ሰበኻ የገልግሉ ኣለዉ።




ስለዚ ካብ ኣቡነ ኣብርሃ ጀሚርካ ቤተክርስትያ ኪዳነምሕረት ኣርባዕተ ሥርዓት ሢመተጵጵስና ርእያ፣ ሹድሽተ ጳጳሳት ከኣ ተቐቢላ ኣላ። እዚ እቲ ፍርይ ፍርይ ዝበለ ፍጻሜታት ኢልና ኢና'ምበር ከምክህነትን ዲቍናን ካልእ ናይ በብዓይነቶም ማኅበራት መብጸዓታት ኣብኡ ዚፍጸም መንፈሳዊ መደባትን፣ ናይ ጥምቀትን ፍትሓትን ምሥጢረ ተክሊል ኣገባባትን ማእለያ የብሉን።

እነሆ ድማ ድሕሪ ነዊሕ ጕዕዞ ሎሚ ቤተክርስትያን ኪዳነምሕረት ንካቶሊካውያን ኤርትራ ብዝተፈላለየ ደረጃ ከተገልግል ድሕሪ ጸኒሓ፣ ብ19 ጥሪ 2015 ዓ.ም.ፈ. መትሮፖላዊት መንበር ሊቀጳጳስ ክትከውን ብቤተክርስትያን ተመዲቡ። እቶም ከም መጠን ጳጳስ ሰበኻ ኮይኖም ዘገልገሉ ብጹዕ ኣቡነ መግሥተኣብ ድማ “መሮፖሊታን ሊቀጳጳስ” ተሰይሞም፣ እዛ መንበር ሊቀጳጳስ ዝኾነት ቤተክርስትያን ኪዳነምሕረት ድማ ናይታ “ርእሰ ምሕድርቲ ቤተክርስትያን” ማእከል ኮይና ትርከብ። እዚ ከኣ ናይ'ቲ ኹሉ ዝሓለፈ ታሪኽ ድምርን ውጽኢትን ኪበሃል ይከኣል።

እዛ ሓዳስን ግርምትን ቤተክርስትያን ተዛዚማ ካብ ትባረኽ እነሆ እዚ በዓል ኪዳነም ሕረት[የካቲት] መበል 55 ዓመታ ኮይኑ፣ ብሓልዮት ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም በቲ ግዳማዊ ወገናታ ምሉእ ብምሉእ ተሓዲሳ ነዚ ኢዮቤል'ዚ ከተኽብር ምኽኣላ ኣዝዩ ዘሓጕስ እዩ። በዚ ቕንያትዚ ሓደ ወዲ 80 ዓመት ኣቢሎም ዝኾኑ ኣቦ፣ ምስ ተሓዲሳ ምስ ረኣዩዋ፣ ብሓዳሳ ከላ ልክዕ ከም'ዛ ሕጂ ኮይናታ ዘላ ትመስል ነበረት፣ እዚ ብዓይነይ ዝረኣኽዎ እዩ፣ ምጽናሕ ምንባር ጥዑም'ዩ” ኪብሉ ዕድመ ሂቡዎም ነታ ወዲ 30 ዓመት ከለዉ ክትሰራሕን ብሓዳሳን ዝረኣዩ ንሶም ንርእሶም ናብቲ ጕብዝናኦም ዝተመልሱ ኮይኑ ከም ዝተሰመዮም ኪገልጹ ተረኺቦም።“ዘከመ ንስር ይትሔደስ ውርዘታ”።

ካብቶምብዙሓት ቀሞሳት ሓደ፣ 41 ዓመት ዘገልገሉ
ኣባ ኃይለ ዑቕቡ [1929-2004] እዮም። [1962-2003]፣
1962-1980 ሓጋዚ፣ 1980-2003 ቆሞስ።





1) ተሕጎሱ ኩልኹም፣ ኩልኽን ተሓጎሳ፡
በዛ ዓመት ምስጋና በዛ መበል 50፡
ከም ካል ኦት ኣይኮነትን ፍልይቲ ‘ያ ንሳ፡
ፈሊና ነስተውዕለላ ንቕድሳ፡
እወ ፍልይቲ እያ ምህርቲ ዝሕፈሳ፡
ዓመት ምስጋና እያ ዓመት ሞሳ።

2) ን50 ዓመታት ድሕሪ ምግልጋል፡
እንሆለ ሎሚ ወርቃዊ እዮቤል፡
ሰራሕ  እኪውዳእ ዕማም ኪሰላሰል፡
ኣቦታት ደብሉ ኣዴታት በላ ኦልል፡
ኣቐምጦ ማርቴሎ ዕጸፎ መሳልል፡
ብሕብረት ንጸሊ ሃየ ኣእዳውና ነልዕል።

3) ያሬዳውያን ሊቃውንቲ ሸብሽቡ ዝለሉ፡
ከበሮ ህረሙ ጸናጽል ጸልጽሉ፡
ሃሌ ሉያ ክትብሉ ውዕል ሕድር በሉ፡
ናይ 50 ዓመታት እዮቤል ጸንብሉ፡
ምስጋና አቕርቡሉ ነቲ ከኣሊ ኹሉ።

4) መንእሰያት መዘምራን’ውን ዝሓይሽ ግበሩ፡
ኣብ መንፈስ ጸሎት ኮንኩም ብህድኣት ዘምሩ፡
ኣየናይ ከም ዝሓይሽ ዘትዩ ምኽሩ፡
ዘመን ሰላም ይምጻእኩም እዚ ተቐይሩ፡
ብህድ ኣት ኣብ ዓድኹም ክትቕመጡ ክትነብሩ፡
ብደሓን ኪምለሱ ባሕሪ ዝተሳገሩ።

5) እሞ ኣንቲ ኪዱነይ ናባኺ’ዶ ኪምለስ፡
ታሪኽ ኪገናጽል ኪብል ሃሰስ መሰስ፡
ኣብዚ ጊዜ እዮቤል ኣብ ጊዜ ምሕዳስ፡
ዓለም ተኣኪቡ ተሰሪሑ’ሎ ዳስ፡
ግጥሚ ኪገጥመልኪ እንተበለኪ ደሰደስ።

6) ኣብ ሕልሚቀዳሞት ነቢርኪ ትማሊ፡
ኣብ  መደብ ኣቡነ ኣስራተማርያም ነቢርኪ ትማሊ፡
ኣቡነ ኣብራሃም ሓኒጾሙኺ ብወግዒ ብዕሊ፡
ኣቡነ ዘካርያስ ጌሮሙልኪ ስእሊ፡
ባቡነ መንግስተኣብ ተኻሒልኪ ኩሕሊ፡
ካብ ኩለን ብጾትኪ ንስኺ ትልዕሊ፡
ኣቲ እቲ ሓናጺኺ ክንደይከ ይውሕልሊ፡
ወርሒ ኣብ ሞንጎ ምከዋኽብቲ ከምዘላ ትመስሊ።

7) ንስኺ ክትሕነጺ ክንደይ ዘይሓለፈ፡
ንስኺ ክትሕደሲ ክንደይ ዘይሓለፈ፡
ገንዘብ ንኺዋጻእ ክንደይ ተለፍለፈ፡
ብኽምዚ  ከምዚ’ባ ጊዜ ተመርቀፈ፡
መቓብር ተጫሪቱኪ ኩሉ ተሰከፈ፡
ግን ዝረሓቐ ዝቐረበ ስለዘይሰነፈ፡
ሓርጎጽ ጎጽ ተወዲኡ ኣብ ዓወት ጸፈፈ።

8) ኣንት ኪዳነ-ቃላ ኣደ ኩሉ፡
ኣባኺ ይምዕቀብ ወሰኑ ማእከሉ ፡
ካብ ርሑቕ ቀረባ ካብ ታሕቱ ካብ ላዕሉ፡
ንኹሉ ልመና መልሲ ትህብሉ፡
ተጨኒቖ ዝመጸ  ሃዲኡ እፎይ ኢሉ፡
ሕቶኡ ተመሊሱ ጸጋ ተኾልኩሉ።

9) ወትሩ ጸብለል እትብሊ ካብ ኩሉ ልዕልቲ፡
ልዕሊ ኩሎም ሕንጻታት ንኣሽቱ ዓበይቲ፡
ንዓኺ ትወዳደር የላን ዋላ ሓንቲ፡
እዚ ሓቂ እዩ ካብ ቀደም ካብ ጥንቲ፡
ንስኺ ኢኺ ወርሒ ካልኦት ከዋኽብቲ፡
እንቋዕ ደስ በለኪ በዛ ሎሚ መዓልቲ።

10) ኣደ መላእ ኣሥመራ ስኡናት ርኹባት፡
ኪዱነይ ይብሉኺ ኣዋልድ ኣወዳት፡
ኣዴና ይብሉኺ ኣቦታት ኣደታት፡
ጸጋ ንዝጎደሎም ኣማልዲት ጸጋታት፡
ኣባኺ ይዕንገሉ መሳኺን ድኻታት።

11) ንስኺ ጽላሎም ንኹሎም ደቂ ሹቕ፡
ኣሰላማዩ ክስታኑ ኣባኺ’ዩ ዝሕንቅቕ፡
ሕብረትሲ ጽቡቕ  እዩ ንሱ’ዩ  ዘጽድቕ፡
ብሕብረት ንማህለል ኣብ ትሕቲ ኣ ንውደቕ፡
ከተሰልጠልናእያ  ካብ ሰዓት ናብ ደቒቕ።

12) ኪዱነይ ይብሉኺ ደቅኺ ከቀባጥሩ፡
ዋላቶም ዝተሰዱ ርሑቕ ዝሰፈሩ ፡
ፍጹም ዘይርዐኺ ዘገርም ነገሩ፡
ኣብ ዘለዉ ኣሊዮም ይእከቡ ይሓብሩ፡
ዕቁባት ይኣትዉ ማሕበራት ይገብሩ፡
ሓገዞም በጺሑና ባሕሪ ተሳጊሩ፡
ብኽምኡን ክንድኡን እዩ  እዚኹሉ ተገይሩ።

13) ቊምስናታት ኣሥመራ ኩላተን ደቅኺ፡
ሓዳረን ኣውጺእክየን ኣምሲልኪ ኣመርዒኪ፡
ንሳተውን ሰሲነን ኮይነን ከክንዳኺ፡
ኪወልዳ ጀሚረን ልክዕ ከምዚ ከማኺ፡
እዚ ብስራት እዩ ሓጎስ ንልብኺ፡
ነታ ኣደን ነታ ጓላን ኣዲኤን ንስኺ።

14) እታ ድሕሪት ዝወለድክያ ሰምበል ሕሳሰ ልደ፡
ጽቡቕ  ትሳለ ‘ላ ትዋደደ፡
ኣባ ኤልያስ ይኽድዋ መሰየ ረፈደ፡
ጥርኑፍ ሕዝቢ ኣለዋ ሕብረት ዝለመደ፡
ምትብባዕ የድልያ ዝዛየደ፡
ሕጻን ኣይዓብ’ዩ ብዘይ ኣደ።

15) ደብረ ፍልሰታ ጓልኪ እታ ብምዕራብ ዘላ፡
ንሺላጆ ወሊዳ ታተ ተብላ ኣላ፡
ዓመታ ቀሪቡ ድሮ እግሪ ተኺላ፡
ምእመናን ተኣኪባ ኩላ ኩላ፡
እታ ቤተክስቲያን ግን ጸቢባ ኣላ፡
ኪዱን ገለ ግበሪ ኣርህውላ።

16) ካልኦት ኩላተን ኣለዋ ብደሓን፡
ነፍሰጾራት ኮይነን ኪወልዳ ቀሪበን፡
እንኪገላገላ ብሰላም ምጽእየን፡
ይሰጉማ ኣለዋ ይጓሰያ ሕዝበን፡
ይቀራረባ ኣለዋ ናብ ኢዮቤል ገጸን፡
ዘይ ቁሩብ ዓመታት እንታይ ተሪፋወን።

17) ብፁዕ ኣቡነ ኣብራሃ ደስ'ዶ ኢሉኩም ብበዓላ፡
ምስ ቀረበትኩም'ዶ ትሓይሽ ወይ ርሑቕ እንከላ፡
ኣብ ጸጸራት እንከሎኹም ከመይ ነይሩ ምስላ፡
ተወፊኡ መዓልቲ እነሆ ሓሊፉላ፡
ተሓጺባ ጸርያ ተኳሒላ፡
እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም ናብ ጽላላ፡
ዘሕነጽኩማ ቤትኩምኣብ ጎድንኹም ኣላ፡
በሉ ደስ ኢሉኩም ኣዕርፉላ፡
ንሳ'ውን ከማኹም ደስ ይበላ።

18) እንቋዕ ሞገስኩም ሊ/ጳ ኣቡነ መንግሥተኣብ፡
ኣብዚ ሕማቕ ጊዜ እዋኑ መጻብብ፡
እዚ ዝሓሰብክምዎ ከመይ ጌርካ ይሕሰብ፡
ሕሹኽ ደኾን ኢሉኩም እቲ ጎይታ ጥበብ፡
ወይስ ጊዜ ኣኺሉ እቲ ናይ መጽሓፍ መክብብ፡
ንጻማ ይግበረልኩም መንፈሳዊ መኽሰብ።

19) ናይ ኣማላድነት እኖና ኩኑና ምስክር፡
እምንቲ ኣደ እያ እትእክብ እትምእርር፡
ንብረታ ኣኪባ ብናይ ቀላይ ባቡር፡
ዋላኳ እንተበለ ቁሩብ ውዕል ሕደር፡
ንጽባሒቱ እዩ ዝብል ድንብር፡
በሉ ሕንጻስ ተወፊኡ ንዛተ ንማከር፡
ንነፍሳት ዝደምዕ ዝሓይሽ ክንገብር፡
ሕንጻ እምኒ ወዲእና ሕንጻ ሰብ ክንጅምር።

20) ናብ ግዕዝ'ዶ ኪንሰግር ናብቲ ቋንቋ ቀደም፡
ኣቦ ኩሎም ቋንቋታትና ሎሚ ኩሉ ገዲም፡
ሓው ሴማውያን ልሳናት ቋንቋ ሔዋን ኣዳም፡
ሸለል ኣይንበሎ ነጽናዖ ሃየ ንቀዳደም፡
ኣብ ሓንጎልና ኪኣቱ ኪሰርጽ ኣብ ሱር ደም።

21) ይእዜሰ ናሁ ናብዕል እዮቤል፥
ዘበ ትርጓሜሁ ብሂል ኣቅርንት ዘወይጠል፡
ዘይትነፋሕ በበ50 ዓም፡ ወመዋዕል፡
ዜና ሰናይ ውእቱ ኣዕጽምተ ያጤልል፡
የደልዎ ኣሚን ኣሚን ንበል።

22) ) ንትፈሳሕ በዛቲ ዕለት ወንትዋነይ ተውኔት፡
በዘኣልባቢነ ትንቢት ረከበ ተፍጻሜት፡
ዛቲ ዕለት ትኩነነ ዘለለዓመቲ ቅድስት፡
እምድህረ ሓለፈ መዋዕል 50 ክራማት፡
እምዘሳረርዋ ሊቃውንት ዓበይት፡
ተሰርገወት ሥርጉተ ግርማ ወለብሰት ሜላተ
እስመ እምዲበ ቆማ ርስሐት ኣእተተ።

22) ተፈስሒ እምነ ወቅንቲ ሓቋኪ፥
እስመ ተሓደሰት ቤተ እፍራታ ቤትኪ፥
ሕቡረ ይትፌስሑ ኩሎሙ ደቂቅኪ፥
ምስለ ኩሎሙ እለ ይጼውዑ ስመኪ፥
ያስተርእዩ ዘውስተ ልቦሙ ዕበየ ፍቅርኪ

23) ኣዋልዲሃኒ ተፈሥሐ የብቦ የብባ፡
በዕለተ መርዓሃ ለእምክን በዕለተ ኩብካባ፡
በዘተሰርገወት ወኮነት ለመክብብ መክብባ፡
እስመ ሐልፉ እላንቲ መዋዕል ዘዓጸባ፡
ወሕያዋን ይቀረቡ ውስተ መርሕባ፡
ወነፍሳተ ሙታን ዕረፍተ ይርከባ።

24) ወንሕነኒ ናዕብያ ኩለና ወንበላ በሐ፡
ለእንተ ኣሓቲ ለእማ ኣልቦ ዘከማሃ፡
ንትመሃለል እንዘ ንዓይል ታሕተ ክነፊሃ፡
ከመ ኢይምስጠነ ተኩላ ዘያርሕቅ እምኔሃ፡
ዳእሙ ይዕቀበነ ለለዓመት ኣሜሃ።

25) እለ ወሃብክሙ ንዋየ ለሕንጸተ ዝንቱ ቤት፡
ንዋየክሙ ሓደሰ ዘእመ ኩልነ ቤት፡
ተፈሰሑ ርኢክሙ ዘከመ እፎ ኮነት፡
ይትባረክ ንዋየክሙ ዘገዳም ወዘቤት፡
ይትወከፍ ምጽዋተክሙ ከመ ጸሪቅ ዘመበለት፡
ይዕቀብክሙ ይዕቀበነ በሰላም ለለዓመት።
ኣሚን!!

ኣባ ኃይለ ጳውሎስ
ኤጳርቅና ኣሥመራ።

# ክብረ በዓል ኪዳን ምሕረት እንታይ እዩ ምሥጢሩ?
## ስለምንታይ'ከ ኪዳነ ምሕረት ንብል?

### መእተዊ

ቅድስት ድንግል ማርያም፡ ቅድሚ ምፍጣር ዓለም ኣብ ሕሊና ኣምላኽ ዝነበረት፣ ገና ከይተወልደት ትንቢት ዝተነግረላ፡ ሱባኤ ዝተቈጸረላን ምሳሌ ዝተመሰለላን እያ። ሊቀ ነቢያት ሙሴ ኣብ ደብረ ሲና ኣባጊዑ እናሓለወ ኸሎ፡ ነበልባል ምስ ሓመልማል ተዋሓሒዱ፡ እቲ ነበልባል ነቲ ሓመልማል ከየቃጸሎ፡ እቲ ሓመልማል ድማ ነቲ ነበልባል ከየጥፍኦ ርኣየ። (ዘፀ 3:2) እቲ ቖንዲ ምሥጢሩ ነበልባል ናይ መለኮት፡ ሓመልማል ናይ ትስብእት ምሳሌ ኾይኑ ውህደት መለኮትን ትስብእትን የረድእ። ከምኡ'ውን ከምቲ ቅዱስ ኤፍሬም ዝመሰሎ እቲ ነበልባል ምሳሌ መለኮት ኪኸውን ከሎ እቲ ሓመልማል ድማ ምሳሌ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም እዩ። (ውዳሴ ማርያም ዘሠሉስ ወዘኃሙስ)።

ኢሳይያስ ነቢይ 'ውን ካብ እግዚኣብሔር ብዝተዋህቦ ጸጋ ትንቢት "ትወፅእ በትር እምሥርወ ዕሤይ ወይዐርግ ጽጌ እምጉንዱ/ ካብቲ ጉንዲ ዕሤይ ሓደ ጠዋዒ ኪጭብጭብ እዩ፡ ሓደ ጨንፈር ከኣ ካብ ሱሩ ፍረ ክፈሪ እዩ።' ኢሉ ተነብዩ ነበረ። (ኢሳ 11:1) ብበትሪ ወይ ጠዋዒ ዝተመሰለት ቅድስት ድንግል ማርያም እያ፣ ዕንባባ ወይ ፍረ ዝተባህለ ድማ ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። ኣብዚ ምድራዊ ዓለም መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ካብ ሥጋኣ ሥጋ ካብ ነፍሳ ነፍሲ ወሲዱ ከምዚውለድ ዘመልክት ትንቢት እዩ። ከምቲ ሱር ንላዕሊ ይዓቢ ንታሕቲ'ውን ይወፍር እዩ። ንላዕሊ እንተበልና ዕሤይ፡ ንታሕቲ እንተበልና ኸኣ ኢያቂም መራኸቢኦም ዳዊት እዩ።

ኪዳን ፦ "ተካየደ" ካብ ዝብል ግእዛዊ ግሲ ዝወፅአ ኾይኑ፡ "ተመሓሓለ፡ ተሰማምዐ፡ ተወዓዓለ" ማለት እዩ። ኪዳን፥ ንኽልተ ሓደ ዝገብር ናይ ፍቕርን ሓድነትን መሓላ፣ መተኣማመኒ ውዕልን ዘይብተኽ ገመድ ሰላምን እዩ። ብተሰፋ ቓይሙ ዝተጻሕፈ፡ ሥርዓት ንዚሓለወን ዜጽንዐን ዓስቢ ዚህብ፣ ንዜፍረሰ ግና ዚጉድእ'ውን ኪዳን ወይ ውዕል ይበሃል ።

'ኪዳን'፦ ኣብ መንጎ ክልተ ወገን ካብ ደቂ ሰባት ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ መንጎ እግዚኣብሔርን ሰብን ከኣ ዚፍጸም እዩ። ዓለም ካብ ዚፍጠር፡ ኵሉ ጊዜ እግዚኣብሔር ምስ ሰብ ብዝተፈላለየ መንገድን ጊዜን ቦታን ከከም ኣድላይነቱ ቃል ኪዳን ይኣቱን ኪዳኑ ይፍጽምን እዩ።

### ኪዳን ኣበው

ንሥነ ፍጥረት በቲ ሓንሳእ ዚሠርዖ ብኺዳኑ ዘጽንዖ እግዚኣብሔር ኣምላኽ፡ ብፍላይ ነቶም ናብኡ ዚምለሱ፡ ፍቓዱ ዚመልኡን ብሕጉን ኣምልኾኡን ዚጸንዑ ሰባት ትግሃቶምን ተጋድሎኦምን ተመልኪቱ ቃል ኪዳን ይኣትወሎም እዩ።

*ናይ መጀመርታ ሰብ ኣዳም ሕጊ ጥሒሱ፡ ትእዛዝ ኣፍሪሱ፡ ምስ ወደቐ፦"ኣልቦቱ ካልእ ሕሊና ዘእንበለ ብካይ ላዕለ ኃጢኣቱ/ ብኃጢኣቱ ምብካይ እንተዘይኮይኑ ካልእ ሓሳብ ኣይነበሮን" ከምዝብል ብኡ ንብኡ ብንበዓት፡ ንስሓ እዩ ዝተንሥኣ። ተወካፊ ንስሓ፡ ርኅሩኅ ኣምላኽ ድማ ንስሓኡ ተቐቢሉ ቃል ኪዳን ኣተወሉ። ሐዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ መልእኽቱ፦" ምልኣት ዘመን ምስ በጽሐ ግና፡ ነቶም ትሕቲ ሕጊ ተኻይጦ ምእንቲ ኸውፅኦም ንሕና'ውን ውልድነት ምእንቲ ክንረክብሲ ኣምላኽ ነዚ ካብ ሰበይቲ ዝተወልደ ትሕቲ ሕጊ'ውን ዝኾነ ወዱ ለኣኸ።" (ገላ. 4፥4) ኢሉ ከምዘረጋገጾ፡ ነቲ ዚኣተወሉ ኪዳን ኣብ ጊዜኡ ፈጸመሉ።

*ኣብ ዘመኑ ካብቶም ዝነበሩ ሰባት ዝመሰሎ ዘይብሉ፡ ብፍቓድ እግዚኣብሔር ዚመላለስ ዝነበረ ጻድቕ ኖኅ እዩ ነይሩ። ብሰንኪ ኽፍኣትን ዓመፅን ደቂ ሰባት፡ ዓለም ብማይ ኣይኂ ኣብ ዝተቐጽዓትሉ እዋን፡ ኣቦና ኖኅ ካብ መርከብ ወፂኡ መሥዋዕቲ ኣቕረበ። እግዚኣብሔር ድማ መሥዋዕቱ ተቐቢሉ፡ "ድኅሪ ደጊም ሕይወት ዘለዎ ዘበለ ኹሉ ብማይ ኣይኂ ኣይኪጠፍእን እዩ። ንምድሪ ዘጥፍእ ማይ ኣይኂ ድማ መሊሱ ኣይከውንን እዩ። እንሆ ኪዳነይ ምሳኻትኩም ኣቕውም ኣሎኹ። . . . ቀስተይ ኣብ ደመና ኣንብር ኣሎኹ። ንሱ ድማ ነቲ ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎ ምድርን ዘሎ ኪዳን ምልክት ኪኸውን እዩ።" (ዘፍ. 9፥11-17) ኢሉ ቃል ኪዳን ኣተወሉ።

*ኪዳን ኣብርሃም'ውን ሓደ ካብቶም ዓበይቲ እግዚኣብሔር ንኣበው ዝኣተዎ ኪዳን እዩ። ኣቐዲሙ ናይ በረኸት ቃል ኪዳን (ዘፍ. 12፥2) ዝተዋህበ ኣቦና ኣብርሃም፡ ምልክት ኪዳን ዝኾነ"ግዝረት" እዩ ዝተቐበለ። (ዘፍ. 17፥7-10) ኪዳነ ኣብርሃም በዚ ኣየብቀዐን፡ ኣቦና ኣብርሃም ክሳዕ ነቲ ሓደ ወዱ መሥዋዕቲ ምቕራብ ስለ ዝተኣዘዘ፡ እግዚኣብሔር " ኣዝየ ክባርኸካ እየ፡ ንዘርእኻ ድማ ከም ከዋኽብቲ ሰማይን ከምቲ ኣብ ገምገም ባሕሪ ዘሎ ሑፃን ኣዝየ ከብዝሖ እየ፡ ሕዝብታት ኵላ ምድሪ ብዘርእኻ ኪባረኹ እዮም" ኢሉ መሓለሉ። (ዘፍ. 22፥16-18)። ብድኅሪኡ ውን ንይስሓቅን (ዘፍ. 26፥1-5)፣ ንያዕቆብን (ዘፍ. 28፥10-15) ቃሉ ከይለወጠ ኪዳን ኣትዩሎም እዩ። ከምዞም ዚቐደሙ ኣቦታት ፍቓዱ ምስ ዚፍጽም ንንጉሥ ዳዊት ውን ". . . ዘርእኻ ንዘልዓለም ኪጸንዕ ዝፋንካ'ውን ንውሉድ ወለዶ ኪሓንፅ እየ" (መዝ. 89፥3-4) ኢሉ ቃል ኪዳን ኣተወ።

### ኪዳነ ምሕረት

ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ብኪዳን ኣዳም፡ ኪዳነ ኖኅ፡ ኪዳነ ኣብርሃም፡ ኪዳነ ዳዊትን ብተወካልነት ነቢይ ሙሴ ዝተዋህበ ትእዛዛትን ሥርዓታትን. . . ወዘይመሰሎ ዝተመሥረተ ብሉይ ኪዳን ጊዜያዊ ተሰፋ ዝነበሮ፡ ፍጹም ምሕረት ዘይህብ እዩ ነይሩ። በዚ ኸኣ ነዚ ምሳሌያዊ ቃል ኪዳን ፍጹም ዚገብርን፡ ዚትርጉምን ኪዳን የድሊ ነበረ። "ኣምላኽ ብዛዕባና ዝኃይሸ ስለዝሓለየ፡

ብዘይካና ናብ ፍጻሜ ምእንቲ ከይበጽሑስ እዚኣቶም ኵላቶም ብእምነት እኳ ተመስኪርሎም እንተኾኑ ነታ ተስፋ ኣይረኸብዋን" (ዕብ. 11፥39-40) ተባሂሉ ከምዝተጻሕፈ ፍጹም ድኅነት ዚህብ ኣማናዊ ኪዳን ተዋህበ። እዚ ቃል ኪዳን እዚ "ኪዳነ ምሕረት" ይበሃል። ንቀደምት ኣበው "እስመ ትቤ ለዓለም አሐንፅ ምሕረተ፡ በሰማይ ጸንዐ ጽድቅከ፡ ኪዳነ ተካየድኩ ምስለ ኅሩያንየ።" (መዝ. 88፥2-3) ተባሂሉ ዝተዋህበ ተስፋ፡ ፍጻሜኡ እዚ ብኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ዝተገልጸ፣ ብክቡር ደሙ ዝተመሥረተ (ማቴ. 26፥27-28) ናይ ምሕረት ሓድሽ ቃል ኪዳን እዩ።

ኣብ ዘመነ ሓዲስ "ኪዳነ ምሕረት" ቅጽል ስም ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም እዩ። ምኽንያቱ ኣምላኽ ወዲ ኣምላኽ ነቲ ኣቐዲሙ ንአበው ብኅብረ ምሳሌ፡ ንነቢያት ብኅብረ ትንቢት ኪገልጾን ከተስፍዎን ዝጸንሐ ነገረ ድኅነት ካብኣ ተወሊዱ ስለ ዝፈጸሞ እዩ። ከምኡ'ውን ካብኡ ንኃጥኣን ለሚና ፍጹም ምሕረት ተውህበሉ ኪዳን ስለዝተቐበለት እዩ። ብትውፊት ከምእንረኽቦ ካብ መዓልታት ሓደ ድንግል ማርያም ከም ልማዳ እናነብዐት ክትጽሊ ከላ ፍቁር ወዳ እልፍ ኣእላፋት መላእክት ኣኸቲሉ ብግርማ መለኮቱ ምስ ተገልጸላ፡-"ዝኽረይ ዚገብር፣ ብስመይ ቤተ ክርስቲያን ዚሐንፅ፣ ብስመይ ንዚዓረቐ ዚኸድን፣ ንዝጠመየ ዜብልዕ፣ ንዝጸምአ ዜስቲን ከምኡ ውን ንዝኃዘነ ዜጸናንዕ፡ ምስጋናይ ዚጽሕፍ፥ ብስመይ ውሉዱ ዚሰሚ፣ ኣብ ዕለት በዓለይ ምስጋናይ ዘብጽሕ፡ ኦ! ጐይታ፡ ዓይኒ ዘይረኣየ፡ እዝኒ ዘይሰምዖ፡ ልቢ ሰብ'ውን ዘይሓሰቦ፡ ብዙኅ ዓስቢ ሃቦ።" እናበለት ለመነቶ። ፍቁር ወዳ ድማ ጸሎታ ሰሚዑ፥"ስምኪ ዚጸውዐ፤ ብስምኪ ቤተ ክርስቲያን ዚሓነፀ፤ ብስምኪ ሽጉር ዚረድኣን ኅዙን ዜጸናንዐን፤ ውዳሴኺ ዚጸሓፈን ዜጽሓፈን፤ ንውላዱ ብስምኪ ዚሰመየ፤ ኪምሕረልኪ እየ. . .ኵሉ ዚደለኽዮ ኪፍጽመልኪ፡ ዚለመንኪዮ ኪህበኪ እየ። ነዚ ኪዳን እዚ ንኽየፍርስ ድማ ብስመይ ምሒልልኪ ኣሎኹ።" ብምባል ቃል ኪዳን ምሕረት ኣተወላ። ጉባኤ ሊቃውንቲ ሃገርና "ብኪ ድኅነ ዓለም ወበወልድኪ ኮነ ሰላም/ ዓለም ብኣኺ ደኃነ፡ ብወድኺ'ውን ሰላም ኮነ።" ፤"ኪዳንኪ ኀይልነ ወጸወንነ/ ዝኣተወልኪ ኪዳን ኃይልናንን ጸግዕናን እዩ/. . ." እናበልና ነመስግንን፣ ድንግል ማርያም ወላዲተ ኣምላኽ እያ እሞ፡ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ንዝፍጽሞ ኵሉ መንፈሳዊ ሥራሕ ምኽንያት ከምዝኾነት ብዘይሕሶ ቃል ንምስክርን።

*ንሳ፡ ናይቶም ተምሳልን ጽላሎትን ዝኾኑ ቐዳሞት ኪዳናት መፈጸምታ ኣማናዊ ኪዳን ብምዃና፡- "ኖኅ ካብ ክፉእ ማይ ኣይኒ ዘደኃነላ መርከብ ቅድስት ድንግል ማርያም እያ።" (ቅዳሴ ማርያም ቍ. 31)፣ ኣብ መርከብ ኖኅ ዝነበሩ ጥራይ ከምዝደኃኑ፡ ከምኡ ድማ ብሰንኪ ኃጢኣት ዓለም ካብ ዝዘንም መዓት ማይ ኣይኅነ ብዕልቕልቕ ኣስጢሙ ናብ ሲኦል፡ ገሃነመ እሳት ካብ ዚወስድ ማይ ጥፍኣትን እተድኅንና መርከብ ኪዳነ ምሕረት፡ ንሳ እያ። ኣብሣሪት ሰላም ርግቢት'ውን ምሳሌ ቅድስት ድንግል ማርያም እያ። መሊኡ ዝነበረ ማይ ኃጢኣት፡ 'ካባይ ካብ ዝተወልደ መድኃኔዓለም ክርስቶስ ብስቕለቱ ጒደለ' እናበለት ንኃጥኣን ሰላምን ምሕረትን እተበሥር፡ ብኣማላድነታ ሓጉስን በረኸትን እትእውጅ ንሳ እያ። ቀስተ ደመና ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ተዘርጊሑ ከምዝርአ፡ ኵሉ ትውልዲ ኣብ ዘመነ ብሉይ ካብ ኣዳም ጀሚሩ ብምሳሌን ትንቢትን፣ ኣብ ዘመነ ሓዲስ ድማ ካብ ሰማያዊ መልኣኽ ቅዱስ ገብርኤል ክሳዕ ምድራዊት ቅድስት ኤልሳቤጥ ዝተዘርግሐ ውዳሴኣ፡ እናደገሙ ምልክት ድኅነቶም ከምዝገብርዋ ዘረድእ እዩ።

*ቅድስት ድንግል ማርያም ኣደ ኾሉ ብምዃና ኣቐድም ኣቢሉ ክቡር ዳዊት "እምነ፡ ጽዮን ይብል ሰብእ ወብእሲ ተወልደ በውስቴታ ወውእቱ ልዑል ሣረራ" (መዝ. 86፥5) ብምባል ከምዝተነበየላ ኵሉ ሰብ "ኣዴና፡ ጀማሪት ድኅነትና፡ መሠረት ንጽሕናናን ኣኽሊል ትምክሕትናን" ዝብላ ንኪዳነ ምሕረት ድንግል ማርያም እዩ።

*ኣዴና ቅድስት ድንግል ካብ ፍቁር ወዳ ዝተቐበለቶ ናይ ኪዳን ምሕረትን ረዲኤትን ኣብ ሓደ ዘመን ተፈጺሙ ጠጠው ዝብል ዘይኮነሲ ከምቲ ምስጋናኣን ውዳሴኣን ክሳዕ ኅልቀተ ዓለም ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተሳገረ ዝቕጽል እዩ። ሓንሳእ ብእግዚኣብሔር ኣምላኽ ዝተዋህባ ቃል ኪዳን ከም ምዃኑ ድማ ነቶም ኣብዚ ሰማያዊ ኪዳን ተኣሚኖምን ኣጽሊሎምን ዚነብሩ ዘይዕጸፍን ጽኑዕን ኪዳን ምዃኑ ድማ ከነስተውዕል ኣሎና።

"ወካዕበ ተማኅፀነ በማርያም እምከ እንተ ይእቲ እግዝእትነ ወመድኃኒትነ ወትምክሕተ ዘመድነ በወሊዶተ ዚአከ፡ እስመ አንተ ትቤላ ዘገብረ ተዝካረኪ ወዘጸውዐ ስመኪ ቦ ሕይወት ዘለዓለም የሐዩ / ደጊምና ኸኣ ንኣኻ ብምውላድ እመቤትናን መድኃኒትናን ናይ ባህርይና መመክሒትን እያ እሞ ብኣዴኻ ማርያም ንምኅፀን ኣሎና። ከመይ! ንስኻ 'ስምኪ ዝጸውዐን ዝኽርኺ ዝገበረን ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኣለዎ' ኢልካያ ኢኻ።" (ቅዱስ ያዕቀብ ዘሥሩግ ቍ. 86)። ይብል።

ዝተፈላለዩ ንማርያም ዝወሃብ ቅዱስ መጽሓፋዊ ኣስማትን ምሳሌታትን

1. ለውሃት ኣቤል (ዘፍ.4፤2-8)
2. መርከበ ኖኅ (ዘፍ.7፤2-23)
3. ሰማዊት ርግቢት (ዘፍ.8፤6-12)
4. ናይ መጀመርያ ምድሪ (ዘፍ.1፤12)
5. ቀስተ ደመና (ዘፍ.9፤8-15)
6. ድንኳን ኣብርሃም (ዘፍ.8፤1-5)
7. ሓረግ (ዕጸ ሳቤቕ) (ዘፍ.22፤9-13)
8. ግራት ኣብርሃም (ዘፍ.23፤17-20)

9. መሣልል ያዕቆብ (ዘፍ. 28፣10-20)
10. ዕጸ ጳጦስ ሲና (ዘጸ.፣1-6)
11. ደብረ ሲና (ዘዳግም 31፣18)
12. ጽላት ሙሴ( ዘጸ.32፣1-ፍ፤ዘጸ.34፣1-ፍጻሜ)
13. በትረ አሮን (ዘኍልቍ 17፣8)
14. ሓውልቲ ምስክር ኢያሱ (መጽሓፈ ኢያሱ 24፣25-27)
15. ጸምሪ ጊደዎን (መሳ.6፣36-40)
16. ናይ ሳሙኤል ቀርኒ ቅብኢ (1ይ ሳሙ.16፣13)
17. መሰንቀ (በገና ዳዊት) (1ይ ዜና መዋ. 15፣16)(መዝ.92፤መዝ.150፣3)
18. ሠረገላ ኣሚናዳብ (2ይ ሳሙ.6፣3-4)
19. ደመና ኤልያስ (1ይ ነገ.18፣41-45)
20. መሶበ ወርቂ አልያስ (1ይ ነገ.19፣1-8)
21. ቍራዕ ኤልያስ (2ይ ነገ.2፣19-22)
22. አኽሊል ሰሎሞን (መኃ. 3፣11)(ሰቆ. ኤር.5፣16)
23. ዝተሓጽረት ተኽልን ዝተዓጽወት ዒላ ማይን (መኃ.4፣12)(ሕዝ.44፣1-4)

ኣባ ጊዮርጊስ ዘጋስጫ'ውን እውን ኣብቲ "በእንተዝ እንዚራ ስብሐት" ብዝብል መጽሓፎም ብናይ ዕለተ ሠሉስ ዕፅዋት" እንክገልጽዋ፥ «ኦ እግዚእትየ ማርያም ዕፅ ቡሩክት እምነ ዕፅዋት ዘትዔድሚ፥ በኩሉ ኣውራኅ ዘትትቀሠሚ ዘዘልፈ ታኀመለምሊ ወዘልፈ ትለመልሚ እምዓውሎ ኀጢኣት ዘኢትትህወኪ፥ ወበጕድበ ዘኢትትገዘሚ» በሉ። ፍጹም ንጽህናኺ ካብ መርገም ኩሉውን ነጻ ምዃንኪ መስከሩ ።

ትርጉም፥ "ኦ እመቤተይ ማርያም ብናይ በደል ምሳር (ማሕጸ) ዘይትቑረጺ፥ ካብ ኣውሎ ነፋስ ኃጢኣት ዝተላዕለ ዘይትናውጺ፥ ዘውትር እትልምልሚ፥ ብኹሉ ዘመን እትፈርዪ፥ ኣብ ኩሉ ወርኃት'ውን ልምልምቲ፥ ልዕሊ ዕፅዋት እትፈርዪ ዝተባረኽኪ ዕፅ ኢኺ" ማለት እዩ። ኦ ድንግል እዚ እፁብ ነገር እዩ እሞ ብሓቂ በዚ ንስኺ ከምቲ ናይ ዕለተ ሠሉስ ዕፅዋት ፀሓየ ኃጢኣት ዘይወቕዓ ኩሉ ግዜ ልምላሚ ገንዘባ ዝገበረት ማኅጸ በደል ዘይረኸባ ብናይ ኣውሎ ነፋስ ኃጢኣት ዘይትናወጽ፥ ካብ መርገም ነጻ ዝኾነት፥ በሊዕናዮ ዘውትር ድኅነት ዝኾነካ ዘለዓለማዊን ኣማናዊን ፍረ ሕይወት (ክርስቶስ) ዝተረኸባ ዝተባረኸት ዕፅ ኢኺ (ዘፍ1፥11-12) ይብሉ።

መዝሙር እግዝእትነ ማርያም፣- እዚ መዝሙር ማርያም እዚ ፍሉይ መልእኽቲ ዘለዎ እዩ ።

እግዝእትነ ማርያም ኣብቲ ዝዘመረቶ መዝሙር ብምሥጢር ገሊጻቶ ዘላ ብተወሳኺ "ንሱ ዝበለኩም ኰሉ ግበሩ" ዝብል መሪሕ ሓሳብ፡ ካልእ ክንፈልጦ ዘመልከተትልና ሓቂ እውን ኣሎ፦

- ንሱ ዝበለኩም ኰሉ ግበሩ ምኽንያቱ ምሕረቱን ድኅነቱን ኣብቶም ዚፈርሕዎ ንውሉድ ወለዶ ዝነብር እዩ
- ንሱ ዝበለኩም ኰሉ ግበሩ ምኽንያቱ ንሱ ንጥሙያት ብበረኸቱ ዘጽግብ ዝዕንግል እዩ
- ንሱ ዝበለኩም ኰሉ ግበሩ ምኽንያቱ ንሱ ንዕቡያትን ንሓያላትን ካብ ዙፋናቶም፦ነቶም ዘይእዘዝዎ ከኣ ሓሳብ ልቦም በቲኑ ዘምበርክኽ ኣምላኽ እዩ
- ንሱ ዝበለኩም ኰሉ ግበሩ ከመይ ንሱ ንትሑታት ወጽያየም ርእዩ ክብ ዘብልን እዩ
- ንሱ ዝበለኩም ኰሉ ግበሩ፣ ሓደ ካብኡ ሥጋሁን ደሙን ተቐበሉ፤ ንስሓ ዕርቅን አዘውትሩ፤ ብወንጌል ድማ እመኑ
- ንሱ ዝበለኩም ኰሉ ግበሩ፣ ሓደ ካብኡ ካልኦት ጐይቶት ኣብ ሕይወትኩም ክነግሱ ኣይተፍቅዱ፤ ከምቲ ኣነ ጐይታ ሕይወተይ ዝገበርክዎ፤ ንስኻትኩም እውን ጐይታ ሕይወትኩም፤ሓዳርኩም፤ንእስነትኩም፤ክህነትኩም፤ ምንኵስናኹም ግበርዎ፣
- ንሱ ዝበለኩም ኰሉ ግበሩ፣ ምኽንያቱ ንሱ ቤተክርስትያን ክትህልወኩም ምእንቲ ኣብ ናይ ዕለተ ጰራቕሊጦስ ምጽብባይ ሱባኤና መንፈስ ቅዱስ ሂቡ ነዛ ቤተክርስትያን እዚኣ መሰሪትዋ እዩ'ሞ፡ ኣብኣ ሰጢምኩም ብእምነትን ተኣማንነትን ተመላለሱ፣ ዝብላ መሠረታውያን ቃላት ትገድፈልና ኣላ።

*መደምደምታ*

ኣደ መድኃኒና ኢየሱስ፣ ዝኾነት ድንግል ማርያም በቲ ኣብ ሰማይ ዘለዋ ናይ ነፍሰን ናይ ሥጋን ክብሪ፣ ናይቲ ኣብቲ ዝመጽእ ዓለም ፍጻሜ እትረክብ ቤተ ክርስቲያን ምስልን መጀመርታን ኢያ። ብተመሳሳሊ መንገዲ ርጉጽ ምልክት ተስፋን ምጽናዕን ነጋዲ ሕዝበ እግዚኣብሔር ክንዲ ዝኾነት፣ ክሳብ እታ ዕለት ጉይታ እትመጽእ (2ጴጥ፣3፣10) ንሳ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ተንጸባርቕ። ድንግል ማርያም ኣብ ታሪኽ ድኅነት ደቂ ኣዳም ብዘለዋ ጽኑዕ ተሳታፍነት፣ ነቲ ዋና ትምህርቲ ኣብኣ ኣዋሃሂዳቶ ኢያ፣ ዳግም እውን ተቃልሖ ኣላ። ንሳ ክትሰበኽን ክትከብርን እንከላ፣ ንምእመናን ናብ ወዳን፣ ናብ መሥዋዕቱን፣ ናብ ፍቕሪ ኣቦን ኢያ እትጽውዖም። ቤተ ክርስቲያን ከኣ ብጊደኣ ንኽብሪ ክርስቶስ እናሰዓበት፣ ነታ ልዕልቲ እትመስል እናጸምኣታ፣ ብእምነትን ብተስፋን ብፍቕር ትሰጉም። በዚ መሠረት ማርያም ነቲ ቃል እግዚኣብሔር ተቐቢላ ሥጋ ዘልበሰቶ ኣመንቲ ኩልና'ውን ነቲ ኣብ መሥዋዕተ ቅዳሴ ተሰዊእን፣ መሥዋዕትን፣ሰዋእን፣ ኮይኑ ዝቐርብ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ሕይወትና ክሰርሕ ክንፈቕደሉ የድሊ። መጽሓፍ ቅዳሴና ብዛዕባ ማርያም ነዚ ኣምላኽዚ ከመይ ጌራ ሥጋ ከምዘልበሰቶ ብዝህቦ ብሉጽ መግለጺ ሰሚዓናን፡ ታቦት መንፈስ ቅዱስ ምዃና ፈሊጥና ንሕና እውን ኪዳና ነሐድስ።

"ኦ ማርያም ንስኺ ኣብ ከርስኺ ቍርባን ዘፍረኺ ኢኺ ንሕና ደቂዚ
መቕደስ ዝኾንና ካብ ጸባኢ ውግእ ክትሕልውናን ከምቲ ሓንሳብ
ዝተሓዋወሰ ማይን ወይንን ኪፈላለ ዘይከኣል ከማኡ ካባኽን ካብቲ
በጊዕ ድሕነት ዝኾነ ወድኽን ከይንፍለ በዚ ቍርባንዚ ንምሕጸነኪ ኣሎና" ።

ላቲ ይደሉ ክብር ወስብሓት ወለወልዳ

ኣምልኮ ወስግደት !!! ኣሜን

ኣባ ዮናስ ዮሓንስ ሓጎስ
Austria Vienna

ንዝኽሪ ወለዶም

**መምህር ተኽለብርሃን ዑቕቡ ከ. ሰንጋል**
**19 ጥሪ 1919 ዓ.ም. + ብ11 ኅዳር 1984 ዓ.ም.**

**ወይዘሮ ማርገሪታ ሓጎስ**
**19 መስከረም 1924 + ብ9 ሠነ 1992 ዓ.ም. ኩሎም ደቆም ፡**
**ነዘን ኣርባዕተ ዐበይቲ ሰዓት ንቤተ ክርስትያን ኪዳነ ምሕረት፡**
**ኣወፍዮም ኣለዉ።**

(ኣሥመራ፡ ብ16 የካቲት 2016 ዓ.ም.)

# ሃለዋት ቁምስና
# ርእሰ አድባራት ኪዳነ-ምሕረት

ዝኸበርኩም ሕዝበ እግዚአብሔር። አብዚ ዝስዕብ ሕጽር ዝበለ ጹሑፈይ ብዛዕባ ህልው ኩነታት ቁምስና ኪዳነ-ምሕረት። ገለ ክጥቀሱ ዝበልኩዎም አርእስታት አልዒለ ዘሎ ኩነታት ክገልጽ ክፍትን እየ። ብርግጽ ከምቲ ዝድለ ደቂቕ ሓበሬታ ዘይክኸውን ይኽእል እዩ። ከምኡ እውን ክልዓሉ ዝነበሮም አርእስታት ክተርፉ ይኽእሉ እዮም። ግን ሐፈሻዊ ዝኾነ ሓበሬታ ክንረክብ ተሰፋ እገብር፣

## 1) ቁጽሪ ስድራ-ቤትን መእመናንን

ብ1917 ዓ/ፈ እታ ቀዳመይቲ ሕንጻ ቤተ-ክርስትያን ኪዳነ-ምሕረት ከምዝተሰርሔት ይዝከር፣ ምስ ምስራሕ እዛ ቀዳመይቲ ቤተ-ክርስትያን ክአ ቁምስና ኪዳነ-ምሕረት ብወግዒ ከምዝተጀመረ ዘማትእ አይኮነን፣ ስለዚ። እዚ ቁምስና እዚ እዩ ክአ ክሳብ 1976። ንናይ ኩሎም ካቶሊካውያን መእመናን አስመራን ከባቢአን። እንኮ ቁምስና ኮይኑ ከገልግል ጸኒሑ፣ ካብዚ ዝተጠቕሰ ዓመተ-ምሕረት ጀሚሩ ግን ብስልጣን ብዓል ጥዑም ዝኽሪ ብጹዕ አቡነ አብርሃ ፍራንስዋ ንዝበዝሓ ቁምስናታት። ማለት ደብረ መድሓኔዓለም ገጀረት። ደብረ ፍልሰታማርያም ፐራዲዞ። ደብረ ባአታ ማርያም ገዛ-ባንዳን ከምኡ እውን ደብረ ጽንስታ ማርያም እምባጋልያኖን ርእሰን ዝኸአላ ቁምስናታት ኮይነን ክቖማ በቚዔን፣

ብ2003 ቁምስና ደብረ ኪዳነ-ምሕረት ሰንበል ከምኡ እውን አብዚ ዝሐለፈ ዓመት 2019 ክአ ቁምስና ደብረ መድሐኔዓለም ሺላጆ። ብብጹዕ ሊቀ ጳጳሳት አቡነ መንግስተአብ ተስፋማርያም ናብ ደረጃ መዓርግ ቁምስና ተሰጋጊረን፣

አብ ጊዜ ቁምስና ደብረ ኪዳነ-ምሕረት ንመላእ መእመናን አስመራ ሐቑፋ አብ ዝነበረትሉ እዋን። ክንደይ ዝአኽሉ ቁጽሪ ስድራ-ቤትን መእመናንን ከም ዝነበሩ ንምፍላጥ ካብ ግምት ምሃብ ሐሊፍካ ንጹር ሐበሬታ የልቦን፣

አብዚ ጊዜ እዚ መካነ መንበር ርእሰ እድባራት ቁምስና ኪዳነ-ምሕረት ቁጽሪ ስድራቤታት ክሳብ 850 ይበጽሕ፣ ቁጽሪ መእመናን ክአ ክሳብ 4300 ይኸውን፣

## 2) ስፍሓት ቁምስና

ቁምስና ርእሰ አድባራት ኪዳነ-ምሕረት ነዚ ዝስዕብ ከባቢታት አስመራ ሐቑፉ ይርከብ፣

1. አብ ከባቢ ኪዳነ-ምሕረት ዝርከቡ መእመናን
2. ጣባ ላዕላይን ታሕታይን
3. ዕዳጋ ሐሙስ ላዕላይን ታሕታይን
4. እንዳ አባ ሻውል። ገዛ ብርሃኑ። ገዛ-ባንዳ ሐበሻን
5. ዕዳጋ ዓርብን። አኽርያን። ዓርባዕተ አስመራን
6. ቪያ ጅዳ። ምህራም ጭራን ዓዲ ንፋስን
7. ማእከል ከተማን ሜርካቶን
8. ገዛ ከንሻ። ዶፖሲቶን ቤት-ጊዮርጊስን
9. ከባቢ እንዳእኽልን። እንዳማርያምን

እቲ ቀንዲ ቀንዲ ቦታታት ድአ እዚ ይኹን እምበር። ሐያሎ አባላት መእመናን እውን ካብዚ ዝተጠቕሰ ከባቢታት ወጻኢ ዝርከቡ አለዉ፣

## 3) መንፈሳውያን ማሕበራት

ጎይታና መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ንቤተክርስትያኑ ክምስርታ እንከሎ ማሕበር ናይ አመንቲ ከም እትኸውን ጌሩ ኢዩ መስሪትዋ፣ ብተመሳሳሊ መእመናን አብ መንፈሳዊ ማሕበር ተጠርኒፎም ሕይወቶም ክመርሑ እንከሎዉ ዝያዳ ብእምነቶም ይድልድሉን ይዓብዩን። ስድራቤታዊ ፍቕሪ ይሐድሮም። ብነፍስን ብስጋን ይተሓጋገዙ። አብ ጉዕዞ ሕይወቶም ንዘጋጥሞም ሽግር ይኹን ራህዋ ሐጎስ ይኹን ሐዘን ተሓላለይቲ ኮይኖም። ከም ስድራ-ቤት አብ ኩሉ ጉዕዞ ሕይወቶም ክተሓጋገዙን ክሰማምዑን ክመኻኸሩን እንከሎዉ ክንደይ ሰናይ ኡዩ፣ ብሓንሳብ ክጽልዩን ቃል አምላኽ ክሰምዑን ክግለጸሎምን። ብሕይወቶም ክአ ክምስክርዎን። አማልድነት ናይ ቅዱሳን ክልምኑን እውን ዝያዳ ዕድል ይፈጥረሎም፣ በብማሕበሮም ተጠርኒፎም ንቤተ-ክርስትያኖም ከገልግሉን ብልግሲ ክሕግዙን ብግብሪ አብ ምሕዳስ ቤተ-ክርስትያን ኪዳነ-ምሕረት ዘበርከትዎ ወፈያ ሕያው ምስክር እዩ፣

ብዘይካ እቲ ሰሙናውን ወርሓውን ዝገብርዎ ጸሎትን ዝውሃቦም አስተምህሮን። ጸጸኒሕካ ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ እውን ኩለን ማሕበራት ብሓባር መንፈሳዊ ትምህርቲ ከምዝረኽባ ዝገብር ስለዝኾነ ንምእመናን አዚዩ ሐጋዚ እዩ፣

ቁጽረን ብርክት ዝበላ መንፈሳውያን ማሕበራት አብዛ ቁምስና ይርከባ።

1. ማሕበር መድሓኔዓለም (ጣባ ታሕታይ)
2. ማሕበር መድሓኔዓለም (ሐድሽ ዓዲ)
3. ማሕበር ቅዱስ ልቢ
4. ቅዱስ ሚካኤል (ካብ ዝተፈላለየ ቦታ)
5. ቅዱስ ሚካኤል (ምህራም ጭራ)
6. ማሕበር በዓለ ማርያም
7. ማሕበር ኪዳነ-ምሕረት (ናይ አዴታት)
8. ማሕበር ኪዳነ-ምሕረት (ናይ ዓበይቲ)
9. ማሕበር ልደታ-ማርያም
10. ማሕበር እግዚእትነማርያም ንግስተ ሰላም(መጀኅረ)
11. ማሕበር ቅድስቲ ስድራ
12. ማሕበር ቅዱሳን ኢያቄምን ሃናን
13. ማሕበር ቅዱስ ዮሴፍ
14. ማሕበር ቅዱስ እስጢፋኖስ
15. ማሕበር ቅዱስ ያዕቀብ
16. ማሕበር ንስሓ ቦታ
17. ማሕበር ቅዱስ ዮሓንስ ጳውሎስ ዳግማዊ
18. ማሕበር ቅድስቲ ተሬዛ (ዘ ካልኩታ)
19. ማሕበር ብጹዕ ገብረሚካኤል



## 5) መንፈሳዊ ንጥፈታት መእመናን

አብ ሐንቲ ቁምስና። እቲ ዝዓበየን መተካእታ ዘይብሉን መንፈሳዊ ንጥፈታት ናይ መእመናን እዩ፣ እዚ ክአ መግለጺ ወይ ምስክርነት ናይ እምነት እዩ፣ ክልተ ነገር ንሕልናና ክንሓትት አገዳሲ እዩ፣ ቀዳማይ። ብውልቀይ እምነተይ ከመይ አሎ? ካልአይ ክአ ንእምነተይ ዝሕግዝኒ ወይ ዘዕብየኒ እንታይ እንታይ ይግበር አብ ቁምስና?

ብርግጽ እቲ ዝግበር አብ ቁምስና ከምቲ ዝድለ ዘዕግብ አይከውንን። ግን ብጽቡቕ ድሌትን ሃረርታን እንድሕር ድአ ተኸታቲልናዮ ወይ እንተተሳቲፍና ብዙሕ ክሕግዘና ከምዝኽእል እአምን፣ ብዘይካ እቲ መዓልታዊ ዝዓርግ መስዋዕተ ቅዳሴን ናይ ድሕሪ ቀትሪ ጸሎተ መቑጸርያን። ወትሩ ሐሙስን ሰንበትን ስግደት ቅዱስ ቁርባንን ቡራኬን ይፍጸም። ከምኡ እውን ምስጢረ ኑዛዜ ክገብሩ ንዝደልዩ መእመናን ዕድል አሎ፣ አብ ዓመት ሰለስተ ጊዜ ሱባኤ ይግበር፣ ፍሉይ ጸሎትን ስግደትን ምህልላን። ብጊዜ ጾመ አርብዓ። ጾመ ፍልሰታ። 24 ሰዓታት ንጎይታ ከምኡ እውን ምእንቲ ሰላም ዝግበር ምህልላን ይፍጸም፣ ከም አድላይነቱ እውን ንእምነትና ዘሰስነልና መንፈሳዊ አስተምህሮታት እውን ይግበር እዩ። ብርግጽ አብዚ ዝተጠቕሰ ንጥፈታት ተጊህና እንድሕር ደአ ተሳቲፍና። ብዙሕ ክጠቕመና እዩ፣

ስለዚ ዝኸበርኩም ሕዝበ እግዚአብሔር። አብዚ ወርቃዊ እዮቤል እነብዕሉ ዘሎና ጊዜ። ሕንጻ ቤተ-ክርስትያንና ብዘደንቕ አገባብ ተሐዲሳ ንዝርእያ ተብህግ ኮይና ተኾሒላን ጸቢቓን አብ ዘላትሉ እዋን። ብወገን እምነትና ክአ ብሐድሽ መንፈስ ክንጅምር። አብ ኩሉ መደባት ናይ ቤተ-ክርስትያንና ብፍላይ ክአ አብ መደባት ናይ ጸሎት። ትጉሃት ተሳተፍቲ ክንከውን ቁርጺ ፍቓድ ክንገብር ጊዜኡ ኮይኑ ይስምዓኒ፣

## 6) ኩነታት መንእሰያት ቁምስና

መንእሰይ አብ ሕብረተ-ሰብ ይኹን አብ ቤተ-ክርስትያን እቲ ሞተረ ኮይኑ ሐይሊ ዝህብ ክፍሊ ሕብረተሰብ ምኳኑ ዘይክሓድ

ሐቂ እዩ፣ ብተመሳሳሊ መንእሰያት ኪዳነ-ምሕረት ዓንዲ ሕቖ ቁምስናና እዮም፣ ኣብ ኣገልግሎት ስርዓት ኣምልኾ ኣብ (ግብረ ዲቁና። መዝሙር) ከምኡ እውን ኣብ ጽርየት ቤተ-ክርስትያንን ካልእን ኣብ ኩሉ ዝተረፈ ኣገልግሎት ቤተ-ክርስትያን። ዕዙዝ ተሳትፎ ኣሎዎም፣ ኣስታት 140 መንእሰያት ኣብ ዝተፈላለየ ማሕበር ተጠርኒፎም ንጥፈታቶም የሰላስሉ፣ ንምጥቃሶም ክኣ።

1. ማሕበር ኪዳነ-ምሕረት (ኣባጽሕ)
2. ማሕበር ቅድስቲ ስድራ
3. ማሕበር ወሓዚ ጸጋ
4. ማሕበር ኪዳነ-ቃላ
5. ማሕበር ብጹዕ ገብረሚካኤል
6. ማሕበር ቅዱስ ጳውሎስ
7. ማሕበር ቅዱስ ጴጥሮስ
8. ማሕበር ደቂ ማርያም (ቁጽሮም ብርክት ዝበሉ ንእሽቱ መንእሰያት)

ካብቲ ብመንእሰያት ኪዳነ-ምሕረት ዝዕመም ንጥፈታት ገለ ክንጠቅስ።

- ✓ ሰሙናዊ ጽርየት ቤተ-ክርስትያን
- ✓ ምብጻሕን ምጽራይን ናይ ኣእምሮ ሕሙማት እንዳ ሰዓል
- ✓ ሌላ ምስ መንእሰያት ቁምስናታት መንበረ ሊቀ ካህናት ኣስመራ
- ✓ ናይ ምሕረት ስራሕ ብፍላይ ንድኻታትን ሕሙማትን መእመናን
- ✓ ክረምታዊ ሐገዝ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ንህጻናትን መንእሰያትን

ነዚ ሰናይ ኣገልግሎት ክፍጽሙ ክኣ ብዘይ ዝኾነ ትእዛዝን ጸቕጥን። ብፍቓዶም ብምሉእ ነጻነትን ድልየትን ተወፋይነትን ይፍጽምዎ፣

መንእሰያት ብማሕበሮምን ብሓባርን ትምህርተ-ክርስቶስ ይምሃሩ። ሱባኤታት። መደብ ጸሎት ናይ ዓርቢ ምስ መንፈሳዊ ኣስተምህሮ። ከምኡ እውን ትምህርትን ምልምማድ ናይ መዝሙርን። ካብቲ ንእምነቶም ዘዕብዮም ንጥፈታት እዩ፣

## 7) ኣብ ውሽጢ ቁምስና ዝርከቡ ብውፉይ ሕይወት ዝነብሩ ኣሕዋትን ኣሓትን

ካብ ነዊሕ እዋን ጀሚሩ። ኣብዚ ደምበ ቁምስና ኪዳነ-ምሕረት ሐያሎ ማሕበራትን ከምኡ እውን ሐደ ንኡስ ዘርኣ-ክህነት ናይ ርእሰ ሰበኻ ኣስመራ ይርከቡ፣

1. ንኡስ ዘርኣ-ክህነት ቤት-ጊዮርግስ
2. ማሕበር ኣሕዋት ካፑቺኒ ኣብ ካቴድራል
3. ማሕበር ኣሕዋት ነዳያን ኣብ ቤት ጊዮርግስ
4. ማሕበር ቅዱስ ቁርባን ኣብ ምህራም ጭራ
5. ማሕበር ደናግል ቅድሲት ሃና ኣብ ካቴድራል
6. ማሕበር ደናግል ሕያዋይ ሳምራዊ ኣብ ኪዳነ-ምሕረት
7. ማሕበር ኣሓት ነዳያን ኣብ ቤት-ጊዮርግስ

እዞም ኣባላት ውፉያት ማሕበራት በበቲ ዝኽተልዎ ዕላማ ንቁምስና ኪዳነ-ምሕረት ዕዙዝ ዝኾነ ኣገልግሎት ይፍጽሙ፣

## 9) መምህራን ትምህርተ ክርስቶስ ቁምስና

ምስ ሰፍሓት ናይ እዚ ቁምስና። ሰለስተ መማህራን ትምህርተ ክርስቶስን። ተሐጋገዝቲ ደናግል ካብ ደናግል ሕያዋይ ሳምራዊ። ቅድስቲ ሃናን። ሕያዋይ ጓሳን ኣሎዋ፣ ንሕጻናት ኣብ ምስንዳዉ ንምቕባል መጀመርያ ቅዱስ ቁርባንን። ምስጢረ ሜሮንን። ከምኡ እውን ኣብ ምምሃር መንእሰያት ብብደረጃኦምን ይነጥፉ፣ ብዝያዳ ደናግል። ኣብ ምብጻሕ ስድራ ቤትን ከምኡ ክኣ ኣብ ዝግበር ናይ ስድራ-ቤትን ናይ ማሕበር ጸሎትን ተሳትፎኤን ዕዙዝ እዩ፣።

## 8) ቤት ምኽሪ መእመናን ቁምስና

አባላት ቤት-ምኽሪ መእመናን ቁምስና ኪዳነ-ምሕረት። ክፋል መእመናን ቁምስና ኮይኖም። ቁጽሮም ክሳብ 16 ይበጽሑ፣ እዞም አባላት ንቤተ-ክርስቲያን ብሓላፍነት ንሰለስተ ዓመታት ከገልግሉ ብመእመናን ዝምረጹ እዮም፣ ንሶም ኢድን እግርን መእመናን ኮይኖም አብ ዝተፈላለየ አገልግሎት ቤተ-ክርስቲያን ጉልበቶም። ገንዘቦምን ጊዚኦምን ወፍዮም ብዘይ ዕረፍቲ ብምሉእ ድልየትን ተወፋይነትን ዘገልግሉ ቤት ምኽሪ እዮም፣ ብዘይ ናይ እዞም ቤት-ምኽሪ መእመናን ህላወ። ቤተ-ክርስቲያን ከምቲ ዝግባእ ክትጓዓዝ ብዙሕ ምተጸገመት ኔይራ፣ በዚ አጋጣሚ። ንአባላት ቤት-ምኽሪ ቁምስና ኪዳነ-ምሕረት ስለእቲ ሓላፍነት ዝመልአ አገልግሎቶም ብዝተሐደሰ መንፈስ ክቐጽልዎ ከተባብዖም እፈቱ፣

## 9) ብድሆታት ቁምስና

1. ዋሕዲ እምነት። ነፍስ-ወከፍና ብሕልና ዝምስክሮ እዩ። አብ መእመናን ክሳብ ክንደይ እምነትና ዚሒሉ ከምዘሎ ፍሉጥ እዩ። እዚ ክአ አብ ተሳትፎ መደባት ናይ ጸሎት እዩ ዝርኤ።



2. ዓለማውነት። ነቲ ናይ እዚ ዓለም ሃብቲ (ገንዘብ። ንብረት) ምውናን ማለት። ንኹሉ ሽግር ከምዝፈትሕ ጌርካ ምውሳድ። ነቲ ናይ እግዚአብሔር ጉዳይ ግን ንጸጋም ምግዳፍ ዝንባሌ እንዳዓብለለ ይኸይድ አሎ። እዚ አተና እዚ ክአ ሐደገይና እዩ፣

3. በብሐደ ሰብ ውሓደ። ኩላትና መእመናን እንስከፈሉ ዘሎና ጊዜ እዩ። ብውልቅን ብስድራ-ቤትን ሃገርና ገዲፎም ናብ ካልእ ሃገር ብብዝሒ ይስደዱ አሎዉ። እታ ሃገር ብዓቢኡ። ቁምስናና ክአ ብፍላይ መን ሒዛ ክተርፍ እያ?

**ብዓል ወርቃዊ ኢዮቤል ሕንጻ አዴና ኪዳነ-ምሕረት።**
**ራህዋን። ሰላምን። ቅሳነትን የምጽአልና !!!**

አባ ከሰተ ገብረዮውሓንስ
ቆሞስ ር/አድባራት ኪዳነ-ምሕረት አስመራ

# መንፈሳዊ ኣገልግሎት ቀሞሳትን ውፉያት ኣብ
## ርእሰ ኣድባራት ኪዳነምሕረት ኣሥመራ

እዚ ኣርእስቲ ሒዙዎ ዘሎ ውፉያት ዝብል ቃል ኣብዚ ኑቶም ኣብዚ ቍምስና ዘገልገሉ ቀሞሳት ካህናትን፣ ከምኡ ከኣ ብትምህርተ ክርስቶስን ምስኡ ዝኸይድ ካልእ ኣገልግሎት ዘወፈያ ደቂ ማሕበር ደናግልን ውልቀ ሰባትን ዘጠቓልል ምዃኑ ኣቐዲምና ክንሕበ ንፈቱ።

ቅድሚ ናብ ዝርዝር ምእታውና ግን እዛ ቊምስና ከመይ ኢላ እያ ኣብዚ ዘላቶ ደረጃ በጺሐ፣ ከምኡ'ውን ንገለ ገለ ጊጉይ ርድኢታት ንምእራም ቁሩብ ከም ካብ ባህሪ ብጭልፋ ታሪኽ ክንርኢ።

ሰባኺ ዕዉት ካቶሊካዊ እምነት ዓዲ ሓበሻ ዝኾኑ ኣቦና ቅ.ኣቡነ ያዕቆብ ዮስጢኖስ ብ1839 ዓ/ም/ፈ ናብ ሃገርና ኣተዉ፣ መግዛእቲ ጥልያን ናብ ኤርትራ (ኣሥመራ) ኣትዩ ብወግዒ መግዛእቲ ዝጀመረሉ ከኣ ብ1889 ዓ/ም/ፈ እዩ። ብመንጽር ታሪኽን ጊዜን እንተረኣናዮ'ውን ብሩህ እዩ። ስለዚ ኣብ ሞንጎ ካቶሊካዊ እምነት ናብ ሃገርና ምእታዉን፡ምምጻእ መግዛእቲ ጥልያን ናብ ሃገርናን ናይ 50 ዓመት ፍልልይ ኣለዎ። ስለዚ ንካቶሊካዊ እምነት ምስ መግዛእቲ ጥልያን ከም ዝኣተወ ጌርካ ምዝራብ ካብ ታሪኻዊ ሓቂ ዝረሓቐ እዩ።

እምብኣር ናይዛ ካብ እትምስረት (1917-2020) 103 ዓመት ዝገበረት፡ እዛ ሕጂ ዘላ ሕንጻ ካብ እትሕነጽ ከኣ ዝሓለፈ ዓመት (2019) ሓምሳ ዓመታ ዝመልአት ግን ምስ ምንዋሕ ናይ ጽገና ጊዜ ናብ ሎሚ ተሰጋጊሩ ዘሎ ሕንጻ ቤተክርስትያን ር/ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ዝኽሪ ኢዮቤል ኢና እንዝክር ዘሎና።

ካልእ ከነስተውዕለሉ ዘሎና ሓቂ ከኣ እዛ ቊምስና ከተገልግል ዝጀመረት ታሪኽ ከም ዝሕብሮ ቅድሚ ቀብኣ ጵጵስና (1ይ ሓበሻ ጳጳስ) በዓል ጥዑም ዝኽሪ ብፁዕ ኣቡነ ኪ/ማርያም ካሳ (1930 ዓ/ም/ፈ) ምዃኑ ኢዩ፡ ካብ 1896 ዓ/ም/ፈ ጀሚሩ ህላወ ካቶሊካዊያን ደቀባት ኣብዛ ከተማ ከምዝነበረ ይፍለጥ። እዞም ካቶሊካውያን ደቀባት ሰፈሮም ኣብዚ ሕጂ ገዛ ከኒሻ ዝበሃል ዘሎ ከባቢ ከም ዝነበረን፡ ካብ ሽዑ ጀሚራ እዛ ቤት ጸሎት ደ/መ/ዓለም ገዛ ከኒሻ እትብሃል ዘላ ንእሽቶ ቤተክርስትያን ከኣ ከም ቊምስና ኮይና ተገልግል ከም ዝነበረት ታሪኽ ይሕብረና። መዝገብ ጥምቀት ናይ'ዛ ቊምስና ከምዝሕብሮ እዛ ቊምስና ብ 1910ዓ/ም/ፈ ጀሚራ ድሮ ከም ቁምስና ተገልግል ነይራ እያ።

እታ ናይ ሽዑ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ሃገርና ኣብ ኣርባዕተ ዝተኸፍለ ናይ ምሕደራ ዞባታት (ባጽዕ፡ ዓሊተና፡ ኣኹሩር፡ ከረን) ትኽፈል ከም ዝነበረት ታሪኽ ይሕብር። ሽዑ ባጽዕን እምኩሉን፣ ዓሊቴና ምስ ከባቢኣ 3-4 ቊምስናታት፣ ኣኽሩር፡(ካብ ስመዣና-ዓቴክለዛን)፣ ከረንን ከባቢኣን ተባሂሎም ይመሓደሩ ነበሩ። እዚ ናይ ሎሚ ኣሥመራ ከኣ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ኣኽሩር ስለዝነበረ ሃለዋት ካቶሊካውያን ኣሥመራ ኪፈልጡ፣ ኣባ ኪዳኑ ወ/ጊዮርጊስ ዝተባህሉ ካቶሊካዊ ካህን ካብ ኣኽሩር መጺኦም ኑቶም ኣብ ከባቢ ገዛ ከኒሻ ዝነበሩ ካቶሊካውያን ደቀባት ኣብዛ ሕጂ ዘላ ንእሽቶ ቤት ጸሎት ደ/መ/ዓለም ገዛ ከኒሻ ንፈለማ ጊዜ ከም ዝቀደሱሎም ይንገር።

ብድሕሪኡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ካተድራል ዘሎ ቦታ ቤተክርስትያን ቅ.ማርቆስ ተሓኒጻ ጸዓዱን ሓበሻን ከኣ በብታራ በብቋንቋኦም ስርዓት ሊጡርግያኦም ይጥቀሙላ ከም ዝነበሩ ይዝንቶ። ድሕሪ'ዚ እቶም ሽዑ ሓዋርያዊ ህየንታ ጳጳስ ዝነበሩ በዓል ሰናይ ዜና፡ ኣቡነ ዮሴፍ ካሚሎ ካራራ (1911/1924 ዓ/ም/ፈ)"እዞም ደቀይ ካቶሊካውያን ደቂ ሓበሻ ኣነ ንስርዓት ሃገሮም ኣጸቢቀ እፈትዎ እየ'ሞ ከም ሥርዓት ዓዶም በብዓይነቱ ጸሎታት ኽገብሩላ ንበይኖም ቤ/ክርስትያን ኪሰርሓሎም እየ" ክምዝበሉን ብክልተ ክኢላታት ነዳቆ ዝኾኑ ፈለስቲ ካፑቺኒ (ኣባ በርናርዲኖስን ኣባ ሄሮኒሞስን) ብወርሒ ጥቅምቲ 1917 ዓ/ም/ፈ መንደቅ ተጀመረ፡ ኣብ ውሽጢ 8 ወርሒ ከኣ ተዛዚሙ ጽንብል ተገብረ።

ቅ. መንበር ብቅዓት ምእመናንን ቤት ክህነትን ዓዲ ሓበሻ ተዓዚባ ኣብ ጊዜ ጳጳሳዊ መሪሕነት ኣቡነ ኪዳነ ማርያም ካሳ (1930-1950 ዓ/ም/ፈ) ካብ ሓዋርያዊ መስተናብር (ህየንተ ጳጳስ) ናብ ደረጃ፣ ኤዛርቅና (ቅድሚ ኤጳርቅና ዘሎ ደረጃ) ክብ ከም እትብሃል ገበረት።

ንኣቡነ ኪዳነ ማርያም ካሳ ተኸቲሎም ዝተሰምዩ ጳጳስ በዓል በሊሕ ኣእምሮ ቀሞስን ደራስን ዝኾኑ ብፁዕ ኣቡነ ያቀብ ገ/ኢየሱስ (1951-1957 ዓ/ም/ፈ) እዮም። ንሶም ቀድሚ ጳጳስ ምኳኖም ኣብ ኪ/ምሕረት ከም ቀመስ ኣብ ዝነበሩሉ ጊዜ ንሕዝቢ

ኣስመራ ብምትሕብባር ነታ ቀዳመይቲ ሕንጻ ቤ/ክ ኪዳነ ምሕረት ዝርኢ፡ ፍሉይን ዝድነቕር ኣበርክቶ ከም ዝገበሩላ ይጥቀስ። ንመንፈሳዊ ጉዳይ ንዝርኢ ከኣ ናይ ዓበይትን፣ መንእሰያት፣ ሕጻናትን መንፈሳውያን ማሕበር ኣቑሞም ከም ዘዐንበብዋ ይዝንቶ።

ብድሕሪኦም ዝመጹ ጳጳስ ብጹዕ ኣቡነ ኣስራተማርያም የምሩ (1958-1961 ዓ/ም/ፈ) እዮም፣ ሽዑ ካቶሊካዊ ሕዝቢ ኣስመራ ስለ ዝበዝሐ'ሞ እታ ቀዳመይቲ ሕንጻ ቤተክርስትያን ስለ ዝጸበበት፡ ነዛ ሎሚ ወርቃዊ ኢዮቤል እነብዕለላ ዘሎና ሓዳስ ሕንጻ ቤ/ክ ኪ/ምሕረት ኪሓንጹ ሓሳብ ስለ ዝነበሮም ምስ ቀ.መንበር ዘድሊ ምዝርራብ ገበሩ። እንተኾነ ግን ከምቲ እግዚኣብሔር ንቅ.ዳዊት ወድኻ እምበር ንስኻ ኣይኮንካ ቤት እትሓንጸለይ ዝበሎ፡ ኣብ ጊዜኦም ኣይተሓንጸን።

ድሕሪኦም ዝተሰምዩ ብፁዕ ኣቡነ ኣብርሃ ፍራንስዋ (1961-1984 ዓ/ም/ፈ) ነታ ጸባብ ቤ/ክ ብካልእ ዝገፍሐትን ዝማዕረገትን ጸብለል ዝበለትን ሕንጻ ኪትክኡ እንጅኔር ካርሎ ማሴትን እንጅኔር ብሩኖ ማሴትን ምስ ጄሜትራ ማርዮ ሮሴቲ ዝተባህሉ መሃንድሳት ብሓባር ኮይኖም ዘቅረብዎ ንድፊ ኣጽዲቖም፡ ብወርሒ መስከረም 1962ዓ/ም/ፈ ሕንጻ ቤተክርስትያን ጀመሩ። ኣብ ዓመታዊ በዓል ኪ/ም(1963 ዓ/ም/ፈ) ምስቶም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝነበሩ ልኡኽ ር/ሊ/ጳ ብፁዕ ኣቡነ ዮሴፍ ሞዮሊ ኮይኖም እምነ መሰረት ሕንጻ ኣንበሩ። ድሕሪ ክልተ ዓመት ብዓመታዊ በዓል እኖና ኪዳነ ምሕረት (1965 ዓ/ም/ፈ) ብፁዕ ኣቡነ ኣብርሃ ብክልተ ጳጳሳት (ኣቡነ ዘኖነ ተስታን ኣቡነ ኃ/ማርያም ካሕሳይን) ተሰንዮም ሕንጻ ስለ ዘይተዛዘመ፡ መንበረ ታቦት ባሪኾምን ቀቢኦምን መሥዋዕተ ቅዳሴ ኣዕረጉላ። ብ20/04/1969 ዓ.ም.ፈ. ድማ ብጹዕ ኣቡነ ዮሴፍ ሞዮሊ ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ወግዓዊ ቡራኬን ጽምብልን ተፈጸመ። ድሕሪ ገለ ዓመታት ከኣ ካብ ግብጺ ናይ ስእሊ ሞዛይክ ኪኢላ ኣምጺኦም ነዚ ልዕሊ መጋረጃ ቤተ መቅደስ ዘሎ ቦታ ኣሳእል (iconostasi) ናይ እኖና ኪዳነ ምሕረትን ትሸዓተ ቅዱሳንን ናይ ኣቡነ ሰላማን ንጉስ ካሌብን ዘለዎ ስእሊ ገበሩሉ። ከምኡ'ውን ብግዚኦም (ብ1976 ዓ/ም/ፈ) ኣርባዕተ ኣብያተ ጸሎታት ኣመራ፡ ማለት ድብረ መድኃኔ ዓለም ገጅረት፡ ደብረ ፍልሰታ ለማርያም፡ ደብረ ጽንሰታ ለማርያም፡ ደብረ በኣታ ለማርያም፡ ናብ ደረጃ ቊምስና ደየባ ።

ብድሕሪኦም ዝተሰመዩ ጳጳስ ብፁዕ ኣቡነ ዘካርያስ ዮሓንስ (1984-2001 ዓ/ም/ፈ) እዮም። ንሶም ምስ መጹ ንሓደ ኣባ ዳማሶ ዝተባህሉ ፍሬር ወዲ ማሕበር ካፑቺኒ ካብ ሚላኖ(ኢጣልያ)ብምዕዳም ከባቢ መንበረ ታቦትን ካልእን ብቅብኣ ስእሊ ከምዝውቅብ ብምግባር ነቲ ዝኾነ ዓይነት ስእሊ ዘይነበሮ ቤ/ክ ፍሉይ መልክዕ ከምዝህልዎ ገበሩ። ቀጺሎም'ውን ቅርዓት ቤ/ክ ጸቢብ ስለዝነበረ ምስ መንግስቲ ብምስምማዕ ነቲ ብመንግስቲ ተወሪሱ ዝነበረ ቤት ት/ቲ ኪ/ምሕረት ኣምሰያኡ ኣብዚ ጥቃ ቤተ መንግሥቲ ዘሎ ዝብሃል መባእታ ቤት ት/ቲ ሞዴል መተካእታ ክፍልታት ብምስራሕ ነቲ ዝነበረ ሕንጻ ቤ/ት ኪዳነ ምሕረት ኣፍሪሶም ንዑደትን ምህለላን ዝምችእ ቅርዓት ገበሩሉ። ነቲ ካንቼሎ ቤ/ክ መካይን ዝሓልፋሉ ዝነበራ ጽርግያ ብምዕጻው'ውን ብሕት ዝበለ ንጸሎት ዝጥዕም ከምዝኸውን ገበሩ። ብድሒኡ ነዚ ሕንጻ መንበረ ጵጵስና ምሕናጽ ተተሓሓዚዎን ኣብ ፍጻሜ ኣብጽሕዎን።

ብድሕሪኦም ዝተሰየሙ ጳጳስ ከኣ እዞም ገና ኣብ ንጡፍ ኣገልግሎት ዝርከቡ ዘለዉ ኣቦና ብፁዕ ሊ/ጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም (2001- ) ነዛ ሕንጻ ቤ/ክ ኪ/ምሕረት ዳርጋ ምስ ካልኣይ ሕንጻ ምሕናጽ ዝወዳደር ወጻእን ጻዕርን ድኻምን ዝሓተተ ናይ ምሕዳስ (ምጽጋን) ስራሕ ሰሪሖም (ኣስሪሖም) ናብዛ ዕለት ጽንብል ወርቃዊ ኢዮቤል ንኽተብዕል ኣብቂዖማ ይርከቡ ኣለዉ፡ ሞጎስ ይግብኦም።

ኣብ ጊዜኦም ከኣ ብ2015 ዓ/ም/ፈ፡ ቤ/ክ ሃገርና ርእሰ ምሕድርት (መጥሮጶሊሳዊት) ቤተክርስትያን ንምኳን በቒዓ።
እዚ ሓፈሻውን ኣገዳስን ድሕረ ባይታ ድሕሪ ርኢና፡ ናብ ቀንዲ ኣርእስትና ክንምለስ።

<u>ቀሞስን ቊምስናን</u>

1. ቊምስና፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰበኻ (ኤጳርቅና) እትርከብ ምእመናን ዝሓቖፈት ብሐደ ቀሞስ እትምራሕ ማሕበር ኣመ ንቲ እያ (ሕገ ቀኖ. ምሥ. 279)።

2. ቀሞስ፦ ቀዳማይ ተሓጋጋዚ ጳጳስ (ኣቡን) ኮይኑ ዝሰርሕ ብፍሉይ ኣገባብ ናይ ሐንቲ ማሕበረ ምእመናን ጓሳ ኪኸውን ዝሸየም ካህን እዩ (ሕ. ቀ. ምሥ. 281)።

ቀሞስ ከም መምህር መጠን ምእመናን ኣብ እምነትን ተስፋን ፍቕርን ጸኒዖም ብክርስቶስ ንኽዓብዩን ንፍቕሪ ክርስቶስ ምእንቲ ኪምስክሩን ቃል ኣምላኽ ዝሰብከሎም ካህን እዩ (ክ.ጉ. 30)። ቀሞስ ከም ክርስቶስ ንምእመናንን ንኣምላኽን ዘራኽብ ድልድል እዩ፡ ኣብ ክንዲ ክርስቶስ መራሒ ኮይኑ ከኣ ብስም መላእ ቤተክርስትያን መስዋዕቲ ዘዕርግ እዩ (ቅ. ጉባኤ 33)።

ኣብዛ ቍምስና እምበኣር እዚ ኩሉ (ልዕሊ 103 ዓመታት ዝወሰደ) ታሪኽ ክፍጸምን እንከሎ ነቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ሓላፍነታት ቀሞስ ለቢሶም ዘገልገሉ ቀሞሳት'ከ ብዓል መን ነበሩ፤ ንዝብል ሕቶ ንምምላስ፡ መዛግብቲ ጥምቀት ናይ'ዛ ቍምስናን ካልእ ታሪኻዊ ጽሑፋትን ተወኪስና ዝረኸብናዮ፡ ሓቅታት እነሆ።

ኣብ ደ/መ/ዓለም ገዛ ከኒሻን፡ ኣብዛ ናይ ሎሚ ደብረ ቅ.ማርያም ዘሮዛርዮም (ናይ ሸዑ ደብረ ቅ.ማርቆስ- ጸዓዱን ሓበሻን በብእብረ ክግልገሉላ እንከለዉ) ዘገልገሉ ካህናት ደቀባት እዞም ዝሰዕቡ ኢዮም።

1. ኣባ ኪዳኑ (ኪዳነ ማርያም) ወልደጊዮርጊስ
2. ኣባ ጅሮም ገብረሙሴ
3. ኣባ ኣረጋዊ ተኽለ

ኣብዛ ሕጂ እንርከበላ ር/ኣድባራት ዘገልገሉ ድማ

1ይ ኣባ ወ/ሚካኤል ወ/ጊዮርጊስ (መሰርሓ)
2ይ ኣባ ያቆብ ገ/ኢየሱስ (ኣቡነ ያቆብ)
3ይ ኣባ ዘሚካኤል ሓደራ ሞሳዝጊ (ኣባ ሓደራ)
4ይ ኣባ ወ/ማርያም ሓመድናካ
5ይ ኣባ ዮሓንስ ክፍለ
6ይ ኣባ ዑ/ሚካኤል ገ/ሕይወት
7ይ ኣባ ካሕሳይ ኣድሓኖም
8ይ ኣባ ሃይለ ዑቕቡ
9ይ ኣባ ኃይለ ጳውሎስ
10ይ ኣባ ፍቕረ ሓጎስ (ኣቡነ ፍቕረማርያም)
11 ኣባ ፍስሃየ ሚካኤል
12 ኣባ ክሰተ ገ/ዮሓንስ

**ለቡ፥** ኣብዚ ዘቕረብናዮ መሰርዕ ቀሞሳት፡ ገለ ዝተረስዑ ክህልዉ ስለ ዝከኣል፡ ንዝህሉ ግድፈታት ይቕሬታ ነሓትት። ብተወሳኺ ከኣ ብዙኃት ከም ሓገዝቲ ቀሞሳት ኮይኖም ዘገልገሉ፡ ንኹሎም ዘጠቓልል ንጹር መወከሲ ብዘይምርካብና፡ ከም ዘይጠቐስናዮም ምስ ይቕሬታ ክንሕብር ንፈቱ።

## ፈለስቲ (እናቴታት) ደቂ ሃገር

ኣብ ሃገርና ዳርጋ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቍምስና ኣሰር ሰናይ ዝኸረን ዝርከብ ደቀባት ፈለስቲ (እናቴታት)፡ ብቶም በዓል ጥዑም ዝኽሪ ኣባል ማሕበር ላዛሪስት ዝኾኑ ኣቡነ ማርቼሎ ቱቬ (1870-1889 ዓ/ም/ፈ) ከም ዝተመስረታ ዝዝንተወለን፡ ኣብ ታሪኽ ካቶሊካዊ ክርስትና ሃገርና ትምህርተ ክርስቶስ ብምምሃርን ቀሞሳት ካህናት ብምልዓልን ዓብይ ኣበርክቶ ዝገበራን ደሓን ዝኾነ ቀጸሪ ዝነበረንን ሞያኤን ብቀሊሉ ዝጥመት ኣይኮነን።

ኣብዛ ቍምስና እውን ከም መምሃራን ት፡ክ ኮይነን ዘገልገላ ሓያሎ ካብዘን ፈለስቲ ነይረን ኢየን። እተን ብዙሓት ደቂ ቍምስና ዘይርስዕወንን ዝጥቀሳን እናቴ ፍትግን እናቴ ለተክርስቶስን እየን። ብድሕሪኤን ዝመጻ ደናግል ድማ፡ ኣባላት ማሕበር ኮምቦንን፡ ማሕበር ሕያዋይ ሣምራውን ኣከታቲለን ኢየን። ካብዚ ሰዒቡ ድማ ናይዘን ደናግል ኣበርክቶን ህላወን ኣብዚ ቍምስና ክቐርብ ኢዩ።

## ኣበርክቶ ማኅበር ደናግል ኮምቦኒ ኣብ ቍምስና ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ

*መእተዊ፥*

"ኵሉ ሳዕ ንኣኻትኩም ክዝክር እንከሎኹ ንኣምላኸይ ኣመስግኖ፥ ኣብ ኵሉ ጸሎተይ ምእንቲ ኵልኹም ብሓጎስ እጽሊ ኣሎኹ" (ፊሊጰ 1፡3-4) ። እንቋዕ ንመበል 50 ዓመት ምህናጽ ቤተክርስትያን ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ ኣብ'ዚ ሎሚ "ርእሰ-ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዘሎ ንምብዓል ኣብቅዓና እንዳበልና ብሕጽር ዝበለ ኣበርክቶ ማኅበር ደናግል

ኮምቦኒ ኣብዚ ቁምስና ነቅርብ።

እዚ ሓጺር መጽናዕታዊ ጽሑፍ ንምዕባል ደቂንስትዮን ስፍሓተ–ወንጌልን ኣብ ቁምስና ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ ኣመልኪቱ፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ኣጀማምራኡን ኣመዓባብላኡን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ምምሃር ኣካዳሚያዊን ትምህርቲ ክርስቶስን፥ ኹሰኾሳ መንእሰያትን፥ ምብጻሕ ሕሙማትን ስደራቤታትን ምርዳእ ጽጉማት ቀልዑን ስድራቤታትን እዚ ማኅበር ደናግል ኮምቦኒ ኣብ ዘበርክትኦ ተራ ዝዓለመ እዩ።

እዚ መጽናዕት'ዚ ትሕዝቲኡ ካብ ምንጪ መዛግብ ማኅበር ደናግል ኮምቦንን፣ ምስ ገለ ኣባላት'ዚ ማኅበርን ኣባላት'ዚ ቁምስናን ካብ ዝተገብረ ቃለመጠይቕ ዝተረኽበ እዩ። ጸሎትን ቡራኼን ኣቦና ቀዱስ ዳንኤል ኮምቦኒ ወትሩ ይርደኣና።

## ምእታው ማኅበር ደናግል ኮምቦኒ ኣብ ኤርትራ

ኣብ ኤርትራ ካብ ዝኣተዋ ካቶሊካውያን ማኅበራት ውፉይ ሕይወት ማኅበር ደናግል ኮምቦኒ ሓደ እዩ። ማኅበር ደናግል ኮምቦኒ ብ19 *ታኅሣሥ* 1914 ዓ. ም. ፈ. ንፈለማ ኤርትራ ንኺኣትዋ ዝሓገዘወን፣ ናይ ኢጣልያውያን ወተሃደራት ኣቦነፍሲ ኮይኖም ካብ 1887 ዓ. ም. ፈ. ኣትሒዞም ኣብ ኤርትራ ዝነበሩ ኮምቦናዊ ኣባ ቦኖሚ ሉዊጂ እዮም። እዚ ማኅበር ኣብ ጥዕናዊ ክንክን ኅብረተሰብን ምስፋሕ–ወንጌልን ምዝርጋሕ ዘመናዊ ትምህርቲ ኤርትራን ዓቢይ ኣበርክቶ ከምዝገበረ ይፍለጥ። ደናግል ኮምቦኒ ብ1958 ዓ. ም. ፈ. ዩኒቨርስቲ ኣሥመራ መሥሪተን፣ ብዙሓት ምሁራን ኤርትራውያን ዜጋታት ከኣ ኣፍሪየን። እዚ ማኅበር ኣብ ምዝርጋሕ ዘመናዊ ትምህርቲ ኤርትራ ዘበርክቶ እጃም ከኣ ዕዙዝ ታሪኽ ሒዙ ይነብር።

## ሓዋያዊ ተልእኮ ማኅበር ደናግል ኮምቦኒ ኣብ ቁምስና ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ

ቀንዲ ዕላማ ናይ ማኅበር ደናግል ኮምቦኒ ኣብ ኩሉ ወገናት ዓለም ብሥራት ወንጌል ምስፋሕ ኾይኑ እዚ ሓዋርያዊ ተልእኮ ከኣ ብትምህርትን ሕክምናን ማሕበራዊ ስራሓትን ወዘተ ተግባራዊ ይከውን። ብ1935 ዓ. ም. ፈ. ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነማርያም ካሣ ጳጳስ ዘበኤርትራ ትምህርቲ ንምዕባለ ደቂንስትዮ ኣብቲ ቁምስና ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ ከፈቱ። ህያባትን ተሳታፍነትን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኅብረተሰብን ቤተክርስትያንን ዝተረድኡ ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነማርያም ነዚ ትምህርትዚ ከካይዳን ከማዕብላን ንደናግል ኮሞቦኒ ዓደምዎን። ንሳተን ከኣ ንዝተገበረለን ዕድመ ብዓቢይ ሓጎስ ተቐቢለን ብ1935 ዓ. ም. ፈ. ብኡንብኡ ስራሐን ጀመራ። በዚ ትምህርቲ ንደቂንስትዮ ኣዚየን ዝተሓጎሳ እናቴ ማልቪና በርታዚን እናቴ ኣንድረላ ማርያን ከኣ ካብ ገዛ ኮምቦኒ መዓልታዊ እንዳተመላለሳ ብዓቢይ ተወፋይነትን ብእናታዊ ሓልዮትን ፍቕርን ሕያውነትን ባዕለን እናመሃራ ንብዙሓት ደቂንስትዮ ብኢደ ጥበብ፡ ቅዲ ኪዳንን ስፌትን ኣሰልጢነን ዕለታዊ ምግበን ከምዝረክባ ገይረን፣ ንክርስትያናዊ እምነተን ድማ የበራትዕኤን ነይረን። (ስእሊ ተመልከት)



እናቴ ማልቪና በርታዚ



እናቴ ኣንድረላ ማርያ

ኣብ ምምዕባል ደቂንስትዮ ቁምስና ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ ብዙሕ ዘበርከታ

ግና ብሰንኪ ካልኣይ ወግእ ዓለም እዚ ትምህርቲ'ዚ ንግዚኡ ጠጠው ድሕሪ ምባል ብ1943 ዓ. ም. ፈ. ደናግል ኮምቦኒ ነዚ ስራሕ ከም ብሓድሽ ብዕቱብ ሒዘን ቀጺለኦ። ኣብ መወዳእታ ዓመት ትምህርቲ ነቲ ኩሉ በብዓይነቱ እተን ተማህሮ ብደናግል ተሓጊዘን ዘፍረያኦ ስርሓውተን ንሕዝቢ ምስ ኣቕረባ፣ ወለድን ኣዝማድን ደቂ ቁምስናን ንስራሔን ርእዮም ብዙሕ ይድነቑን ንደናግል የመስግኑን ከም ዝነበሩ ኣብቲ መዛግበን ተመልኪቱ ኣሎ። ከምኡ'ውን እናቴ ጀማ ዑቅባዝጊን እናቴ ኢዳ ክፍለን ቀዳሞት ደቀባት ደናግል ኮሞቦኒ ካብተን ኣርባዕተ ካብ ገዛ ኮምቦኒ እንዳተመላለሳ ቀዳም-ሰንበት ትምህርቲ ክርስቶስ ኣብ ቁምስና ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ ኣምሂረን። እዚ ምምሃር ትምህርቲ ክርስቶስ ንሕጻናትን መንእሰያትን (ማኅበር ማርያምን ቅዱስ ዮሴፍን) ብዝተፈላለያ ደናግል ኮምቦኒ ንነዊሕ ዓመታት ቀጺሉ። ኣብ ርእሲ'ዚ ደናግል ኮምቦኒ ካብ 1943 ዓ. ም. ፈ. ጀሚረን ንዓመታዊ በዓል ኪዳነ ምሕረት ዓቢይ ምስንዳዋት ይገብራ ነይረን፣ ንሳተን ብዝቀረበኦም ተማሃሮ ኣጸደ ሕጻናት ናይ ገዛ ኮምቦኒ፥

ሳንታ ፋሚልያ፥ ኣኽርያን ኪዳነ ምሕረትን፡ ከም ናይ መላእኽቲ ዝመስል ልብሲ ክዲነን ኣብ ግዜ ዑደት ዓመታዊ በዓል ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ ምእንቲ ክብሪ ቅዱስ ቁርባንን ማርያምን ዕንባባ ከም ዝነጽጉን ዝዕጅቡን ይገብራ ከም ዝነበራ ኣብዚ ታሕቲ ዘሎ ስእሊ መረዳእታ እዩ።



ኣጸደ ሕጻናት ዕንባባ እንዳነጽጉ ኣብ ዑደት ዓመታዊ በዓል ቁምስና ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ

ኣብዚ ከይተጠቀሰ ክሕለፍ ዘይግበኦ ተወሳኺ ኣበርክቶ ማኅበር ደናግል ኮምቦኒ ከአ ንሕንጻ ቤተክርስትያን ኪዳነ ምሕረት ዝኸውን ሓገዝ ገንዘብ ንምርካብ ሽተኽበተኸ የሰናድዋ ነይረን፥ እንደገና እናቴ ጆማ ዑቕባዝጊ ብዘካየድኦ ምንቕቓሕ ብዙሕ ኣቁሑት ንሽተኽበተኸ ዝኸውን ካብ ግዱሳት ተማሃሮ፡ ሕዝቢ፡ ማኅበር ደቂ ማርያም፡ ካብ ገለ ወነንቲ ድኳናትን ማኅበር ደናግል ኮምቦንን ይእክባ ነይረን። እዚ ዓቢይ ህንጻ ቤተክርስትያን ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ ምስ ተፈጸመ ከኣ እናቴ ጆማ ምስ ብጾተ ኣብ ምምሃር ትምህርቲ ክርስቶስ ጥራይ ከይተሓጸራ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ንቀዳማይን ካልኣይን ክፍሊ ኣብቲ ታሕተዋይ ህንጻ ቤተክርስትያን ኣሚሂረን። ነቶም ኣዚዮም ንፉዓት ተማሃሮ ከኣ ከም መተባብዒ ብልጫ ሂበን ጓል እንተኾይና ናብ ቤት ትምህርቲ ኣዋልድ ኮምቦኒ ሎሚ "ቤት ትምህርቲ ላሊምባ" ዚበሃል ዘሎ፥ ወዲ እንተኾይኑ ከኣ ናብ "ኮምቦኒ ኮሌጅ"፣ ሎሚ "ቤት ትምርህቲ ባርካ" ዚበሃል ዘሎ የማሓላልፍኦም ነይረን። እቶም ካልኦት ተማሃሮ ከኣ ክሳብ ሻዱሻይ ክፍሊ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቁምስና ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ ይመሃሩ ነበሩ። ካልእ ከኣ በቲ ሽዑ ግዜ እናቴ ጆማ ዝመስረታኦ ማኅበር ኣደታት ደቂ ንጽሕቲ ድንግል ማርያም ክሳብ ሎሚ ይቕጽል ኣሎ፡ ነዚ ዝተመዘዛ ደናግል ኮምቦኒ በብግዚኡ ምስተን ኣባላት እናተከባ፡ ኣብ በዓላተን ይሳተፋን ብክርስትያናዊ እምነተን የበራትዔኤንን ኣሎዋ።



እናቴ ጆማ ዑቅባዝጊ ምስ መንእሰያት ደቂ ንጽሕቲ ማርያም

## ምክፋት ገዛ ጽርሃጽዮን (Community) ማኅበር ደናግል ኮምቦኒ

### ኣብ ቀጽሪ ቁምስና ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ

ኣብ ኤርትራ ሓለቓ ማኅበር ዝነበራ ማድረ ኣኑንስይታ ካርኒቸሊ ምስ ብፁዕ ኣቡነ ዘካርያስ ዮሓንስ ጳጳስ ዘበኤርትራ ድሕሪ ምዝታይ፣ ሓዋርያዊ ተልእኮኤን ብዝበለጸ ኣገባብ ንክቅጽልኦ ብዝብል ቅዱስ ተበግሦ ብ24 ሰነ 1983 ዓ. ም. ፈ. ደናግል ኮምቦኒ ገዛ ጽርሃጽዮን ኣብ ቀጽሪ ቤተክርስትያን ኪዳነ ምሕረት ከፊተን። ብወግዒ ነዚ ገዛ ጽርሃጽዮን ዝከፈታ ደናግል ከኣ እናቴ ወዳሴማርያም ተስፋዮሓንስ፡ እናቴ ኣመሊያ ካታነዮ፡ እናቴ ጽገሬዳ ተስፋዝጊ፡ እናቴ ሃዋርያት በረኸትኣብ፡ እናቴ ንግስቲ ተስፋሚካኤል ይብሃላ። ቀንዲ ሓዋርያዊ ተልእኮ ናይ ደናግል ኮምቦኒ ኣብዚ ቁምስና ከኣ ኣብ ጽሬትን-ክንክንን ኣልባሳት ቤተክርስትያን ኪዳነ ምሕረትን፥ ከም ተሓጋገዝቲ ቀሞስ ኾይነን ኣብ ምምሃር ትምህርቲ ክርስቶስ ንናእሽቱን መንእሰያትን፡ ሕጻናት ንመባእታ ምሥጢራት ምቕራብን፡ ምብጻሕ ሕሙማትን ስድራቤታትን ምርዳእ ጽጉማት ቀልዑን ስድራቢታትን ዝዓለመ ነይሩ። ብተማሃሮ ዘርኣ-ክህነት ተሓጊዘን ከኣ እዘን ደናግል ፕሮግራም ናይ ጸሎት፥ ትምህርቲ ቅዱስን መጽሓፍ፥ ጉጂለ መዛሙራን፥ መደብ ሱባኤን ይሰርዓ ነበራ። ንኩሉ ፕሮግራማት ዝከታተሉ ወለዲ ሽማግለን ማኅበር ኣዴታትን ኣቑመን ከምዝሰርሕ ድማ ገይረን። እንደገና ብሽተኽበተኸ ኣታዊ ገንዘብ ብምርካብ ንኣልባሳት መእሰያት መዘሙራን ቁምስና ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ ገዚኤን፡ ከምኡ'ውን ከም ኣድላይነቱ ንቁምስና ሓጊዘን። ሕዝብና ኣብ ጽንኩር ኩነታት ኣብ ዝነበረሉ እዋን ከኣ ካብ ቤ/ጽ ኪ.ነ.ዋን ካብ ካልኦት ገበርቲ ሠናይን ብዝረከብኦ ገንዘብ ገይረን ንብዙሓት ጽጉማት ቀልዑን ስድራቤታትን ዓንጊለን። ካልእ እናቴ



እናቴ ውዳሴማሪያም ተስፋዮሓንስ ምስ ሕጻናት ቆልዑት

ወዳሴ ተስፋዮሓንስ ኣብ'ዚ ገዛ ጽርሃጽዮን ተቀሚጠን ንነዊሕ ዓመታት ዘገልገላ ሓፍቲ ጥራይ ዘይኮናስ ኣብ ቁምስና ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ ዕውት ስፍሓት-ወንጌል ዘካየዳ ምዃነን ብዙሓት ኣባላት ቁምስና ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ ይምስክሩ።

ብሓፈሻ ደናግል ኮምቦኒ ኣብ ቁምስና ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ ኣብ ዝነበራሉ እዋናት ኣብ ምምዕባል ደቂንስትዮን፡ ምምሃር ኣካዳምያዊ ትምህርቲን፡ ስፍሓት-ወንጌልን ጉልበተንን ክእለተንን ንዋተንን ኣወፊየን እየን። ብዘይካ እተን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቅሳ ካልኦት ደናግል ኮምቦኒ እውን ከም እናቴ ኣንቸላ ገብረሥላሴ፡ እናቴ ዓንቀጸብርሃን ተስፋልደት፥ እናቴ ብርክቲ ገብረኢየሱስ፡ እናቴ ነመዚያና ቦንን እናቴ ትንሳኤ ሃብተማርያምን ካብ ገዛ ኮምቦኒ እንዳተመላለሳ፣ ከም በዓል እናቴ ሳራ ሚካኤል፥ እናቴ ጽውሃብ ሓጎስ፥



እናቴ ውዳሴማርያምን እናቴ ኣመሊያን ምስ መንእሰያት ቁምስና ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ

እናቴ ኦልጋ ገብረሚካኤል፡ እናቴ ንግስቲ ክብሮም፥ እናቴ ግላዲስ ፕሪመሮ ፓላሽስ፡ እናቴ ተሬዛ ገብረእግዚኣብሔር፥ እናቴ የዜፋ (ኣበባ) ካሕሱ፥ እናቴ ማይራ መና ፕረዝ፡ እናቴ ረጂና ሚካኤል፥ እናቴ ወይነዝጊ በራኺ፥ እናቴ ሊዮኖር ፍሎረስ ኹኖነስ ኦሊቫ፡ እናቴ ንግስቲ ምሕረትኣብ፥ እናቴ ኮስታንዛ ሃይሉ፥ እናቴ ፍረወይኒ ስዩም፡ እናቴ ሳባ ነጋሲ፡ እናቴ ኣለም ሃይለ፡ እናቴ ሊቿያ ኣብርሃ፥ እናቴ ቸገ ጁሊያ ዋንገኪ፥ እናቴ ሓዳስ ክስተ፥ እናቴ ሰሊና ኣንጉዋ፡ እናቴ ማርያ ኣንጀላ ፓጋኒን እናቴ ሳንድራ ረጂና ኣማዶን ድማ ኣብኡ ተቀሚጠን ብዝተፈላለየ መንገዲ ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብን ስፍሓት-ወንጌልን ምብጻሕ ሕሙማትን ስደራቤታትን ምርዳእ ጽጉማት ቆልዑን ስድራቤታትን ኣብ'ዚ ቁምስና ዓቢይ እጃም ዘበርኽታ ኣንት እየን። ድሓር ግና ብዕላማ ቅዱስ ዳንኤል ኮምቦንን ሚስዮናዊ ባህርያት ማኅበረንን ተደሪኸን፡ ማለት ንሓደ ዝተኸልአ ሚስዮን ኣማዕቢልክን ናብ ካልእ ሓድሽ ምኻድ ልማደን ስለዝኮነ፡ ብ6 ነሓሰ 2001 ዓ. ም. ፈ. ማኅበር ደናግል ኮምቦኒ ናይ ቁምስና ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ ሓዋርያዊ ስርሔን፡ ናብ ማኅበር ደናግል ሕያዋይ ሳምራዊ ኣመሓላለፉኦ። ስለዚ ደናግል ኮምቦኒ ካብ 1935-2001 ዓ. ም. ፈ. ኣብ ምምዕባል ደቂ ኣንስትዮን ኣካዳሚያዊ ትምህርቲን ስፍሓት-ወንጌልን ብዓቢይ ተወፋንትን ሓልዮትን ሓላፍነትን ፍቕሪን ኣብ ቁምስና ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ ሠሪሔን። ሎሚ'ውን ከይተረፈ እዚ ማኅበር ከም ኣድለይነት ቤተ ክርስትያን ኤርትራ ብደረጃ ሃገርን ሰበኻን ቁምስናን ሓዋርያዊ ስራሑ ኣብ ምውፋይ ይርከብ። ጸሎት ቅዱስ ኣቦና ዳንኤል ኮምቦንን ኣማልድነት ኣዴና ኪዳነ ምሕረትን ወትሩ ኣይፈለየና። ንትልበትና ከም ንስሪ ኣሕዲሱ ንመንፈሳዊ ሕይወትና ብቅዱስ መንፈሱ ኣበራቢሩ ዓቕምና ብዘፍቀደልና ሰብከተ ወንጌል ዳርጋ ን66 ዓመታት ዝኣክል ኣብዚ ናይ ሎሚ "ርእሰ-ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዘሎ ደብሪ ከነካይድ ዕድል ዝሃበና ልዑል እግዚኣብሔር ምስጋናን ክብርን ይብጽሓዮ።

ኩሉ ኽብሪ ንቅድስቲ ሥላሴ ይኹን!!!

እናቴ ጽገሬዳ የውሃንስ ማኅበር ደናግል ኮምቦኒ ኣሥመራ

# ህላዌ ማኅበር ደናግል ሕያዋይ ሳምራዊ

## ኣብ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት

“ማሕበር ደናግል ሕያዋይ ሳምራዊ ብመንፈሳውነት ኮነ ብማሕበራዊ ኣነባብራ ንኣገልግሎት ድኻታት ኣሕዋት ብመብጽዓ ንጽሕናን ድኽነትን ተኣዝዞን ንኣምላኽ ብዝተውፈያ ኣባላት ዝቖመ ብሰበኻዊ መሰል ዝምራሕ ማሕበር ኢዩ፣” ማኅበር ደናግል ሕያዋይ ሳምራዊ ኣብ ትሕቲ ጽላል እናና ኪዳነ ምሕረት ክልተ ኣባይቲ ሕውነት ኣሎና ንሱ ከኣ፡-

1. <u>ቤት ሕውነት ገዛ ብርሃኑ መእለዩ ዘኽታማትን ጽጉማትን</u>




ክብርቲ እናቴ ጁሰፒና ቱሊኖ መስራቲት ማሕበር ደናግል ሕያዋይ ሳምራዊ ገና ኣባል ሚስዮናውያን ማሕበር ኮምቦኒ እንከለዋ “እግዚኣብሔር ብዘስተንፈሰለን ሕሹኽታ ምልክት ግዜ ብንባብ ነቶም ዝደኸዩ ድኻታት ንምግልጋል ዝተበገሰ ኢዩ፣ ታሪኽ ከም ዝምስክሮ ኣብ ኣብ 70ታት መንጐ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝነበረ ውግእን ሳዕቤናቱን፦ደርቂ ጥምየት። ሰደት ዘሰዓቦ ስድራቤታዊ ምብትታን ብዝተፈላለየ መኽንያት ካብ ዝድራቤተን ዝወጻ መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ። ፍቕሪ ወለዶም ዝሰኣኑ ህጻናትን ዘኽታማትን ተናበይቲ ጕደናን ንምሕጋዝ ኣብ ጕድኖም ብምኻን ናይቲ ግዜቲ ሕቶ ንምምላስ ሕይወተን ንምውፋይ ወሰና፣” ኣብ መጀመርያ 80ታት ዓ.ፈ ኣብ ገዛ ብርሃኑ ኣብ መንጐ ድኻታት ንምንባር ገዛ ተኻርየን ክነብራ ጀሚረን፣ ብፍቓድን ሰናይ ድላይን ደገፍን ምትብባዕን ጳጳስ ሰበኻ ኣስመራ ዝነበሩ ብጹእ ኣቡነ ዘካርያስ ዮሓንስ ብ16 ነሓሰ 1989 ዓ.ፈ ደናግል ሕያዋይ ሳምራዊ ተመስሪቱ፣

ኣብ ገዛ ብርሃኑ ሰለስተ ደናግልን ሸውዓተ ዘኽታማት ሕጻናትን መንእሰያትን ኣለዉ ከም ዓላማና ኣብ ከባቢና ዘለዉ ኣረጋውያንን ሕሙማትን ንበጽሕን ንኣልን ነጸናንዕን፣ ኣብ ኣገልግሎት ድኻታት ቀዳምነት እንህቦ፡- “ ነቶም ዝደኸዩ ድኻታት። ዝተፈላለየ ጸገም ዘለዎም(ማቴ10።42, 25:31-ፍ, ሉቃ 4:18-19) ካብ ሕብረተሰብ ዝተነጸሉ ናይ ግዜና ርሱዓት። ሕሙማት። እሱራት። ኣላዩ ዘይብሎም ዘኽታማትን ኣረጋውያንን ምሕብሓብን ምፍቃርን ኢዩ፣”



## 2. ቤት ሕውነት ኪዳነ ምሕረት ኣገልግሎት ቁምስና

ሚስዮናውያን ማሕበር ደናግል ኮምቦኒ ኣብ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ዝሃበኦ ናይ ነዊሕ ዓመታት ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ኣብ መስከረም 2001 ዓ. ፈ ብናይ ማሕበረን መደብ ስለዝወጻ ነቲ ንሰን ዘወፍያኦ ዝነበራ ኣገልግሎት ብሰናይ ፍቓድ ናይቲ ግዜቲ ጳጳስ ሰበኻ ኣስመራ ዝነበሩ ብጹእ ኣቡነ ዘካርያስ ዮሓንስ ነቲ ብማሕበር ደናግል ኮምቦኒ ዝኻየድ ዝነበረ ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ንምቕጻል ብወግዒ ተረኪብናዮ፣

ከም ዓላማን መንፈስን ተልእኮን ማሕበር ደናግል ሕያዋይ

ሳምራዊ “ ነቲ ኢየሱስ ኣብ መስቀል ተሰቒሉ እንከሎ “ጸማእኩ” (ዮሓ 19:28) ብምባል ዝገለጾ ጽምኢ ነፍሳት ምኽሪ ቃል ወንጌል ብተግባር ብምንባር። ነተን ጽምኢ ኢየሱስ ዘለወን ነፍሳት ንምርዋይ ኣብ ዝግበር ኣገልግሎት ኣብ ቁምስናታት ። ንምእመናን ዓበይቲ ይኹኑ ናእሽቱ ክኹስኩሳ። ንሓድነት ክርስትያን ከነቃቕሓ። ንመነባብሮ ደቂ ኣንስትዮ ስድራቤታትን ከማዕብላ። ሰብኣውን መንፈሳውን ማሕበራውን መዕበያ ሕጻናትን ቆልዑትን ከደልድላ። መጻኢ ወለዶ ክርስትና ዝህነጸሉ መሰረት ምንጻፍ ኢዩ( ኤፌ 4: 11-12)፣”

ኣብዚ ካብ 2001 ዓ.ፈ ጀሚርና እንህቦ ዘሎና ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ከም ቁምስና ኣዝዩ ሰፊሕን ጽዑቕ ተወፋይነት ዝሓትትን ተልእኾ ኢዩ፣ ኣብ ትሕቲ ጽላል እኖና ኪዳነ ምሕረት ኮንና ኣብዚ ዝተወፈናሉ ናይ ፍቅርን ምሕረትን ኣገልግሎት ቤተክርስትያን ብሕጽር ዝበለ ደናግል ምስ ቀሞሰን ምእመናንን ኮይንና እዚ ዝስዕብ ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ነካይድ።-

1. ምስ ቀሞስ ንሕሙማንን ኣረጋውያንን ቅዱስ ቁርባን ምብጻሕ
2. ንዝሓዘኑ ምጽንናዕ
3. ንድኻታት ምሕጋዝን ምብጻሕ ሕሙማትን። ዕርቂ ኣብ ዝተብኣሱ ስድራቤታት
4. ምምሃር ትምህርተ ክርስቶስ ካብ ህጻናት ክሳብ መንእሰያት በብደረጃኦም
5. ምምራሕ ጸሎትን ትምህርተ ክርስቶስን ኣብ ኣባይቲ ምእመናን
6. ምብጻሕ መንፈሳውያን ማሕበራት ምእመናን
7. ጽሬት መንበረ ታቦት። ምሕጻብ ኣልባሳትን ምንጻፋትን ምሽላም ዕንባባታትን
8. ኣባል ኣብ ቤትምኽሪ ቁምስና ምእመናንን መንእሰያትን
9. ቃል ኪዳን ንዘይኣሰሩ ስድራቤታት ንቓልኪዳን ምቕራብ
10. ምብጻሕ እሱራት

ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ቤት ሕውነት ኪዳነ ምሕረት ኣብ ርእሲ'ቲ ናይ ማሕበር ዝሃበተን መዝነትን ተልእኾን ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኣገልግሎት ዝተወፈያ ሽዱሽተ ደናግል ኣለዋ፣

ኦ ርሕርሕቲ ኪዳነ ምሕረት ኣዴና ወትሩ ጽላልናን ዑቕባናን ኢኺ'ሞ ብዘውሃብክና ጸጋታት ኩሉ ነመስግነኪ ኣብ ሃገርናን መላእ ዓለምን ነባሪ ሰላም ካብ ወድኺ ከተማልድልና ንምሕጸነኪ፣

“ስለቲ ክንገር ዘይከኣል ውህበቱ ንኣምላኽ ስብሓት ይኹኖ፣
(2ቆሮ 9።15)
ማሕበር ደናግል ሕያዋይ ሳምራዊ

ኣባ ኃይለ ጳውሎስ
ር/ኤጳርቅና ኣሥመራ



## ማርያማዊ ክርስትያን ሙኚን

ኣብ ኩሉ ግዑዘና ተሰንየና
እንተ ደኸምና ኮነ እንተሓመምና
ከየቋረጸት ትጽሊ ምእንታና
ዘይትደክም'ወ ጥዕምቲ ኣደ ኣላትና

ማርያም ጥዕምቲ
ኣደ ኩሉ ሕዝቢ
መበል ሓምሳ ዓመትኪ ነኽብረልኪ
ወርቃዊ ኢዮቤልኪ ኢልና ድማ እነህልና ንዕልለልኪ

ንእስነትና ቀቢርና ንክርስቶስ እንክንመስል
ሓይሊ ምድሪ'ዶ በርቲዑና ምስልና ክንድምሰስ
ብድድ እንተበልና ምስልና እንክንመልስ
ትሕትና'ዩ ክርስትና፣ምስልና ኣየገድስ

ክርስትያን(2) ንሙኚን፣ምስልና ደምሲስና
ምድምሳስ ምስልና ክርስትያውነትና ቀቢርና

ነውጺ ኮይኑ፣ፍኹሰት ቃላት ዘምጽእ
" ንትሕትና ብ ግዝኣት እንክቀብርዎ
ንሰቕታ ብ ድኽመት እንክገልጽዎ
ንሕይወት ብ ክፍኣት ከማእዝንዎ "
እናሰማዕካ ስቕ ምባል ድዩ፣ትሕትና ኢሎሞ?

ቤተክርስትያን ምህናጽ ናይ እምነት እዩ
ቤተክርስትያን ምሕዳስ ናይ ተሰፋ እዩ
ገሊኦም ግን ይሓምዩ
ሰብ ጠምዩ ከሎ ትብሉና ኣዋጽኡ
ስለዚ ኣጆና ኣይብነን እምነትና
ንተሓደስ ኢና ከይጽንቀቕ ተሰፋና

"ኣይትሓዘልና (2) ፈጣሪና
መዓስ'ሞ ክርስትያናዊ ሕይወት ለቢስና "

ንጉስ ዳዊት ክሳብ ክርስቶስ ዘፍረየ
ኣገልጋሊ ሙሴ ክሳብ ብፍቕሪ ሕዝቡ ዝዳነየ
ብጹዕ ኣቡነ ኣብርሃ ክሳብ ሕይወቶም ዘይበቀቁ
ብጹዕ ኣቡነ ዘካርያስ ክሳብ እምነቶም ዘትረሩ
ብጹዕ ኣቡነ መንግስትኣብ ክሳብ ክብርታትና ዝዓቀቡ
እስከ ንጸልየሎም መታን ቤትና ከገልግሉ(2)

መንእሞ(2) ኣሎ ቅድስና ዘይደልያ
ንሰርሓላ ግዳ ንውሕድ ኣለና
ድንቁርናና ንሰብ ዘጸየነ
ኣዴና ኣፋንያትና ጽይኖትና ከተጥፍእ
ትምህርቲ ጸኒሓትና ምንባርና ከተመቅር
ዝመሃረትና'ስ ካን'ዶ ኣሰቒጥና
ብኣውራጃ ብሔር ከማን ዘይፈላለየትና
ዝገደደ ከኣ ብርሃንኪ እንዳ ጠፍአ ነሰቕጥ ዘለና
ስለዚ ኣምላኽና ባዕሉ መዋጽኦ ይፍጠረልና

ልሳናትና ኣህጉር እንክሰግራ
ግብሪ ግና መረበት ኣይሓልፋን
ፈሪሳውያንን ዕቡይ ፍልሰፍንኦምን
ንክርስቶስ ብዓቢኡ ከማን ነይነሓፍዎን
ቅላጸ ቃላት ልቢ ሰብ እንበር ንእዝጊ'ዶ የረስርስኦ

ሽግርና ሓሊፉ'ዩ
ሽግር ናይ ዝመጽእ'ውን ክሓልፍ'ዩ
ናይ ኣምላኽ ይጥዕም፣ናይ ሰብ ይትረፍ
እዚ'ዩ ንዕላማና ኣጽኒዑ ዘትርፍ

በሉ እስከ ንማርያም ከምዚ ንበላ
ቤተክርስትያንኪ ሓዲስኪ፣ንዓና'ውን ሓድሲ ኢኺ
መታን ነቒሕና ክንመጽእ ናብ ሕቆፎኺ
ይሕሸና ክንነብር ምሳኺ
መንፈስ ሰላም'ዩ ዝመልኦ ደምበኺ
ሓቅን ፍቕርን ድማ ኣሎ ምሳኺ
ስለዚ ካባኺ ከይንፍለ ሰደዲ ጸጋኺ

ቤትና ማዕሪጋ ኣቡነ መንግስትኣብ ሓቁፉ
ንከንቱ ኣይኮነን ምጽጋን ቤትና
ንበጻሕቲ ኣይኮነን ኣስከሬን ብጹዕ ኣቡነ ኣብርሃ ምቅማጥና
ውስጠዘ ኣለዎ፣ህቦብላ ዘይብቁጾ ታሪኽና
እዋ ክርስትያን ንሙኚን ምስ ማርያም ንቃለስ ኣጆና(2)

ብኪብሮም ኣብርሃም
ተመሃራይ ዘርኣ-ክህነት

# “ሰላም ወሰናይ ንኹሉ”

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ፡
ኣምልኾ ንስግደትን ንቕዱስ ስሉስ፡
ክብሪ ንማርያም ኣደ ሰማያዊ ንጉስ፡
ንጽሕናኣ ዝተሓለወ ብመንፈስ ቅዱስ።

እንቋዕ ኣብጽሓና ናብዚ ክቡር ዕለት፡
ቅዱስ በዓል ናይ ኣዴና ኪዳነ-ምሕረት፡
መድኃኔዓለም ክርስቶስ ዝወለደት፡
ጾርካ እተቐልል ረዚን ክብደት።

ኵልናተኣኪ ብናሰብኣይ ሰበይቲ ቈልዓ፡
ኣብዚ ናይ ኣዴና ኪዳነ-ምሕረት መርዓ፡
መስዋዕቲ ቅዳሴና ብተመስጦ ተሰሚዓ፡
ዑደትና ስሉም ግርማ መስርዓ ፡
ይግበረልና በሉ ርሑስ ጾመ-ኣርብዓ።

እግዚኣብሔር ጐይታ ኵሉ ፍጥረት፡
ንኣዳምን ሔዋንን ኣስፈረ’ብገነት፡
ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ነበረት፡
ካብኣ ኣይትብልዑ በሎም ምስፈረት።

ሔዋን ተመን ኣስሒቱዋ ካብኣ በልዐት፡
ንኣዳም’ውን ኣብልዓቶ እናጸወዐት፡
ስሒታ ኣስሓተቶ ከምዛዘይሰምዐት፡
ልቢ ወዲ ሰብ ካብኣ ኣትሒዛ ዘይቀርዐት።

እግዚኣብሔር ኣድመጸምስ በልዑ፡
ኣዳም ኣዳም በለ ስሙ ጸዊዑ፡
ኣዳም ግን ዕራቑ ፈለጠሸዑ፡
ካብ ገነት ተሰጐ ብርሃጾም ክበልዑ።

ኣምላኽ ከውጽኦም ከሎ ንግዳም፡
ተስፋ ሂቡዎ ነበረ ነቦና ኣዳም፡
ክብርሃሉም ኺኑ ነቲ ጸላም፡
ኪዳነ-ምሕረት ምኺና ተስፋ ሰላም።

ገዛ ኣይህነጽን ብዘይመሰረት፡
መንደቕ ኣይድልድልን ብዘይኵረት፡
ክንቱ ኢዩ እምነት ዘይብሉ ክብረት፡
ንኽንበጽሕና ብጐይታ ኵሉ ፍጥረት፡
መሳልልና ኢያ ኣዴና ኪዳነ-ምሕረት።

ልብና ኣተለበቐል እንተጾረት፡
ኣይንተሓባባእደ ኣብ ሕፍረት፡
ሓዲገልካ’የ ሕደገለይ ንበል ብምሕረት፡
ሸዑ እዩ ዝስተማቐር ናይ ሰላም መቐረት።

ኣምላኽ ከጸብቐልና ንመጻኢ፡
ቂምታ በቐልን ሕይወትና ጐዳኢ፡
ካባና ኣርሒቕና ንምኽንያት ንጽልኢ፡
ንፋቐር ደኣ ገጽ ኣምላኽ ክንርኢ።

እዋን ስሓሊፋ ኢያ እታ ዝመረረት፡
ብጽል እንውግ እንኣሽሓት ዝሰወረት፡
16 ግንቦት ዕለተ ኪዳነ-ምሕረት፡
ቅድስቲ መዓልቲ ኢያ ሰላም ዘበሰረት።

ኣዴና ኪዳነ-ምሕረት ዘይብላ ኣበሳ፡
ኣብ ወርቃዊ ኢዮቤል ሕንጻኣ ሓዲሳ፡
መጀመርያ ኵሊል ኣቡነ ኪዳነ-ማርያም ካሳ፡
ኣቡነ ኣብርሃ ፍራንስዋ ቀዳማይ ጳጳሳ።

ኣስካሬኖም ናብ ደብራ መሊሳ፡
ቅድስናኦም ትጽበ ካብ መቕደሳ፡
ጳጳሳት ተፍሪ ኣላማ ሕጸነ ከርሳ፡
ተመስገን ንበል ንዑ ንወድሳ።

ኪዳነ-ምሕረት ዘይብላ ኣበሳ፡
ሕጂ’ውን ኣለዉዋ ጽኑ ዕጓሳ፡
ጸሎት ንግበር ን ነ°ሊቀጳጳሳ፡
ንመንበረ ጳጳስና ጽኑዕ ምርኮሳ፡
ንኽብጽሑና ኣብቲ ዘላቶ ንሳ።

ኣብ ወርቃዊ ኢዮቤል በዓል ሓሙሳ፡
ብዕልልታ ንኣምላኽ ንምልስሞሳ፡
ምስጋና ይብጽሓዮ ነዛ ደብርና ዘሐደሳ፡
ንኪዳነ-ምሕረት ኣዴና ብልቢ ንወድሳ።

ኣብ ኣልማዛዊ ኢዮቤል ክተብጽሓና ንወከሳ፡
ብደስታን ፍስሓን ድርብ ጸጋ ክንሓፍሳ፡
ዕልልታ ኽንኣበርኻ ኣዴታት ፍጹም ተሓጐሳ፡
ግርማኣከ ተልብሰና ክትከድነና ባርኖሳ።

እምበኣር ብሓባር ዝዓበና ዝንኣስና
ምስኩሎም ዘርኣክህነት ደቅና፡
ምእመናንና ካህናትና ደናግልና፡
ቡራኬ ተቐቢልና ናይ ነዖሊቀጳጳስና።

ባዕላት ሓልወና ኪዳነ-ምሕረት ኣዴና፡
ንዝሓለፉ መንግስተ-ሰማያት የዋርሰልና፡
ንዓመታ እዛ እዋን ብደሓን ይምለሰና፡
ንኺድ ንዑናይ ሰላም ወሰናይ እናበልና።

**ኣቶ ወልዱ ኣድሓኖም ዓ.ፍ.ማ.**





# 4 መለለዩ ጠባያት

## ንጡፍ ካቶሊካዊ

እቶም ንእምነቶም ከበርትዑ ዝጽዕሩ፣ ትውክልቶም ኣብ ኣምላኽ ዝኾነ ኣመንቲ ነዚ ነቢይ ኢሳይያስ ዝበሎ ሓቂ ብሕይወቶም ይምስክሩ፣ "… ሓይሎም ይሕደስ…ከም ንስሪ በኽናፍ ይድይቡ፡ ይጎዩ እሞ ኣይሕለሉን፡ ይኸዱ እሞ ኣይደኽሙን"(ት.ኢሳ40:31)። ቤተክርስትያን ወትሩ ግዜ ሕዳሴ የድልያ እዩ፣ ክንዮ ደጋዊ ጽባቑኣ ድማ ውሽጣዊ መንፈሳዊ ጥዕና ናይ ኣመንቲ ዝለዓለ ኣገዳስነት ኣለዎ። ኣብዛ ሓጻር ጽሕፍቲ፣ ብካቶሊካውያን ኣብ ካቶሊካውያን ቁምስናታት መጽናዕቲ ብምግባር፣ እቶም ብኡነተኛ መንገዲ ንካቶሊካዊ እምነቶም ዝነብርዎ፣ ነዘን ኣርባዕተ ባህርያት ከምዘንጸባርቑ ኣረጋጊጾም።

1. ጸሎት፦ ኣብ መንፈሳውነትና ጥዑያት ምስ እንህሉ፡ ዘሸግረና ብዙሕ የለን። ኣብዞም ሰባት እምበኣር ስሩዕ ናይ ጸሎት ሕይወት ኢና ንረክብ። ስሩዕ ጸሎት፣ ዝተወሰነ ግዜን ቦታን ፈልዮም ዝገብርዎ እዩ፣ ኣብ መዓልታዊ ሕይወቶም ከኣ ከም ቀዳምነት ይሰርዕዎ። ሓደ ዝዓበየ መንገዲ ንሕማቕ ልማዳት ንምሽናፍ ብጽቡቕ ልማድ ምትካእ ኣገዳሲ ብምኳኑ፣ ልዕሊ ናይ ቦታን ሰዓትን ስርዑነቶም ግን ንጸሎት ምስ ሕይወቶም የወሃህድዎ። ክጽልዩ ኮፍ ክብሉ እንከው ነቲ ኣብ ቅድሚኦም ዘሎ ጥራይ ኣይኮኑን ዝርእዩ፣ ቅዱስ መጽሓፍ ብምንባብ፡ ወይ ንግሆ ዝጽለ ጸሎታት ናይ ቤተክርስትያን (መዝሙር ዳዊት ክኸውን ይኽእል) ከምኡውን ካብ ዝተፈላለየ መንፈሳዊ ሃነጽቲ መጻሕፍቲ ወዘተ።

ኣምላኽ ኣብ ጽሞና እዩ ዝዛረበና፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ናይ ጽሞና ኣቲና ኢና ከኣ መንፈሳዊ ዕብየትና ዝዓቢ። እዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ካቶሊካውያን እምበኣር ናይ ጸሎት ሕይወት ክህልወካ፡ ካብ ዘይብልካ ምኳን ዝበለጸ ምኳኑ ይርድኡ። ሓጎሶምን ኣብ ሕይወት ዝረኽብዎ ዓወቶምን እውን ካብቲ ምስ ኣምላኽ ዝገብርዎ ጉዕዞ ዝምንጩ ምኳኑ ይግንዘቡ። ጸሎት ዘይምግባር እምበኣር ሓደ ካብቶም ዝዓበዩ ስቓያት ናይ ዘመንና እዩ። ካቶሊካዊ እንተድኣ ኮይንካ እቲ ቀዳማይ ከተስተኻኽሎ ዘሎካ ናይ ጸሎት ሕይወትካ ምስራዕ'ዩ።

2. መጽናዕቲ፦ ክርስቶስ፡ ንኹሉ ዝረኸቦ ሰብ ሕይወቱ፡ ኣመላኻኽታኡ፡ ኣካይድኡ እዩ ዝቕይሮ። ሕይወት ከኣ ነቶም ንዓኻ ዝበለጸ ሰብ ንኽትከውን ዝሕግዙ ምርጫታት "እወ" ምባል፣ ነቶም ዘይጠቕሙኻ ከኣ "ኣይፋል" ምባል'ያ። ሕይወት ብዘይ "ሓቂ" ትርጉምን ሓጉስን ዘይብላ እያ እትኸውን። ክልሰ-ሓሳብ ናይ ተዛማድነት (Relativism) "መለኮታዊ ሓቂ" (Divine Truth) ወይ ከኣ "ፍጹም ሓቂ (Absolute Truth)" ዘይቅበል እዩ። ሰባት ንሕቶታቶም መልሲ ክረኽቡ ግቡኦም እዩ፣ ብፍላይ ከኣ ንእምነቶም ዝርኢ። እዞም ከምዚኦም ዝበሉ ካቶሊካውያን እምበኣር፡ ዕድመኣም ምሉእ ገዛእ ርእሶም ብዛዕባ እምነቶም ኣብ ምምሃር እዮም ዘሕልፍዎ። ብገምጋም ኣብ መዓልቲ ርብዒ ሰዓት ብዛዕባ እምነቶም ክፈልጡ ይጽዕሩ። ንገዛእ ርእሶም ከም ተማሃሮ ናይ ክርስቶስን ቤተክርስትያንን ይቖጽሩ። ነቲ ዝተቐበልዎ ትምህርቲ፡ ንሕይወቶም ክመርሕን ክቐርጽን የፍቅዱ። ኣብ መዓልቲ ሓሙሽተ ገጽ ካብ ብሉጻት ካቶሊካውያን መጻሕፍቲ ከተንብብ እንተ ጀሚርካ፣ ኣብ ዓመት ብድምር 1,825 ገጻት ይኸውን፣ ኣብ ዓሰርተ ዓመት ከኣ 18,250 ገጻት፣ ኣብ ዕስራ ዓመት ከኣ 45,625 ይኸውን። እዚ ድማ ብገምጋም 228 ከባቢ ክልተ ሚእቲ ዝኸውን ገጻት ዝሓዘ መጻሕፍቲ ይኸውን። ንሓደ ሰብ 228 መጻሕፍቲ ኣንብብ ክትብሎ ኣዝዩ ብዙሕ እዩ፣ እንተኾነ ግን ሓሙሽተ ገጽ ንመዓልቲ እናገበርካ ምስኣም ኣብ ሕይወትካ ዓቢ ለውጢ እዩ ዝገብር። ሕይወትካ ካብ ዓመት ናብ ዓመት ብዙሕ ምምሕያሽ ኢያ ትገብር። ኣብ ዓመት፡ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ቁምስና ካብ ብሉጻት ካቶሊካውያን መጻሕፍቲ ንመዓልቲ ሓሙሽተ ገጽ ምንባብ እንተዝጀምር፡ ኣብ ሕይወት እታ ቁምስና ብዙሕ ለውጢ ምመጸ፣ ብፍላይ ኣብ ርድኢት ናይ እምነት ዝምልከት።

3. ልግሲ፦ ሕጉሳት ሰባት፡ እቶም ለጋሳት እዮም። ኣምላኽ ለጋስ እዩ፣ ከመይ ነቲ ዘፍቅሮ ወዱ ንድሕነትና ኢሉ ብፍቕሪ ስለዝለገሰልና። ልግሲ ኣንጉዕ ክርስትና እዩ፡ ብምስጋና ከኣ እዩ ዝጅምር። እዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ካቶሊካውያን ናይ ምስጋና ሕይወት እዮም ዝነብሩ። ሕይወቶም ከምዝተባረኸ እዩ ዝርድኦም። ዓለም ናብቲ ዘይብልና ንከነድህብ እያ ትገብረና፣ ኣምላኽ ግን ናብቲ ዘሎና ከምንጥምት ይገብረና። ንልግሲ ብመንጽር ቤተክርስትያን ክንርእዮ እንከሎና፡ ብግዜ፡ ክእለትና (ተውህቦና) ክንዕቅኖ ንኽእል። እዞም ሰባት ብግዜኦም ኮነ ገንዘቦም፡ ኮታ በቲ ዘውንንዎ ዘበለ ኩሉ ለጋሳት እዮም። እዚ ዓይነት ኣካይዳ ድማ ኣብ ኩሉ ሕይወቶም እዩ ዝጸልዎም። ምትብባዖም ክህቡ እውን ከይተረፈ ለጋሳት እዮም።

ካብታ ዝሓለፈት ዓመት ንቤተክርስትያን እትህቦ ዝነበርካ ልግሲ፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመት ብ1% ክትውስኽ ከም ዕላማ ሓዞ። ዓመታዊ ብ1% እናወሰኽካ ክትከይድ እንከሎኻ ኣብ ዓሰርተ ዓመት 10% ይበጽሕ። እንተተኻኢሉ'ውን ክሳብ ዓቕምኻ ዝፈቕዶ ክትቅጽል ትኽእል። ስለዚ ለጋሳት ክንከውን ንወስን።

4. ስብከተ ወንጌል፦ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓለም ሰባት ከመይ ጌርካ ትነብር ደኣ እምበር እቲ ዝበለጸ ሕይወት ከመይ ጌርካ ትነብሮ ኣይግደሱን እዮም። ክርስቶስ እቲ ዝበለጸ መንገዲ ንክንነብር ይምህረና፣ "ንኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻ ብምሉእ ሓይልኻ ብምሉእ ኣእምሮኻ ኣፍቅሮ፣ ንብጻይካ እውን ከም ነፍስኻ ኣፍቅሮ" (ማቴ. 26:37-39)። ኣምላኽ ብፍቕሩን ብጥበቡን ጌሩ ናብኡ ክስሕበካ ኢዩ ዝመርጽ። ንፍቕሩን ጥበቡን ከነበስር ድማ እዩ ና

ብ ዓለም ዝልእከና። ደቂ ሰባት ብሰለስተ መንገዲ እዮም ዝሰሓ
ቡ፣ ብሓቂ፡ ብጽባቐ፡ ብሕያውነት። እዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ
ካቶሊካውያን እምበኣር ኣብ ሕይወቶም ለውጢ ብክርስቶስ (ሓ
ዲሽ ሕይወት ብክርስቶስ) ዘስተማቐሩ እዮም። እቲ ዝበለጸ፡ ወን
ጌል ናብ ካልኦት ንኽበጽሕ ዝገብሩሉ መንገዲ ድማ ምሕዝነት
(Friendship) ምምስራት እዩ። እዞም ካቶሊካውያን፣ ካቶሊካ
ውያን ምዃኖም ኣዝዩ እዩ ዘሐጉሶም፣ ካብቲ ጣዕምን ሃብትን ና
ይዚ እምነት ከኣ ንኸካፍሉ ኣይሓፍሩን ኣይፈርሑን እውን ኢ
ዮም። ገለ ገለ ካብቲ መንገድታት ናይ ስብከተ ወንጌል፦ ዘንበ
ብካዮ ሓገዝቲ መጻሕፍቲ ንኻልኦት ምክፋል፡ ንሰባት ናብ ካቶ
ሊካዊ መደባት ምዕዳም፡ ኣብ ዕላላት መንፈሳዊ ኣርእስታት ምል
ዓል፡ ናይ ቤተክርስትያን ትምህርታት ብዝግባእ ብምጽናዕ ንቃል
ሓቂ ብትኽክለኛ መንገዲ ምምሃር፡ ንፍቕሪ ኣምላኽ ብምሕዝነት
ካን ኣካይዳኻን ምምስካር ኢዮም። ኣገዳስነት ስብከተ-ወንጌል እ
ምበኣር ልክዕ ከምቲ ሰብ ብዘይ እስትንፋስ ክነብር ዘይኽእል እ
ዩ። ስለዚ ንቤተክርስትያን ውሽጥና ብምሕዳስ ኢና ኣብዚ ቁናን
ን ጠዋይን ወለዶ ከምተብርህ እንገብራ።



መወከሲ፡ Four Signs of a Dynamic Catholic

ብሜሮን ዓንደማርያም



## መስርሕ ጽገና ርእሰ ኣድባራት ቤተ ክርስትያን ኪዳነ ምሕረት ኣስመራ

እዚ ሎሚ መበል 50 ዓመት ወርቃዊ ኢዮቤል ነብዕለሉ ዘሎና ሕንጻ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት፡ ን ድሕሪት ምልስ ምስ እንብል እቲ ናይ ምህናጽ መስርሕ ኣብ 1964 ጀሚሩ ኣብ ለካቲት 1969 ከም ዝተዛዘመ ሰነዳት ታሪኽ እዚ ቤተክርስትያን ይሕብሩ። እዚ ሕንጻ ናይ ቤተክርስትያን ኣብ ዝሓለፉ ሓምሳ ዓመታት ዝኾነ ናይ ምሕዳስ ኮነ ጽገና ከይተገብረሉ እዩ ጸኒሑ። ከም ዉጽኢቱ ድማ ሕንጻ ቤተክርስትያን ሓፈሻዊ ናይ እርጋን ምልክታት ከርኢ ምጽንሑ ኩሉ  ዝተገንዘቦ  ተርእዮ እዩ።ስለዚ ነዚ እርጋን ን ምፍዋስን ንጽምብል መበል 50 ዓመት ወርቃዊ ኢዮቤል ተሓዲሳን ወቂባን መታን ክትቀርብ ኣብ ሚያዝያ 2014 ስርሓት ምሕዳስ ብ ወግዒ ጀሚሩ።

እቲ ናይ ሕደሳ ስራሕ፡ ን ከም ግዳማዊ መናድቕ ኣጽሪኻ ሕብሪ ምልካይ (ልሰና) ፡ ኣብ እንዳ ደወል ብ ኣርባዕቲኡ መኣዝናት ሰዓት ምስቃል፡ ምስ ሰዓት ዝድወል 5 በብዓይነቱ ክብደት ዘለዎም ደወላት ምስቃልን ነቲ ዘሎ ዝኣረገ ናሕሲ ብምልቃቕ ብ ሓድሽ ምትካእ ዝኣመሰሉ ኣርባዕተ ዓይነት መደብ ስራሕ ዝሓዘለ እዩ ነይሩ። ስለዚ ብ ማእከልነት ቤት ጽሕፈት ኤጳርቅና ዘ ኣስመራ ነዚ ዕማም ንምስልሳል ሓንቲ 14 ዝኣባላታ ኮሚቴ ምሕዳስ ሕንጻ ርእሰ ኣድባራት ቤተ ክርስትያን ኪዳነ ምሕረት ከም እትቐዉም ተገይሩ። እዛ ዓባይ ኮሚቴ ኣብ ትሕቲኣ ከም ክፍሊ ቴክኒክ፡ ክፍሊ ሕሳብን ጎስጓስ ዝኣመስላ ንኡሳን ኮሚቴታት ብምቛምንን ናይ ስራሕ ክፍፍል ብምግባርን እቲ ስራሕ ከም ዝጅመር ተገይሩ። ዓባይ ኮሚቴን ምስኣ ዝዓያ ንኡሳን ኮሚቴታትን ብዝገበርኦ ዘይሕለል ጻዕሪን ኣብ ምዕዋት እዚ ስራሕ ዝተጻወትኦ ተራን ዘርኣይኦ ተወፋይነት ዓብን ዝምጎስን ከም ዝኾነ በዚ ኣጋጣሚ ክንገልጽ ንፈቱ።

እዛ ኮሚቴ ምሕዳስ ሕንጻ ርእሰ ኣድባራት ቤተ ክርስትያን ኪዳነ ምሕረት ኣብ መጀመርታ ንቀሞስ ርእሰ ኣድባራት  ኣባ ፍስሃየ ሚካኤል ከም ኣቦ ወንበር ፡ ንወይዘሪት ዮርዳኖስ ሚካኤል ከም ጸሓፊት፡ ንኣቶ ግርማኣለም ተኪኤ ድማ ከም ኦዲተር ብምምዛዝ ተበጊሳ። እንተኾነ ግን ኣቦ ወንበር ድሕሪ ናይ ሒደት ኣዋርሕ ጉዑዞ  ብስራሕ ምኽንያት ናብ ሰገነይቲ ብ ምቕያሩ፡ ኣባ ኤልያስ ሰመረ ን ቦታ ኣቦወንበርነት ብ ምርካብ ነዚ ስራሕ ክሳብ መፈጸምታ ከም ዝበጽሕ ገይሮም።


ኣባላት ዓባይ ኮሚተ

| | |
|---|---|
| 1.ኣባ ኤልያስ ሰመረ | 9.ኢንጅ. መድሃኔ እስቲፋኖስ |
| 2.ኣቶ ተኪኤ ገብረኢየሱስ | 10.ኣቶ ክፍለማርያም ዘርኦም |
| 3.ኣቶ ዘርእሰናይ ሓጎስ | 11.ጆሚ. ኣድሓኖም ሃብቱ |
| 4.ኣቶ መሰፍን ይስሓቕ | 12.ኣቶ ታደሰ ወ/ዮሃንስ |
| 5.ወ/ሮ ኣበባ ፍስሓ | 13. ኢንጅ.ወልዱ ተወልደብርሃን |
| 6.ወ/ሮ ምዕራፍ ጴጥሮስ | 14.ዶ/ር እስቲፋኖስ ሃ/ማርያም |
| 7.ወ/ት ዮርዳኖስ ሚካኤል | |
| 8.ኣቶ ግርማኣለም ተኪኤ | |

ኣባላት ንኡሳን ኮሚቴ

ክፍሊ ሕሳብ

1. ኣቶ ዘርእሰናይ ሓጎስ (ከም ኣቦ ወንበር)
2.ዶ/ር እስቲፋኖስ ሃ/ማርያም
3.ወ/ሮ ምዕራፍ ጴጥሮስ



ክፍሊ ቴክኒክ

1.ኢንጅ. መድሃኔ እስቲፋኖስ (ከም ኣቦ ወንበር)
2.ኢንጅ.ወልዱ ተወልደብርሃን
3.ጆሚ. ኣድሓኖም ሃብቱ
4.ኣቶ ተኪኤ ገብረኢየሱስ

ክፍሊ ጎስጓስ

1.ኣቶ ታደሰ ወ/ዮሃንስ (ከም ኣቦ ወንበር)
2.ኣቶ ክፍለማርያም ዘርኦም
3.ኣቶ መሰፍን ይስሓቕ
4.ወ/ሮ ኣበባ ፍስሓ

ኮሚቴ ምሕዳስ ሕንጻ ርእሰ ኣድባራት ቤተ ክርስትያን ኪዳነ ምሕረት፥ነቲ ዝተዋህባ ዕማም ብ ግቡእ ንምስልሳልን ኣብ ገግዚኡ ድማ ገምጋም ንምግባርን ኣብዘን ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ክሳብ ልዕሊ ዕስራ ዝኾኑ ስሩዕ ኣኼባታት ገይራ። እዚ ናይ ምምኽኻርን ምብህሃልን ርክባት ካብ ምጅማር ክሳብ ምዝዛምን ምዕዋትን እቲ ፕሮጀክት ዝነበሮ ኣስተዋጽኦ ኣዝዩ ዝምስገን እዩ ነይሩ፥ እዚ ተርእዮ ድማ ከም ኣብነት ብሙኻን ን ናይ መጻኢ ስርሓት ከገልግል ጽቡቕ ኮይኑ ይስምዓና።

እዛ ኮሚቴ ኣብ ኣኼባታት ካብ ዘልዓለቶም ዛዕባታት ሓደ ብዛዕባ ምርካብ ብቑዕ ኮንትራክተር እዩ ነይሩ። ስለዚ ቅድሚ ኮንትራተር ስርሑ ምጅማሩ፥ እዛ ኮሚቴ እማመታት ብምድላዉ ነዚ ምሕዳስ ሕንጻ ናይ ቤተ ክርስትያን ብዓይኒ ቴክኒካዊ፥ ምምሕዳራዊን ቁጠባዉን ኩርናዓት ብ ምጥማት ሰፊሕ ክትዓት ብምክያድ ከስርሑን ከረዳድኡን ዝኽእሉ ኣገባባት ስራሕ ኣቕሪባ። ኮሚቴ ቅድሚ ስራሕ ምጅማሩ ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ሕንጻ ቤተ ክርስትያን ሓፈሻዊ ገምጋም ከም ዝግበር ተገይሩ፥ ስለዚ ኣብቲኦም ኣድለይቲ ዝኾኑ ነጥብታት ብምዝርዛርን ብምቱኳርን ምስኡ ዝተዳለዉ መወከሲታት ብ ቐደም ተኸተል ቀሪቦም፥ ገለ ካብቶም ነጥብታት ን ምጥቃስ።

1. ሕንጻ ቤተ ክርስትያን ናይ ልዕሊ ሓምሳ ዓመት ዕድመ ከም ዘለዎን ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ድማ ዝኾነ ምሕዳስን ምትዕርራይን ከም ዘይተገረሉ መጠን ኣብ ደሓን ኩነታት እዩ ዝርከብ።
2. ብዛዕባ ህሉዉ ኩነታት ቤተ ክርስትያን ጸብጻብ ቅድሚ ምሃብ፥ ናይቲ ዝተበላሸወን ዝኣረገን ኣካላት ናይቲ ሕንጻ ምግምጋምን ከምኡ ዉን ኣገባባትን መስርሕ ምትዕርራያቶምን ምሕባር። ናይቲ ዝተበላሸወ ኣካላት እቲ ሕንጻ ብ ግቡእ ተራእዩን ተመዝጊቡን ጸብጻብ ክቐርብ።
3. ካብ ሰነዳት ቤተ ክርስትያን ምርኩስ ብምግባር ዉጥን ፕሮጀክት (Plan Project) ናይ ሕንጻ ክቕረብ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኮይኑ ስለ ዝተረኽበ ኣብ ዉጥን ዝተመርኮሰ መጽናዕቲ ክግበር። እዚ መጽናዕቲ ናይ ናሕሲ ዉጥን ( Roof plan)፥ ናይ ቅድመ ምርኢት ዉጥን ( Front elevation plan) ከምኡ ዉን ናይ ምድሪ ቤት ዉጥን (Floor plan) ክቐርብ።
4. ነዚ ስራሕ ን ምብጋስን ምቁጽጻርን ዘድልዩ መለኪዒታት ንምፍላጥ ብዝሓዊ ቅየሳ ምስ ዝርዝራዊ ሓበሬታ (Specification and bill of quantity) ክዳለዉ። ከምኡ ዉን ዝርዝር ናይ ካብ ወጻኢ ዝጥለቡ ዓይነት ናዉቲን ቀረብን ምስ መደብ ሸነን ( Schedule rate) ናይ ጉልበት፥ ማሽነሪ.... ወዘተ ኣቕርቦት ክረጋገጽ።
5. ኣብ መወዳእታ ከኣ ነዚ ስራሕ ዝፍጽም ኮንትራክተር ምምራጽ፥ ንስራሕ ዝኸዉን ቀዋምን ሃላኽን ንብረት ቤተ ክርስትያን ክትቕርብን ቁጽሪ ናይ ሞያ ኮነ ናይ ጉልበትን ሰራሕተኛታት ብጽፉፍ ከም ዝቀርብ ዝገብር ምጽናዕቲ ምጽፉፍ እዮም ።

ኣብ ቁ.3 ተጠቒሱ ን ዘሎ ሰነዳት ኮነ ዉጥናት (Plans) ቤተ ክርስትያን ኣብ ምእካቡን ምርካቡን ብዙሕ ጻዕሪ እዩ ተገይሩ፥ እቲ መቦቀላዊ (Orginal) ዉጥን ኣቐዲሙ ንመጽናዕቲ ምስ ወጸ ዳግም ብዘይምምላሱ፥ ን ንኡስ ኮሚቴ ቴክኒክ ኣብ ተወሳኺ ስራሕ ዘእተወ ፍጻሜ እዩ ነይሩ። ኮሚቴ ቴክኒክ ኣብ ናይ ህንጻ ስራሕ ተዋፊሩ ብስምምዕ ዝሰርሕ ሰብ ከማልኦ ዝግባእ ቅድመ ኩነት ብዝርዝር ኣቕሪባ እያ፥ ገለ ካብኡ ምስ እንርኢ

- ናይ ቤተ ክርስትያን ንድፊ ምቕራብ (Building drawing)
- ኩነታት ሕንጻ ንምፍላጥ ዳህሳስ ምግባር (Assessment of project condition)
- መደብ ስራሕ ምዉጻእ (Time schedule)
- ብዝሓዊ ቅየሳን ዋጋን ምግባር (Specification and bill of quantity)
- ናይ ኤለክትሪክ ንድፊ ምቕራብ (Survey and lay out of electrical work)

ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ፥ እቲ ናይ ኤለክትሪካዊ ንድፊ (Electrical design) ንመጽናዕቲ ብኻልእ ሰብ ምስ ተወሰደ ክሳብ ሕጂ ከይተረኽበ ኣብዚ ናይ ምፍጻምን ምምራቕን እዋን ተበጺሑ ኣሎ።

ኣብ 2016 ድሕሪ ናይ ከባቢ ክልተ ዓመታት ዝወሰደ ገምጋምን ምጽፉፍ መጽናዕትን ን ስራሕ ኩሉ ንነገር ድሉው ኮነ። ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ እቲ መቦቀላዊ ዉጥን ስለ ዘይተረኽበ ናይ ግምት መጽናዕቲ ብምክያድ ዉጥን ከም ዝላዓል (Survey plan) ተገይሩ። ነዚ ዕማም ድማ ንጆሚ. ከሰተ ዘርኣብሩኽ ከም ዝወሃብ ብምግባር ህሉው ኩነታት ሕንጻ ናይ ቤተ ክርስትያን ተሳኢሉ ከም ዝዳሎ ተገይሩ። እዚ ናይ ዉጥን ምልዓል መስርሕ ከኣ ከባቢ ናይ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ግዜ ወሲዱ። ጎኒ ጎኒ እዚ ናይ ዉጥን ምልዓል ዕማም ፡ግምት ን መጸገኒ ቤተ ክርስትያን ( Engineering estimation) ተዳልዩ። ኣብቲ ዝተገብረ ግምት፥ ምጽጋን ቤተ ክርስትያን 2.2 ሚልዮን ናቕፋ ክዉድእ ከም ዝኾነ እዩ ተገምጊሙ። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝገለጽናዮ ነዚ ዕማም ዝሰርሕ ኮንትራክተር ክቐርብ ስለ ዝነበሮ፥ ነቲ ነዚ ጽገና ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ክከታተሎ ዝጸንሐን ምስ ቤተ ክርስትያን ብ ምትሕብባር ድማ ዝተፈላለየ ንብረታት ን ቤተ ክርስትያን ወኪሉ ካብ ወጻኢ ክዕድግ ዝጸንሐ ናይ ትካል Gecom ሓላፊ ጆሚ. ቤኒቶ ፊኬራ ከም ኮንትራክተር ብሙኻን ነዚ መደብ ስራሕ ክሕዞ ቤተ ክርስትያንን ኮሚቴ ምሕዳስ ሕንጻ ርእሰ ኣድባራት ቤተ ክርስትያንን ኣብ ስምምዕ በጽሑ። ስለዚ ነዚ ስራሕ ዝመርሑ መሃንድሳት ኣድለይቲ ስለ ዝነበሩ፥ ጆሚ ሳልቫቶረ ኣንጀሎ ከም ፕሮጀክት መሃንድስ፥ ጆሚ ከሰተ ዘርኣብሩኽ ከኣ ከም ተቆጻጻሪ (supervisor) ኮይኖም ክሰርሑ ተመዘዙ።

ኮንትራክተር ነዚ መደብ ስራሕ ን ምፍጻም ማለት ንወፈያ ናይ ኢድ ስራሕ 3.5 ሚልዮን ናቕፋ ሓቲቱ። እዚ ናይ ኮንትራክተር ጠለብ ናብ ኮሚቴ ቴክኒክ ምስ ቀረበ እቲ ዝተጠለበ ዋጋ ክቡር ኮይኑ ስለ ዝተረኽበ ክጎድል ከም ዘለዎ ተሓቢሩ። ድሕሪ ክልተ ወርሒ፥ ኮንትራክተር ነቲ ኣቐዲሙ ዝቐረቦ መጠን ዋጋ ናብ 3.2 ሚልዮን ናቕፋ ኣውረዶ። እዚ መጠን ገንዘብ

ናይ ኢድ ዋጋ ጥራይ ምኳኑን እቲ ቀዋምን ሃለኽትን ኣቑሑት ቤተ ክርስትያን ባዕላ ጠሊባ ተምጽኦ  ምኳና ኣብ ግምት ብምእታዉ  ሕጂ ዉን ዳግም ክመዓራረ ተሓተተ። ሕጂ ዉን ኮንትራክተር ን ሳልሳይ ግዜ ናይ ዋጋ ለዉጢ ብ ምግባር ናብ 2.8 ሚልዮን ናቕፋ ጎደለ። ቤተ ክርስትያን ግን ነዚ ዕማም ኣብቲ ኣቐዲማ ዝገበረቶ ግመታ ብ ምምርኳስ ብ 2.2 ሚልዮን ናቕፋ ክስራሕ ኣመመት። ኮንትራክተር በዚ መጠን ገንዘብ ክሰማማዕ ስለ ዘይከኣለ ቤተ ክርስትያን ባዕላ ነቲ ስራሕ ክተካይዶ ተወሰነ። በዚ ድማ ስራሕ ምሕዳስ ሕንጻ ርእሰ ኣድባራት ቤተ ክርስትያን ኪዳነ ምሕረት ን ክጅመር ኣብ መስከረም 2018 ኣብ ዉሳነ ተበጽሐ።

ቤተ ክርስትያን ነቲ ሕንጻ ዘድሊ ቀዋምን ሃላኽን ንብረት ብምድላዉ ን ክልተ መሃንድሳት ( ሓደ ፕሮጀክት መሃንድስ ካልኣይ ድማ ተቆጻጻሪ) ብምምዳብ፡ ኣስታት ሰላሳ ናይ ሞያን ጉልበትን ሰራሓተኛታት ኣብቲ ዕዮ ንክሳተፉ ድልዋት ኮኑ። ብተወሳኺ ነቲ ኣቐዲሙ ኩንትራት ክወስድ ዝተባህለ ጆሚ. በኒቶ ፊከራ ከም Super Intendant ኮይኑ ስራሕ ክተሓባብር ኣብ ስምምዕ ተበጽሐ።

እቲ ስራሕ ክጅመር እንከሎ ኪፊላዊ ናይ ጽገና ስራሕ እዩ ነይሩ፡ እቲ ዝተወሰደ ገምጋም ዉን ሓሓሊፉ ናይ ዝተቐልጠ ክፋል እቲ መንደቕ  ንምልሳን ( ተነኮ ንምህራም ) እዩ ነይሩ። እዚ ማለት ድማ 10%  ካብቲ ሓፈሻዊ ስራሕ እዩ ዘጠቓልል። እንተኾነ ግን ነቲ  እቲ ኣሪጉን ተቐሊጡን ዝነበረ መናድቕ ከም ብ ሓድሽ ተቐሊጡ ከም ዝሕጸብ ምስ ተገብረ ካልእ ኣብ ግምት ዘይኣተወ ቴክኒካዊ ጸገም ኣጋጢሙ። ኣብ ዙርያ እቲ ዝተሓደሰ መናድቕ ዘሎ ኣከባቢ ክንፋሕን ክረግፍን ክቕለጥን ብ ምጅማሩ እቲ መስርሕ ዕንቅፋት ኣጋጠሞ። ሕጂ ዉን ኮሚቴ ብ ምእካብ ምሉእ መንደቕ ናይ ቤተ ክርስትያን ከም እንደገና ተቐሊጡ  ተሓጺቡ  ተለሲኑ ዳግም ቀለም ክልከ ወሰነት። ስለዚ እቲ ን10% ጥራይ ዝተሓሰበ ምሕዳስ ምሉእ ብ ምሉእ ማለት 100% ክኸዉን ከኣለ። ኣብዚ ግን  ክዝንጋዕ ዘይብሉ ምስ ምኽታም ስምምዕ ሰላም ኢትዮ- ኤርትራ ስሚንቶ ካብቲ ዝጸንሖ ብ ኣዝዩ ዝሓሰረ ዋጋ ኣብ ዕዳጋ ስለ ዝተረኽበ፡ በቲ ን10% ምሕዳስ ቤተ ክርስትያን ዝተሓሰበ ወጻኢታት እቲ ዝተረፈ 90% ዉን ተሸፊኑ። እቲ መደብ ስራሕ ድማ በቲ ኣቐዲሙ ብ ኮንትራክተር ( ሱፐር ኢንተንደንት)ቀሪቡ ዝነበረ ናይ ግዜ መቓን ማለት ኣብ 16 ኣዋርሕ ልክዕ ኣብ ምዝዛም  በጺሑ ይርከብ።

ከም መደምደምታ ኣብዚ ን ዓመታት ዝቐጸለ መስርሕ ምሕዳስን ምጽጋንን  ሕንጻ ርእሰ ኣድባራት ቤተ ክርስትያን ኪዳነ ምሕረት ከም ናይ ልሰና ( ተነኮ) ቀለም ምልካይ፡ ዚንጎን ዝተሰብሩ መስትያት መሳኹቲ ምቕያር፡ ብዓቢኡ ድማ ንሓምሳ ዓመታት ዘገልገሉ 5 ደወላት ነቲ ዝኣረገ ብ ምርጋፍ ብ ሓድሽ ምትካእን ምስቃልን፡ ብዘይ ሰዓት ዝጸንሑ ኣርባዕቲኦም መኣዝናት እንዳ ደወል ቤተ ክርስትያን ሓደሽቲ ሰዓታት ከም ዝግጠመሉ ተገይሩ። እዚ ሕጂ ንርእዮ ዘሎና ዝተሓደሰ ሕንጻ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ናብዚ ደረጃ ክበጽሕ ዝሓለፎ ብዙሕ ብድሆታት ኔሩ እዩ፡ ገለ ካብኡ ምስ እንዝርዝር ዋሕዲ ቀረብ መሰረታዉያን ሃለኽቲ ነገራት ከም በዓል ሑጻ ኣብ ቅድሚት ይስርዕ። እዚ ክንብል ግን ኣብ ምዕዋት እዚ መደብ ስራሕ ልዑል ኣላይነትን ንምትሕብባር  ሊቀ ጳጳስ ኣቡን መንግስትኣብ ተስፋማርያም፡ ቁምስናታት ሰበኻ ኣስመራ፡ ዉፉያት ዉልቀ ሰባትን ግዱስ ህዝብን ብሓፈሻ፡ ከምኡ ዉን ኮሚቴ ምሕዳስ ሕንጻ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ምስ ኩሎም ናይ ሕንጻ ሰራሕተኛታት ኣዝዩ ዕዙዝ ኣበርክቶ ስለ ዝገበሩን ብዘይ ምሓላል ስለ ዝጸዓሩን እዩ። ክርሳዕ ዘይግብኦ ዉን ኣዴታት እዚ ከባቢ ኮነ ናይ ካልእ ሰበኻ ከይተረፉ ንሰራሕተኛታት ንምትብባዕ ክገብርኦ ዝጸንሓ ናይ ሻህን ቁርስን ኣበርክቶ ከይተጠቕሰ ክሕለፍ ኣይግባእን።

ስለዚ ኣብ መደምደምታ እዚ ኩሉ ስራሕን ዕማምን ኣብዚ ንምብጻሕ ዝተሓባበሩ ኩሎም ኣካላት ፡ ማሕበራት፡ ዉልቀ ሰባት ጻማኦም ካብ እግዚእብሔርን ካብ ቅድስቲ ኣዴና ኪዳነ ምሕረት ክወሃቦም ምስ ምስጋና ንምነየሎም።

<u>ጸብጻብ ሕሳብ</u>

| | |
|---|---|
| ጠቓላላ እታዊታት (ወፈያ ካብ ህዝብን ማሕበራትን) | 3,348,012.00 |
| ወጻኢታት ዶሞዝን እስትሕጋግን | 2,628,430.30 |
| ወጻኢታት ዕድግን ክራይ ንብረትን | 1,228,532.68 |
| ጠቓላላ ወጻኢታት | 3,856,963.02 |
| ተራፊ (ተወራራዲ) ሕሳብ | -508,951.02 |

ካብቲ ጠቓላላ ካብ ህዝብን ማሕበራትን ዝተረኽበ ኣታዊ፡ እቲ ወጻኢታ ዛይዱ ኣሎ፡ ስለዚ ነዚ ናይ 508,951.02 ናቕፋ ወጻኢታት ቤተ ክርስትያን ካብ ሕሳባ ከም ዝኸፈል ገይራ ኣላ።

እዮቤል ቴድሮስ

# 50 ዓመት

## ወርቃዊ ኢዮቤል

በሓ በልዋ፥ተሳለምዋ ዕግትዋ ለጽዮን ወሕቀፍዋ
ደዩ ልበክሙ ውስተ ኃይላ፣ እንተ ተሓንጸት በስሙ
ወተቀደሰት በደሙ፣ ወተዐትበት በዕፀ መስቀሉ፣
ጊሡ ኃቤሃ እስመ ኃይለ እግዚኣብሔር ላዕሌሃ።

(ዚቅ፡ ዘሕንጼሃ ለቤተክርስትያን)